
“ሆስፒታል መካነ ሕይወት ንጎሮሮኣ ትመስክር”



ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ

ብኣባ ጠዓመ ገብረዮሓንስ

ወ ፈ ያ

እዛ ቦኾሪ መጽሓፈይ፣

ነቶም አብ ጊዜ መግዛእቲ ወላ ሓንቲ ኣበሳ
ዘይነበሮም፣

ብዘስካሕክሕ አገባብ ዝተገፍዑን ዝሃለቑን

ንጹሓት ኤርትራውያን

ኣወፍያ ኣሎኹ።

ኣባ ጠዓመ ገብረዮሓንስ

❁❁❁

መሰል ደራሲ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ትሕዝቶ እዛ መጽሓፍ ብኽፊል ይኹን ብምሉእ፣ ብዘይ ፍቓድ ደራሲ ብዝኾነ መልክዕ ማለት ብኤሌክትሮ ኒካዊ፣ መካኒካውን ካልእን ቀዲሕካ ወይ አራቢሕካ ምጥቃም ኣይፍቀድን።

All rights reserved.

This book may not be reproduced in whole or in part, by mimeograph or any other means, without prior permission of the writer.

ኪሕተም ይከኣል
አባ ተወልደ በየነ
ሓለቓ ማሕበር ካፑቺን ኣብ ኤርትራ
ኣስመራ 2 የካቲት 2005።

ቤት ማሕተም ፍራንቸስካና፣ ኣስመራ፣ 2005

መ ው ጽ ኢ ገ ጽ

ገጽ

7 **መቕድም**

17 **ምዕ.1 - ቃልሲ ኣንጻር ዕብለላ ባዕዳዊ ቕንቕ**

31 **ምዕ.2 - ህልቂት በስክዲራ**

61 **ምዕ.3 - ኣኼባ ኣብ ኣዳርሽ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ**

71 **ምዕ.4 - ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐማ 3 ሽማግለ ዕርቂ**

89 **ምዕ.5 - ህልቂት ኣብ ከተማ ኣስመራ**

101 **ምዕ.6 - ህልቂት ወኪድባ**

117 **ምዕ.7 - ኣኼባ ኣብ ኣዳራሽ ቤተ መንግስቲ**

127 **ምዕ.8 - ሕይወት ቤት ማእሰርቲ ኣራተኛ ፖሊስ ጣብያ፣ ኣዲስ ኣበባ**

መቕድም

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ብዘይ ዕረፍቲ ንዘሎን ንዚመጽእን ወለዶ ዚጠቅም ቅርሲ ስነ ጽሑፍ ኽኬውርሱ ዝጓየዩ ዝነበሩ ህርኩት ፍራንቸስካዊ ፈላሲ ምንባሮም ጽሑፋቶም ምስክር ኢዩ። ኣድህቦኦም ብዝያዳ ኣብ መጽና ዕቲ ቋንቒ ትግርኛ ዘተኮረ ኢዩ ዝነበረ። ታሪኽ ከም ዚሕብረና ኤርትራ ብፈደረሽን ኣብ ትመሓደረሉ ዝነበረት ጊዜ፣ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብቋንቒ ትግርኛ ኢዩ ዚካየድ ዝነበረ። እንተኾነ ሕዝቢ ኤርትራ፣ ብሓያላት መንግስታት መሰሉ ምስ ተገፈ፣ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ተቒሪኑ ኽኪነብር ተፈርደ። ብድሕሪ እዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ከም ዕላማ ገይሩ ዝሓዞ ነገር እንተነይሩ፣ ንሕዝቢ ኤርትራ ገዛእ ቋንቒኡን ባህሉን ገዲፉ፣ ብቋንቒ ኣምሓርኛ ጥራይ ከም ዝዕብለል ምግባር ኢዩ ነይሩ።

ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፣ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ብቀዳምነት እዚ ዚስዕብ ስጉምቲ ወሰደ፤ ብ1958፣ ባንዴራ ኤርትራ ብወግዒ ከም ትወርድ ገይሩ። ባህልን ቋንቒን ሕዝቢ ኤርትራ ንምጥፋእ ከኣ ነቲ ብቋንቒ ትግርኛ ዚካየድ ዝነበረ፣ ስርዓት ትምህ ርቲ ኤርትራ፣ ብቋንቒ ኣምሓርኛ ከም ዚትካእ ገበረ። ብድሕሪ'ዚ፣ ብዙሓት ግዱሳት ኤርትራውያን፣ ባህልን ቋንቒን ሕዝቢ ኤርትራ፣ ኽኸይብለልን ከይጠ ፍእን ብማለት፣ ብዙሕ ሜላታት እናተጠቐሙ ንምድሓኑ፣ ብርቱዕ ጻዕሪ ገይሮም እዮም። ሓደ ካብቶም ብዛዕባ እዙ ጉዳይ

ዘተሓሳሰቦም ከኣ፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ እዮም ነይሮም።

እንተኾነ እቲ ኮሉ ዝነበሮም ሃብቲ ስነ ጽሑፍ፣ ኣብ ማሕተም ከየብጽሕዎ ኢዩ ዕንቅፋት ኣጋጢሙ ዎም። ምክንያቱ ከኣ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ነቲ ብሓደ መስከረም 1961 ዓ.ም ዝተፈለመ ቃልሲ ሕዝቢ ኤር ትራ ንምቕጻይ፣ ኣብ ውሽጢ 30 ዓ መታት ቃልሲ፣ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኤርትራ ገደብ ዘይብሉ ህልቂት ከም ዝፈጸመ፣ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ።

ብፍላይ ከኣ ብ1970 ኣብ ምዕራባዊ ወገን ኤርትራ፣ ኣብ ያናን በስክዲራን ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ፣ ንክትገልጾ ዜስካሕክሕ ህልቂት ምስ ተፈጸመ፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ምስ ገለ ዓበይቲ ዓ ዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ምኽትል እንደራሴ ዝነበረ፣ ኣቶ ተስፋዮሓንስ በርሀ፣ ከይዶም ጥርዓኖም ኣቕሪቦም ነይሮም።

ካልእ ብወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ካብ 31/12/1974 ክሳብ 2/1/1975 ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኣስመራን ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝርከባ ዓድታ ትን፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ወኪድባ ጃምላዊ ህልቂት ምስ ተፈጸመ፣ ሕዝቢ በቲ ዘስካሕክሕ ህልቂት ተሰናቢዱ፣ ኣስመራ ገዲፉ ናብ ገጠራት ኤርትራ ክውሕዝ ጀሚሩ። እንተኾነ ብብዝሒ ንገጠር ምውጻእ ንወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፣ ዓቢ ሻቕሎት ስለዘሕደረሉ፣ - ነራል

ጌታቸው ናደው ነዚ ንምዕጋት፣ ቀልጢፉ ምስታ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ብ1975 ዝቐመት ናይ ዕርቂ ሽማግለ፣ ንኪዝቲ ተገደደ።

ጀነራል ጌታቸው ናደው ኣብቲ ካብ 7/1/1975 ክሳብ 8/1/1975፣ ምስታ ሽማግለ ዕርቂ ዝገበሮ ኣኼባ፣ ብኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ ብደጃችማት ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም፣ ብኮሎኔል ገብረመድህን ኣስፈል፣ ዝቐረበ ርእይቶ ደስ ስለዘየበሎ፣ ንሰለስትኣም ካብ 15/3/1975 ክሳብ 1981፣ ንሽዱሽተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣራተኛ ፖሊስ ጣቢያ ኣዲስ ኣበባ ከም ዝዳጎኑ ገበረ። ብሰንኪ እዚ ከኣ፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ነቲ ንብዙሕ ዓመታት ዝኸበረ ረሃጽ ናይ ሓንሳሎም ዘፍሰሰሉ ጽሕፋቶም ከየሕተምዎ እዮም ዕ ንቐፋት ኣጋጢምዎም።

ዓበይቲ ኣቦታት ክምስሉ ከለዉ፣ “መንኮሰ እንተ ዘይጸደቐኩ፣ ወሊደ እንተ ዘይለኣኽኩ፣ ትርጉም ምንባረይ፣ ኣብዚ ዓለም ኮንቱ ኢዩ ነይሩ” ይብሉ። ሎሚ ኣብ መንግስተ ሰማይ ኮይኖም፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ምስላ እናደገሙ ከየስተማስሉ ብማለት፣ ማሕበሮም፣ በቶም ኣባ ኣጎስጢኖስ ብልዑል መንፈሳ ውነት ኮስኮሶም ዘዕበይዎም ደቆም ገይራ፣ ከምቲ ድልየቶምን ሃረርታኦምን ዝነበረ፣ ዝቐደመ ኣሕቲማ ናብ ኣንባቢ ኣቕሪባቶ ኣላ፣ ነቲ ገና ዘይተሓትመ ከኣ ኣሕቲማ ናብ ሕዝቢ ከተቕርቦ ትጽ ዕር ኣላ።

ኣነ ካብቶም ብኣካል መንፈሳውነት ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ከስተማቕሩ ዕድል ዝረኸቡ ኣይኮንኩን። እንተኾነ ወላኺ ብቐረባ ክፈልጦምን መንፈሳውነቶም ከስተ ማቕርን ዕድል እንተ ዘይረኸብኩ፣ ንገለ ኣሕዋት ደቂ ማሕበር ብምሕታትን ገለ ጽሑፋቶም ብምንባብን ቅሩብ በቲ ሃልሃልታ መንፈሳውነቶም ክጽሎን ብመ ጠኑ ከኣ መንፈሳውነቶም ከስተማቕርን ዝኽኣልኩ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ብድሕሪዚ ኢየ ከኣ ታሪኽ ሕይወቶም ክጽሕፍ ዝተበገስኩ። እንተኾነ ግን ከምቲ ኣልቃሳይ፣ ማሰዐ፣ ጸሓፋይ፣ ደራሳይ፣ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሩ፣ ኑቲ ከሕልፎ ዝደለየ መልእኽቲ፣ ብዝግባእ ከመሓላልፎ ወይ ከንጸባርቆ ክእለቱ ክመዝን ግድን ስለዝኾነ፤ ኣነ'ውን፣ ንታሪኽ ሕይወት ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ክጽሕፍ ዝብል ሓሳባት ምስ ኣንቀልኩ፣ ንነዊሕ ጊዜ ብሓቂዶ! ንሕይወት ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ብዝግባእ ከንጸባርቕ ዜኽእል ዓቕሚ ኣሎኒ ኢዩ፣ ዝብል ሕቶ ንርእሰይ ክሓትት ጀሚረ። ኣብ መጨረሽታ፣ ወላኺ ዓቕመይ ድሩት እንተኾነ፣ ሓገዝ ኣሕዋት ከም ዘይፍለየኒ ስለዝኣመንኩ፣ በቲ ንኡስ ዓቕመይ ኪጅምር ወሲነ።

ብድሕሪዚ ብብዙሕ መንገዲ ፈቲነ። ገለ ካብቲ ዘበገስኩዎ ስራሕ ክጥቀስ ዝከኣል፤ ብ19/7/1998 ኣብ ኣደራሽ ካተድራል፣ ብመልክዕ ድራማ ብሓገዝ ኣባ ፕሮታዝዮ ደልፊኒ ናብ ሕዝቢ ኣቕሪበያ። ብዙሓት ብቐረባ ነባ ኣጎስጢኖስ ዝፈልጡ ኣሕዋት

ከኣ ነታ ድራማ ምስ ተዓዘብዋ፡ “ነቲ ናይ ቐልዕነት ዕድሚኡም ኣብ ትውልዲ ዓዶም፡ እቲ ኻኺዛረቡ ዝገደዶም ህልቂት ሰላማዊ ሕዝቢ ከኣ፡ ኣብተን ህልቂት ዝተፈጸመለን ዓድታት ከድካ፡ ብቪድዮ ካሴት እንተዝ ቐረጽ ጽቡቐ ነይሩ”፡ ዝብል ርኢቶ ሂቦሙኒ። ነዚ ርኢቶ እዚ ነባ ፕሮታዝዮ ደልፊኒ ምስ ኣካፈልክዎም፡ “ንሸኻ ጥራይ ጽቡቐ ጌርካ ቀርባ እምበር፡ ዓቐመይ ክሳብ ዘፍቅደለይ ክሕግዘካ ኢየ” ስለዝበሉኒ፡ በዚ ተተብባቢዐ ጀሚረዮ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብመጠኑ ንታሪኽ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ እተንጸባርቐ፡ ብመልክዕ ሰነድ (ደኩመንት)፡ ብቪድዮ ካሴት ከም ዝስነድ ተገይሩ።

ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ ከም ብሓድሽ ብሓገዝ ኣባ ፕሮታዝዮ ደልፊኒ፡ ብመልክዕ ፊልም ተቐሪባ፡ ብ27/12/2000 ከኣ፡ ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽ ኣብ ዝተረክብሉ፡ ኣብ ኣደራሽ ካተድራል ተመሪቓ። ኣብቲ መዓልቲ ምምራቕ ዝተሳተፉ ኣሕዋት፡ ምኩራት ጋዜጠናታትን ስነ-ጥበባውያን ከኣ ነዚ ዝስዕ ብ ርኢቶ ሂቦሙኒ።

“ኣብ ጊዜ ንጉስ ሃይለስላሴ፡ ብ1970 ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ያናን በስክዲራን ዘስካሕክሕ ህልቂት ምስ ፈጸሙ፡ ብዙሓት ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ናብ ቤት ጽሕፈት ተስፋዮሓንስ በርሀ፡ ምክትል እንደራሴ ዝነበሩ ከይዶም ጥርዓኖም ኣቕሪቦም ነይሮም። እዚ ግን ኣብታ ፊልም ብፍጹም የለን። ካልእ ብ1975 ካብ 31/12/ 1974 ክሳብ 2/1/1975 ኣብ ኣስመራን ኣብ

ከባቢ ኣስመራ ዝርከባ ዓድታት ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ወላ ሓንቲ ኣበሳ ንዘይነበሮ ሰላማዊ ሕዝቢ ኪቕትሉ ምስ ጀመሩ፣ ልዕሊ ሰለስተ ሺሕ ዝኸውን ሕዝቢ፣ ኣብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ገጅረት ተዓቕኑ ነይሩ፣ እዚ'ውን ኣብታ ፊልም ኣይተንጸባረቐን። እዚ ኮሉ ከኣ ነቲ ታሪኽ ጎደሎ ይገብሮ። ብሓፈሽኡ ክትርእያ ከሎኻ ግን፣ እታ ፊልም እትድነቕን ንተዓዘብቲ እትምስጥን እተንብዕን ፊልም ኢያ ክብሃል ይክኣል"።

ብወገን ጋዜጠኛታት፣ ደረስቲ፣ ተዋሳእቲ፣ ሰኣልቲ ዝተዋህበ ጽማቐ ርእቶ ከኣ፣ "እታ ፊልም ብብዙሕ መለክዕታት ምስቲ ሒዛቶ ዘላ ዓሚቕ ታሪኽ ክትዕዘባ ከሎኻ፣ ብዙሕ ጉድልነት ዘለዋ ትመስል፣ ስለዚ ጊዜ ወሲድካ ብጽፉፍ ካልኣይ ጊዜ እንተትስራሕ ምሓሸ" ዝብል ኢዩ ነይሩ። ዝተዋህበኒ ርኢቶ ብሕጉስ መንፈስ ተቐቢለ ከኣ፣ ከም ብሓድሽ ጽሒፉ ምስ ወዳእኩዋ ንክቡር ኣባ ተወልደ በየነ፣ ሓለቃ ማሕበር ካፑቺኒ ኣብ ኤርትራ፣ ብዕለት 26/11/2003 ኽልኣይ ጊዜ ብመልክዕ ፊልም፣ ንክትስራሕ ክሕግዙኒ ሓቲተዮም። ንሶም ብወገኖም ነዚ ዚስዕብ መልሲ ሂቦሙኒ፣ "ናብ ፊልም ቅድሚ ምሕላፍ፣ እቲ ታሪኽ ብመልክዕ መጽሓፍ ተሓቲሙ ይዘርጋሕ። ኮሉ ጊዜ'ኳ እንተዘ ይኮነ፣ መብዛሕትኡ ጊዜ፣ ፊልምታት ከም መጽሓፍ ምስተፈልጠ እዩ ፊልም ዚኸውን..." ዝብል ነበረ።

እቲ ዝሃቡኒ ርኢቶ ብዝያዳ፣ ነቲ ታሪኽ ዘዕ ሙቕ ኮይኑ ስለዝረኸብክዎ ከኣ፣ ነቲ ስራሕ

ጀሚረዮ። ብሓይሊ እግዚኣብሔር ከኣ እነሆ ብመልክዕ መጽሓፍ ተቐሪባ ኣብ ኢድ ኣንባቢ በጺሓ።

ምናልባት ነዚ ኣብ ጊዜ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ኮነ ኣብ ጊዜ ስርዓት ደርጊ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕን ህልቂትን ምጽሓፉ፣ ብዓይኒ ታሪኽ ከይጠመቱ፣ ምስ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ቂምን ጽልእን ወይ ክሓዊ ዝጀመረ በሰላ ዳግማይ ከም ምጉዳእ ገይሮም ዚወስድዎ ኣይሰኣኑን ይኾኑ፣ እንተኾነ ታሪኽ ኣብ ትጽሕፈሉ ወይ እትስንደሉ እዋን ጸጽብቐ ወይ ንሻኻ ደስ ዘብል ጥራይ ክትጽሕፍ ዘፍቅድ ዓውድ ፍልጠት ኣይኮነን።

ደራሲ ኣለምሰገድ ተስፋይ፣ ኣብታ “ኣይንፈላለ” ዘርእስታ መጽሓፉ፣ ከምዚ ዝስዕብ ኣስፍሩ ኣሎ፣ “ታሪኽ ጽቡቕን ሕማቕን ተባሂሉ ብንጹር ሕንጻጻት ክፍለ ዝክኣል ኣይኮነን። ወይ ድማ፣ ነቲ ጸጽቡቕ ዓቂ ብካ ነቲ ዝተረፈ ክትሓብኣሉ እትክእል ዓውዲ ኣይኮነን። ድምር ናይ ኵሉ ነገራት ስለ ዝኾነ፣ ሓደ ናይ ታሪኽ ተመራማራይ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝቐረበ ጭብጥታት፣ ወገን ከየፈለየ ብስምዒት ጥራይ ከይተመርሐ፣ ከከም ኣመጻጽኣኡ ክርእዮ ግቡእ ኢዩ”[1] ይብል። እዚ ከኣ ከምቲ ሓደ ሰብ፣ መልክዑ ደጋጊሙ ኣብ መስትያት እናረኣየ እንታይነቱ ዝፈልጥ፣ ከምኡ ከኣ ሓደ ሕዝቢ፣ መንነቱ ክፈልጥ

[1] . ኣለምሰገድ ተስፋይ፣ ኣይንፈላለ፣ ኣስመራ 2001፣ ኣብ መቕድም ገጽ 3።

ምስ ዝደሊ፣ ክፍል መስትያቱ፣ ሕሉፍ ታሪኹ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ታሪክ፣ ናይ ዝመጽእ ወለዶ መምህር ኢዩ ክበሃል ይከአል።

ኣብ መጨረሽታ ዝኾነ ዝሰራሕካዮ ብኾሉ ወገኑ ጉድልነት ዘይብሉ ምሉእ ኪኾነሉ ዘይምነ ሰብ የለን። እንተኾነ ወላ ደኣ ሺሕ ጊዜ ተመነዮ እምበር፣ ይዕበ ይንአስ ጉድልነት ዘይብሉ ኪኸውን ኣጸጋሚ ኢዩ። ኣብዛ ብንኡስ ዓቕመይ ዝቐረብኩዋ፣ ናይ ሸኾሪ መጽሓፈይ'ውን ንዓይ ዘይተራእየኒ ብዙሕ ጉድለት ክህልዋ ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ኣብ ቀጻሊ ምእንቲ ክእርሞ ኮሉ ንዜጋጠመኩም ጉድለት ኮነ ጌጋ፣ ብዓይኒ ንሕስያ እናረኣኹም ከተንብቡዎን ዘለኩም ርእይቶ ከተመልክቱለይን ብትሕትና እሓትት።

ኣባ ጠዓመ ገብረዮሓንስ

ምስጋና

ብዛዕባ ብጊዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኤርትራ፣ ብፍላይ ከኣ ብ1970 ኣብ በስክዲራ፣ ብ1975 ኣብ ወኪ ድባን ኣስመራን፣ ዝተፈ ጸመ ህልቂት፣ ከምኡ እውን ስራሕ ናይታ ብ1975 ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐመት ናይ ዕርቂ ሽማግለ፣ ኮነታት ቤት ማእሰርቲ “ኣራቲኛ ፖሊስ ጣቢያ ኣዲስ ኣበባ”፣ ካልእን ጊዝኣም ከይቆጠቡ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩለይ፣ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድን፣ ኣባ ወልደኢየሱስ እማን፣ ነፍስሔር ኣባ ገብረመስቀል ወ/ገርጊስ፣ ኮ/ል ዘ/ማርያም ተስፋይ፣ ኣቶ ደበሱ ኣበበ፣ ኣቶ ቢሆን ተኽሉ፣ ወይዘሮ ሃይማኖት ጎይትኣም፣ ወይዘሮ ዘውዲ ስብሓቱ ብልቢ ኣመስግኖም።

ኣብ ምእራም ዝሓገዙኒ፣ ኣባ ተስፋልደት ኣባይ፣ ኣባ ዓንደሚካኤል ተኽሉ፣ ኣባ ኣማንኤል ምስጉን፣ ኣባ ዘርኣያዕቆብ ዑ/ሚካኤል፣ ወዘሮ ሃይማኖት ሃይሉ (ኣባል ፕሮግራም ቐንቐ ኣምሓርኛን ትግርኛን ኣብ ረድዮ ቫቲካን)፣ መም. ጸጋይ ፍራይ፣ ደራሲ ቢንያም ዮሴፍ፣ ጋዘጤኛ ርእሶም ገ/ሕይወት ብልቢ ኣመስ ግኖም። ከምኡ እውን ኣብ ጉዕዞ ስነ ጽሑፍ ንዘተባ ብዑኒ ኣባ ሚካኤል ጴጥሮስ ምስጋና ይብጽሓዮም።

ፍሉይ ምስጋና÷ ነዚ ፍሉይን ሃብታምን ታሪኽ ንምጽሓፍ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ኣብ ጎድነይ ኮይኖም ተስፋ ንከይቆርጽ ብምኽሪ ኮነ

ብገንዘብ ዝሓገዙንን ዘበራትዑንን ኣባ ፕሮታዝዮ ደልፊኒ ፍሉይ ምስጋና ኣቕርበሎም።

ከምኡ እውን ኣብ ስነ ጽሑፍ ንክምዕብል ብዚብል ኣተና፣ ካብ እናታዊ ፍቕሪ ተበግሳ ከም ልበይ ንክሰርሕ ብኹሉ መዳይ ንዝሓገዘትንን ዘበራትዓትንን ኣደይ ንግስቲና ተኽለማርያም ፍሉይ ምስጋና ኣቕርበላ።

ከም ሓው ንዘተባብዑንን ንመሕተሚኣ ገንዘብ ንዝሓገዙን ኣባ ማሪኖ ሃይለ ብልቢ የመስግኖም።

ኣባ ጠዓመ ገብረዮሓንስ

1/8/2005 ሰንዓፈ - ኤርትራ

ቀዳማይ ምዕራፍ

ቃልሲ ኣንጻር ዕብለላ ባዕዳዊ ቛንቛ

ኣብ ምሉእ ዓለም ዚርከብ ሕዝቢ ነናቱ ናይ መንነቱ መለለይ ባህሊ ኣለዎ። ሕዝቢ ኤርትራ'ውን ናቱ መለለይን መንነቱ ዝገልጸሉ ባህልን ኣለዎ። ኣብ ባህሊ ሕዝቢ ኤርትራ ሓደ ሰብ ኣነ እዙይ ገበርኩ፣ ኣነ እዙይ ሰራሕኩ፣ እናበልካ ምጅሃር ልሙድ ኣይኮነን። ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ'ውን ሓደ ካብቶም ብዙሕ መጽናዕቲ ዝገበሩ፣ ዝተፈላለየ መጻሕፍቲ ብቋንቋ ትግርኛ ዚደረሱ እዮም ነይሮም። እንተኾነ ወላኳ ብዙሕ ዝጸሓፉን፣

ንብዙሓት ኣፍቀርቲ ስነ ጽሑፍ ዝሓገዙን እንተኾኑ፣ ዝኾነ ምስጋና ወይ ናእዳ ዘይጽበዩ ትሑት ፈራንችስካዊ ፈላሲ እዮም ነይሮም።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ኣብ ሔቦ ጽንዓደግለ፣ ካብቶም ብቅዱስ አቡነ ያዕቆብ ዩስጢኖስ ካቶሊካዊ እምነት ዝተቐበሉ እንዳ ከንቲባ ፎቶ እዮም ተወሊዶም። ገለ ዓበይቲ ዓዲ ከም ዘዘንትውዎ እንተኾይኑ፣ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ዩስጢኖስ መጀመርያ ናብ ሔቦ ምስ መጽኡ፣ ኣብ ገዛ ከንቲባ ፎቶ ወዲ ሹም ተስፋዝጊ እዮም ኣዕርፎም። ከንቲባ ፎቶ ከኣ ነባ ኣጎስጢኖስ አባሓጉኦም እዮም። በዚ መሰረት ከኣ ከንቲባ ፎቶ ንዓንዱ ወለዱ፣ ዓንዱ ንተድላ ወለዱ፣ ተድላ ከኣ ነባ ኣጎስጢኖስ ወልዱ።

ስለዚ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ካብ ኣብኦም ኣቶ ዓንዱ ከንቲባ ፎቶ ኣደኦም ወይዘሮ ወለተኢየሱስ ገብረመድህን ብ26 ሓምለ 1921 ኣብ ሔቦ ተወሊዶም። ብንእስነቶም ብክርስትያናዊ መዕበያ እናተኮ ስኮሱ ከለዉ፣ ኣብ 10ይ ዓመት ዕድሜኦም ክብርቲ ወላዲቶም፣ ብሞት ካብዚ ዓለም እዚ ብምፍላየን ግን ፍቕሪ ወላዲቶም ምሉእ ብምሉእ ኻኽስተማቕሩ፣ ዕድል ኣይረኸቡን።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ኣድኦም ምስ ሞተት ምስ ኣሞኦም ወይዘሮ ሓጎሳ ተድላ፣ በዓልቲ ቤቶም

ንኣቶ ግርሙ ሰቐር፣ ኣብ ድግሳ መባእታ ትምህርቶም ወድኡም።[2]

ብድሕሪ እዚ ኣብ ኣእምሮኦም ሓደ ሓሳብ ኪቀላቐሎም ጀሚሩ፤ ንሱ ከኣ፣ “ነፍሳት ጸሚኤ፣ ንጽምኤይ ዘርውዩ ልኡኽ እደሊ ኣሎኹ” እናበለ ዝጭርሕ፣ ቃል ክርስቶስ ነበረ። ድሕሪ ብዙሕ ጸሎትን ኣስተንትኖን ከኣ ንሕሹክታ እግዚኣብሔር ምሉእ ብምሉእ መልሲ ምእንቲ ኪህቡሉ፣ “ካህን ኮይነ ኬገልግሎ” ናብ ዚብል መደምደምታ በጽሑ።

ኣብ'ቲ “ናባይ ዚመጽእ እንተሎ፣ ኣቡኡን ኣዲኡን ሰበይቱን ኣሓቱን፣ ሕይወቱ ከይተረፈ'ውን ዘይጸልእ፣ ወዲ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን'ዩ፣ መስቀሉ ጸይሩ ደድሕረይ ዘይስዕብ ኵሉ ወዲ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይበቕዕን እዩ”[3]፣ ኣብ ዚብል ቃል ቅዱስ ወንጌል ተመርኵሶም ከኣ፣ ነቶም ካብ ንእስነቶም ጀሚሮም ብመንፈሳውነቶም ዚከታተልዎም ዝነበሩ፣ በዓል ጥዑም ዝና ኣባ ያለው ሰቐር፣ ሕይወት ምንኵስና ኬስተማቕሩዎ ኣብ ዚኽእሉሉ ገዳም ኬእትውዎም ለመኑዎም።

ኣባ ያለው ሰቐር ብወገኖም፣ ንሕቶኦም ብታሕጓስ ተቐቢሎም፣ ኣብ ሰገነይቲ ንዝነበሩ ካህናት ማሕበር ካፑቺኒ ሓተቱሎም። እቶም ኣብ ሰገነይቲ ዝነበሩ፣ ካህናት ማሕበር ካፑቺኒ፣ ንልመና

---

[2] ወይዘሮ ሃይማኖት ሃይሉ፣ ኣባል ፕሮግራም ቐንቐ ኣምሓርኛን ትግርኛን ኣብ ሮድዮ ቫቲካን።

[3]. ወንጌል ሉቃስ 9፣ 23-25።

ኣባ ያለው ሰጀር ተቐቢሎም፣ ንውሱን ጊዜ ምስኦም ኣብ ሰገነይቲ ከም ዚቅመጡ ገበሩዎም። ብኸምዙይ ከኣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ኣብ ማሕበር ካፑቺኒ ኪኣትዉ ዕድል ረኸቡ።

ኣባ ኣጎስጢኖስ፣ መባእታዊ ደረጃ ትምህርቶም ድሮ ወዲኦም ስለዝነበሩ፣ ንውሑድ ጊዜ ኣብ ሰገነይቲ ጸኒሖም፣ ንመንደፈራ ሓልፎም ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ኪቕጽሉ ማሕበር ፈቐደትሎም። ኣብ መንደፈራ፣ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ወድኡ ከኣ፣ ብ1944 ዓ.ም.ፈ. ካብ ገዳም መንደፈራ፣ ናብ ኣስመራ ገዳም መድሃኔ ዓለም ሓለፉ። ብድሕር እዚ ንሓደ ዓመት ዚኣክል ናይ ሕይወት ምንኩስናኦም መሰረት ዚኾፃም፣ ፍሉይ ዓመተ-ተመክሮ ብዓቢይ መንፈሳውነት ፈጸምዎ።



ኣባ ኣንስጢኖስ ተማሃራይ ከሎዉ ምስ ብጻዮም ኣባ ኢላሪኖ ማሪከሊ።

ኣስፅቦም ንሰለስተ ዓመት ዚጸንሕ ንኡስ መብጽዓ ገበሩ። ብድሕሪ'ዚ ንሸውዓተ ዓመት ትምህርቲ ፍልስፍናን ትምህርተ መለኮትን ድሕሪ ምክትታል፣ ብ12 ነሐሰ 1951 ዓ.ም.ፈ፣ እቲ

ንብዙሕ ዓመታት፣ ብሃንቀውታ ዚጽበዩዎ ዝነበሩ መዓርገ ክህነት ለበሱ።[4]

ክህነት ምስ ተቐበሉ፣ ነቲ መምዘኒ ዘይነበሮ ሓዋርያዊ ስርሑም፣ ኣብ ወገን መታሕት፣ ኣብ ምሕ ላብ ብልዑል መንፈሳዊ ትግሃት ጀመሩዎ። ንኣርባዕተ ዓመት ዝኣክል ከኣ፣ ደኺመ ከይበሉ፣ ብእግሮም ጎቦን ስንጭሮን እናተሳገሩ፣ ዓድ-ዓዲ እናኸዱ ንብዙሓት ነፍሳት መንፈሳዊ ጽምኢ ከርውዩ ከኣሉ።

ድሕር'ዚ ናብ ከረን ዘርኣ ክህነት ንኸገልግሉ ተቐየሩ። በቲ ትጉህን ትሑትን መንፈሳውነቶም ንዝተዋህቦም ስራሕ ብዓቢይ ንጥፈትን ንቕሓትን እናፈጸሙ ከለዉ ከኣ ብ1959 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሮማ (ቫቲካን) ዚርከብ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ሓቂፉ ዘምህር ገዳም ቅዱስ እስጢፋኖስ ከም ምኽትል ሓለቓ ኮይኖም ከገልግሉ ንዓዲ ጣልያን ተመደቡ። ምስኡ'ውን ካብ 1961-1963 መራሒ ኣገልግሎት ሬድዮ ቫቲካን ቋንቋ ኣምሓርኛ ብምኻን፣ በቲ ዝነበሮም በሊሕ ኣእምሮን ናይ ቋንቋ ክእለትን፣ ሕሉፍ ክእለቶም ኣመስከሩ።

[4]. ትምጻእ መንግስትከ፣ ቁጽሪ 51፣ 1990፣ ገጽ-54።



ኣባ ኣጎስጢኖ ተድላ ኣብ ሮማ (ቫቲካን) ገዳም ቅዱስ እስጢፋኖስ ከም ምኽትል ሓለቓ ተማሂሮ ከለሙ።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ኤርትራውያን ኣንጻር ዕብለላ ቋንቒ ኣምሓርኛ ኣብ ኤርትራ ዝተቓለሱ እዮም። ሕዝቢ ኤርትራን ትግራይን ቋንቒ ኣምሓርኛ ስለዘይሰምዕ ንሓለፍቲ ረድዮ ቫትካን ቋንቒ ትግርኛ ኣብ ሰሙን ናቱ መደብ ክወሃቦ ተማሕጸንዎም። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ከኣ፣ ኣገልግሎት ሬድዮ ቫቲካን ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ ብቋንቒ ትግርኛ ክመሓላለፍ ጀሚሩ። ስለዚ እዚ ሎሚ ሰፊሕ ተቀባልነትን ብዙሓት ተኸታተልትን ረኺቡ ዘሎ፣ ናይ ቫቲካን መደብ ኣገልግሎት ሬድዮ ክፍሊ ቋንቒ ትግርኛ ኣባ

ኣጎስጢኖስ እዮም ጀሚሮሞ።[5] እዚ ከኣ ክሳብ ክንደይ ቋንቒ ትግርኛ ብቋንቒ ኣምሓርኛ ንከይዕ ብለል ይጽዕሩ ከም ዝነበሩ ኢዩ ዘብርሃልና።



ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ር. ሊ. ጳጳሳት ዮሓንስ መበል 23 ኣብ ቫቲካን ዝርከብ ኮለጅ ኢትዮጵያ ክበጽሑ ኣብ ዝመጽሉ ዝተሳእልዎ።

ኣብ ልዕሊኡ በቱ ጊዜ'ቱይ ብብዙሕ ቋንቒታት፡ ብትግርኛ፡ ብኣምሓርኛ፡ ብጣልያን፡ ብእንግሊዝ፡ ብፈረንሳ፡ ዚሕተም "ገዳም ቅዱስ እስጢፋኖስ ናይ ሓበሻ ኣብ ቫቲካን" ዝብል ኣብ መንፈቕ ዝወጽእ መጽሔት መስረቱ። ከምኡ'ውን ኣብ ካልኣይ ጉባኤ

---

[5] . ሃይማኖት ሃይሉ፡ ኣባል PROGRAM ETIO-ERITREAN **ኣብ ረድዮ ቫቲካን።**

ቫቲካን ከም ኣሕዋት መጠን ኪዕዘቡ ንዚተላእኩ ኢትዮጵውያንን ኤርትራውያንን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኣባላት፣ ናብ ትግርዐ ብምትርጓም ቋንቋታትን ብሕውነት ብምቅባሎምን ምቕሉል ፍራን ቸስካዊ መንፈሳውነቶም ገለጹሎም።

ብ1964 ዓ.ም.ፈ. ክቡር ኣባ ኣጎስጢኖስ ካብ ሮማ ናብ ኤርትራ ተመልሱ። ኣብ ኣስመራ ዚርከብ ገዳም መድሃኔ ዓለም ገጅረት፣ ትምህርቲ መለኮት እናመሃሩ፣ ሓለቓ ተመሃርቲ ኮይኖም፣ ኣብ ኣገልግሎት ምሹስኪስ ተመሃርቲ ዘርኣ ክህነት ተጸመዱ። በቲ ዝነበሮም ልዑል መንፈሳዊነት ድማ፣ ብዙሓት ንስብከት ወንጌል ዝዋፈሩ ካህናት ኣፍረዩ። ብዙሓት ተመሃርቶም ዝነበሩ ከም ዝምስክሩዎ፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ካብ ብቃል፣ ብኣብነታዊ ኣነባብራ ሕይወቶም እዮም ዝምህሩ ዝነበሩ ይብሉ። ካልኦት ብዙሓት'ውን ንኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ብቐረባ ዝፈልጡዎም፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ብሓቂ መሳርሒ ፍቕርን ሓድነትን እዮም ነይሮም ኢሎም ይምስክሩሎም።

ኣባ ኣጎስጢኖስ በቲ ዝነበሮም ብሱል ርድኢትን ሊቅነትን፣ ንቤተ ክርስትያን ዓቢ ህያብ እዮም ዝነበሩ። ብፍላይ ኮሎም ክርስቲያን ኣብ ክርስቶስ ሓድነታዊ ሕይወት ኪህሉዎም ካብ ዝብል ቅኑዕ ሓሳብ ብምብጋስ፣ ብዛዕባ ሓድነት ክርስቲያን ብዙሕ ይጽዕሩ ነበሩ። ከምኡ'ውን ምስ ብዙሓት መራሕትን ተኽ ተልትን ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ብግሊ እናተራኸቡ የበራትዑን ይምዕዱን፣ ዓሚቕ ትምህርቲ

የበርክቱ ከም ዝነበሩ ብዙሓት ዚምስክሩዎ ሓቂ እዩ።[6] ንዚፈልጦም ኮሉ ብሓቂ ሃናጽን መራሕን ኣቦ ኮይኖም ብትሑት ሕይወቶም፣ ንክርስቶስ ብምምሳል፣ አብነቶምን ፍቕሮ ምን ዚገልጹ ዕጉስ ፈላሲ እዮም ነይሮም። ክቡር ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ ለይትን መዓልቲን ደኺመ ከይበሉ፣ ንዘሎን ንዚመጽእን ወለዶ ዚጠቅም ቅርሲ ናይ ቋንቋ ትግርዐ ንኪሕንጹ ብዘይ ዕርፍቲ ብዙሕ ዚጽዕሩ ዝነበሩ እዮም። ነዚ ዝበልናዮ ርኡይ ምስክር ዝኾነና ከኣ፣ ብዙሓት ብሉጻት ጽሑፋት፣ ኣበርኪቶም እዮም።

ካብኣም ገለ-ገለ ክንጠቅስ፣

1. ብዛዕባ ኤርትራውያን ኢትዮጳያውያንን ንማርያም ዘለዎም ፍቕሪ “Gli Etiopi e la Madonna: aspetti dogmatici e devozionali”.

2. እዚ ሎሚ “ሓቅን ሕይወትን” ዘርእስቱ ካቶሊካዊ መንፈሳዊ ጋዜጣ፣ ብቋንቋ ጣልያን ጥራይ ኣብ ዚሕተመሉ ዝነበረ እዋን፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ንትግርኛ ዝኸውን ዓምዲ ብምሕዛእ ንሓያሎ ዓመታት መንፈሳዊ ኣስተምህሮ ኣበርኪቶም እዮም።

ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኣስተምህሮታትን ትምህርታዊ ጽሑፋትን፣ ኣብ ዝተፈላለዩ መጽሔታትን ብፍላይ ከኣ፣ ብዛዕባ ኢትዮጵያ “Ethiopian Studies”፣

[6]. ትምጻእ መንግስትከ፣ ቁጽሪ 51፣ 1990፣ ገጽ 55።

ኣብ ዓለምለኻዊ መጽሔታት፣ ከም ኣብ “International Reviews” **ዝመሰላ መጽሔታት፣ ቀጻሊ ናይ መጽናዕቲ ጽሑፋት የቕርቡ ነይሮም።**

ኤንሪኮ ቸሩሊ ዚተባህለ ምሁር፣ “ናይ ኢትዮጵ ያውያን ጽሑፋት፣ ብዛዕባ ነገረ-መለኮት፣ ኣብ መበል 16ን 17ን ክፍለ ዘመን”፣ “Scritti teologici etiopici dei secoli XVI- XVII” **ኣብ ዚብል መጽሓፉ ንዘይገለጸ ሓሳባት፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ በብሓደ እናተንተኑን እናገ ለጹን መኣረምታ ጌሮምሉ እዮም።** “A proposito di alcuni passi oscuri negli scritti teologici etiopici dei XVII pubblicati da E. Cerulli” in Proceeding of the third International Conference of Ethiopian Studies, Addis Ababa 1966, Addis Ababa 1970, pp. 217- 242.[7]

ብዝያዳ ግን ኣድህብኡም ኣብ መጽናዕቲ ቋንቋ ትግርኛ ዘተኮረ ኢዩ ነይሩ። ታሪክ ከም ዚሕብረና ኤርትራ ብፈደረሽን ኣብ ትምሓደረሉ ዝነበረት ጊዜ፣ ኣከዳሚያዊ ትምህርቲ ብቋንቋ ትግርኛ ኢዩ ዚካየድ ዝነበረ። እንተኾነ ሕዝቢ ኤርትራ፣ ብሓያላት መንግስ ታት መሰሉ ተገፊፉ፣ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ብመግ ዛእቲ ተቓሪኑ ንኪነብር ምስ ተፈርደ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ከም ዕላማ ገይሩ ዝሓዞ ነገር እንተነይሩ፣ ንሕዝቢ ኤርትራ ገዛእ ቋንቋኡን ባህሉን ገዲፉ፣ ብቋንቋ ኣማሓሪኛ እናመሀረ ንትግርኛ ከም ዚዕብለልን ከም ዚህስስን ምግባር ኢዩ ነይሩ።

---

[7] .መጽሔት ትምጻእ መንግስትከ፣ 1990፣ ቁጽሪ 51፣ ገጽ 53-54። .መጽሔት ትምጻእ መንግስትከ፣ 1990፣ ቁጽሪ 51፣ ገጽ 53-54።

ነዚ አብ ግብሪ ንምውዓል፡ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ቀዳማይ ስጉምቲ ገይሩ ዚወሰዶ፤ ብ1958፡ ባንደራ ኤርትራ ብወግዒ ከም ትወርድ ገበረ። ባህልን ቋንቋን ሕዝቢ ኤርትራ ንምጥፋእ ከኣ ነቲ ብቋንቋ ትግርኛ ዚካየድ ዚነበረ፡ መደብ ትምህርቲ ኤርትራ፡ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ከም ዝትካእ ገበረ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብዙሓት ግዱሳት ኤርትራውያን፡ ሕዝቢ ኤርትራ፡ ባህሉ ኝኸይብለልን ቋንቋኡ ከይጠፍእ ኢሎም፡ ብዙሕ ሜላታት እናተጠቀሙ ንምድሓኑ፡ ጂዕሮም እዮም።

ሓደ ካብቶም ብዙሓት ኤርትራውያን ብዛዕባ እዙ ጉዳይ ዘተሓሳሰቦም፡ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ እዮም። ኣባ ኣጎስጢኖስ ብስለት ቋንቋን ዓሚቕ ፍልጠት ባህሊ ሃገርን ዝወነኑ፡ ብዓል በሊሕ ኣእምሮ እዮም ነይሮም። በዚ ከኣ ብሊቃውንቲ ደቂ ሃገር ኮነ፡ ብወጻእተኛታት ውሩይን ንኡድን ነበሩ። እዛ ሎሚ ብተመሃርቲ ማሕበር ንኡሳት ኣሕዋት ካቶቺኒ እትዳሎ ዘላ፡ ሰፊሕ ምዝርጋሕን ተቀባልነትን ዘለዋ መጽሔት "ትምጻእ መንግስትከ"፡ ትሕዝቶኣ ባህልን ቋንቋታትን ሕዝቢ ኤርትራ፡ ከምተንጸባርቕ ዝገበሩ፡ ቋንቋናን ባህልናን ብባዕዳዊ ቋንቋን ባህልን ከይሰዐር ቢሎም፡ ብዙሕ ዚጸዐሩ እዮም። ሽሕ'ኳ ስሞም ኪጥቀስ ዘይደልዩ እንተነበሩ፡ ንብዙሓት መጽናዕቲ ዘካይዱን መጻሕፍቲ ዚደረሱን ምሁራት ይሕግዙን ይእርሙን፡ ንመጽናዕቶም ዚሕግዙ ጽሑፋት ኣብ ምቕራብን ከኣ ይድግፉዎም ከም ዝነበሩ ብዙሓት ዚምስክሩዎ ሓቂ ኢዩ።



ኣባ ኣጎስጢኖስ ምስ ኣባ ክፍልማርያም በራኽን ቤተሰቦምን።

ኣባ ኣጎስጢኖስ፡ ተገዳስነት ኣብ ባህልን ቋንቋን ትግርኛ ተመሃራይ እንከለዉ እዮም ጀሚሮሞ። ሓደ ካብቲ ተመሃራይ ከሎዉ ዝቐረቡዎ ጽሑፎም፡

“ሰዋስው ትግርኛ” ኢዩ። እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ብዕለት 28-1-1951 ዓ.ም.ፈ. እዮም ክጽሕፉዎ ጀሚሮም። ኣብ ቀዳማይ ደብተሮም ተመልኪቱ ከም ዘሎ፡ ክሳብ ርብሓት ስርዓት ዓንቀጽ፡ ብ30-6-1951 ዓ.ም.ፈ. ጽሒፎም ወዲኦሞ ነይሮም። እዚ ክንብል ከሎና ግን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ወረቓቕትን ደብተርን ድኣ ጽሒፎ ሙዎ ነይሮም እምበር፡ ብመልክዕ መጽሓፍ ኣሕቲሞም ኣይዘርግሑዎን”።[8] ብጻዕሪ ደቂ ማሕበሮም ግን ብ1995፡ ብመልክዕ መጽሓፍ ተሓትመ። እዚ ከኣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ቋንቋ ትግርኛ ንኽምዕብል፡ ብዛዕብኡ መጽናዕቲ ካብ ምክያድ፡ ኣዕሪፎም ከም ዘይፈልጡ ኢዩ ዘረጋግጸልና።

ብዛዕባ ቋንቓ ትግርዐ መጽናዕቲ ናይ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ኣብ'ዚ ሰዋስው ትግርኛ ጥራይ ኣይተሓጽረን፡ እንታይ ድኣ ብዙሕ ካልእ'ውን ጽሒፎም እዮም። ንኣብነት ዝርዝር መጻሕፍቲ ቋንቋ ትግርኛ፡ ሓጺር ምልክታት ሰዋስው ትግርኛ፡ ዘጠ ቓልል “La Lingua Abissina”፡ ቋንቓ ሐበሻ” ዝብል መጽሓፍ እናኣዳለዉ ከለዉ ሕማም ስለበርትዕ ዎም ኣቋርጾሞ። እዚ'ውን ብጻዕሪ ደቂ ማሕበሮም ድሕሪ ናጽነት ንበይኑ ተሓቲሙ ይርከብ።[9] መዝገበ

[8] ሰዋስው ትግርኛ፡ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ በባ ኣማኑኤል ምስጉን ተቐሪቡ፡ ብሓልዮት ትምጻእ መንግስትከ ከኣ ተሓቲሙ 1995 ገጽ-6።

[9] . ሰዋስው ትግርኛ፡ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ብሓልዮት ትምጻእ መንግስትከ፡ ኣስመራ 1995 ገጽ- 6። እዚ መጽሓፍ'ዚ ሓደ ካብቲ ኣባ ኣጎስጢኖስ ብሕይወቶም ከለዉ፡ ኣብ ዝተፈለዩ ወረቓቕትን ከም'ውን ኣብ ደብተርን ጽሒፎሞ ከብቅዑ፡ ኣብ

ቃላት ትግርኛ ብቋንቋ ጣልያን ሓደ ካብቲ ብዙሕ ዝደኸሙሉ ጽሑፋቶም ኢዩ፣ እዚ'ውን ንክሕተም ኣብ ምጽፋፍ በጺሑ ኣሎ።

❋❋❋

ማሕተም ዘይበጽሔ ኢዩ። ብድሕሪ ሞቶም ብኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ተዳልዩ ዝተሓትመ ኢዩ። ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ኣብ መእተዊ ናይታ መጽሓፍ ኣባ ኣጎስጢኖስ ኣብ ማሕተም ዘይመቅረቢኦም ክገልጹ ከለዉ፣ ብዘመን ደርጊ ብዝነበረ ኵነታት ተስፋ ቐሪጾም ንመጻኢ ወለዶ፣ ቓንቋ ትግርኛ ካብ ብትግርኛስ ብጥልያን ጺሒፍካ ከም ዝዕቀር ምብልሓት ይሕይሽ ዝብል ሓሳብ ስለዝነበሮም ብዛዕባ እዚ ቓንቓ ትግርኛ ዅሚሮምዎ ዝነበሩ መጽሓፍ ሰዋስው ብዙሕ ከይተገደስሉ፣ ናብ ቓንቓ ጣልያን ተርጉሞም ባዕሎም ክጽሕፍዎ ዝዀመሩ መዝገበ ቃላት ትግርኛን ጣልያንን ከም መቅድም ጸሐፍዎ ይብሉ።

ካልኣይ ምዕራፍ

ህልቂት በስክዲራ

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ እዚ ኮሎ ዚኸበረ ረሃጽ ናይ ሓንሳሎም ዘፍሰስሉ፡ ተሓቲሙ ኣብ ኢድ'ቲ ዘፍቅርዎ ሕዝቦም፡ ከየብጽሕዎ እዮም ዘይተጸበይዎ ሓደጋ ወዲቑዎም። እንታይ ስለዘጋጠሞም እዮም ነዚ ብዙሕ ዝጸዓርሉ ጽሑፋቶም ናብ ኢድ ሕዝቦም ከቕርብዎ ዘይከኣሉ?

ታሪኽ ከም ዚሕብረና፤ ቅድሚ ካልኣይ ኵናት ዓለም፡ ሃገራት ኣውሮጳ ሃብቲ ናይ ዓደን “ነርክበሉ ኢና ይጽንሓልና” ብምባል፡ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃን ካልኦት ንዓኣን ዚመስላ ክፍለ ዓለማትን ኣብ ምጉሕጓሕ ሃብተን እየን ዚተጓየያ። ኤርትራ ከኣ ኣካል ኣህጉር ኣፍርቃ ከም ምኻና መጠን፡ ካብ መንጋጋ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣየምለጠትን። ቅድም ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ቱርኪ፡ ቀጽሉ መግዛእቲ ግብጺ፡ ካብ መግዛእቲ ግብጺ ከኣ፡ ብ1890-1941 ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጣልያን ተኾርነት። ኣብ መጨረሽታ ካልኣይ ኵናት ዓለም፡ ካብ 1941 ክሳብ 1952 ከኣ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንግልዝ ኣተወት።

ብሰንኪ እዚ ከኣ ሕዝቢ ኤርትራ፡ ከም ኵለን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ እግዚኣብሔር ዝዓደሎ ሃብቲ፡ ካልኦት ባዕዳውያን እናተጠቕምሉ፡ ንሱ ግና ከም ጓና ኣማዕድዩ

ኪጥምት ተፈርዶ። ድሕሪ ካልኣይ ኵናት ዓለም ግን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ምረት ናይ መግዛእቲ ዝመንቀሊኡ፡ ኪነቕሓ ስለዝጀመራ፡ ሕቶ ናይ ናጽነት ከልዕላ - ሚረን።

ሃገራት ኣውሮጳ'ውን፡ ዘድልየን ሃብቲ ኣፍርቃ መጽየን ኣብ ዝወድኣሉ ጊዜ ብምንባሩ፡ ሕቶ ናጽነት ናይ ገሊኤን ሃገራት ክቅበላ ኣየጸገመንን። በዚ ከኣ ብ1960፡ ካብ ሃገራት ኣፍርቃ፡ ንኤርትራን ንካልኦት ውሑዳት ገዲፍካ፡ ዳርጋ ኵለን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ምሉእ ናጽነት ተጓናጸፋ። እንተሞ ሕዝቢ ኤርትራ፡ በተን ብኣፈን ጥራይ መሰል ደቂ ሰባት ኪኽበር ኣለዎ እናበላ ዝዝምራን ዘታልላን፡ ኣብ ተግባር ግን ንመሰል ደቂ ሰባት ብጥቕመን ዝዋገያ ሓያላት ሃገራት፡ ንዓሰርተ ዓመት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ድሕሪ ምጽናሕ፡ መ- መርያ ብ2 ታሕሳስ 1952፡ ኤርትራ መሊሳ ንዓሰርተ ዓ መት፡ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ክትመሓደር ብ390 ኤቪ፡ ዝፍለጥ ብይን ኪፍረዳ ከሎ፡ ኣብ መጨረሽታ ብ1962 ከኣ፡ ፍትሓዊ ብዘይኮነ መንገዲ፡ ፈደረሽን ብወግዒ ድሕሪ ምፍራሱ፡ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብሓይሊ ክትጎብጣ ከላ፡ እተን ሓያላት ሃገራት ዓለም ሱቕ ኢለን ረኣየኣ።

ብድሕሪዚ ሕዝቢ ኤርትራ፡ ውሽጣዊ ነድሪ ብዝዓብለሎ ተቓውሞ፡ ብሓደ ድምጺ፡ እንቢ ንመግዛእቲ ብምባል፡ እታ ሓንቲ ምርጫ ዝነበረቶ፡ መሰሉ ብመስዋእቱ ምኽባር ጥራይ ምኻኑ ኣሚኑ፡ ነቲ ብሓደ መስከረም 1961 ዝፈለሞ ሓርነታዊ

ቃልሱ፣ መግዛእታዊ ገመድ ሓንሳብ ንሓዋሩ ንምብታኽ፣ ቃልሱ ብልዑል ናህሪ ቀጸለ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ወተሃድራት መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ሞራል ሕዝቢ ንምርዓድ፣ ሰላማዊ ሕዝቢ ከጋፍዑ ጀመሩ። ብወተሃደራት መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ዝተፈጸመ ዜስካሕክሕ ግፍዕታት ከም ኣብነት፣ ክጥቀስ ዝከኣል፤ ብ1967 ኣብ ዓዲ ዑመር፣ ዓዲ ሰይድና፣ ገርበት፣ ሞጎራይብ፣ ዓዲ ፊደል፣ እንቱርባ፣ ዓዲ ኩክይ፣ ሓባብ፣ ዓዲ ኢብራሂም፣ ዓዲ - ሚል፣ ብሓዊ ተቓጺለን። ከምኡ'ውን ብ11 ሓምለ ናይታ ዓመት'ቲኣ ዓድታት ባሕ፣ ገድገድ፣ ወቂሮ፣ ማዕያት፣ ዓለይት፣ ገምሆት፣ ዓሱስ፣ መትከላቤት፣ ፍግረት፣ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ተቃጺለን ከም ዘይነበራ ኮይነን።[10]

ናይ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ምንዳድን ምድምሳስን ዓድታት፣ በዚ ኣይብቅዔን። ብ1967 ወርሒ ሕዳር ኣብ ሰንሒትን ሳሕልን፣ "ናይ ዳህሳስ ወፈራ" ኢሉ ዝሰመዮ ወፍሪ፣ ኣብ ሓልሓል፣ ሓመልማሎ፣ መለብሶ፣ ፈልሕት፣ ጋሊ፣ እንጨንቕ፣ ሓሸሻይ፣ ፋና፣ ጀምሪት፣ ኣዝረቕት፣ መዓርኪ፣ ኣፍሕሩም፣ ዋዝንተት፣ ጀንገሬን፣ ባሽራ፣ ቃምጭዋ፣ ተዓንደለት፣ ኩብኩብን ሃበሮን ዝተባ ህላ ቕሽታት ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ተቃ ጺለን።[11]

---

[10] . ሓዳስ ኤርትራ 20 ግንቦት፣ መበል 12 ዓመት ቑ.186 ገጽ፣ 3።

[11] . Ibid

ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ፣ ነዘን ዓድታት ከም ዚቃጸላ መግበሪኡ ቀንዲ ምክንያት፣ ቀዳማይ ኣብዘን ዓድታት ወይ ቐሽታት ዚቐመጥ ዝነበረ ሕዝቢ ንሸፋቱ ዘዕቁብን ዚሕብሕብን ንሱ ኢዩ ዚብል መደምደምታ ስለዝነበሮ፣ ካልኣይ ከኣ፣ ኵሉ ኣብዘን ዓድታት ወይ ቐሽታት ዝነብር ሕዝቢ፣ ገዛውቱ ኣቃጺልና፣ ኣብ ከተማ እንድሕሪ ኣእቲናዮ፣ ንሸፋቱ ብቀሊሉ ከነጥፍኦም ንክእል ኢና፣ ዝብል እምነት ስለዝነበሮ ኢዩ።

ነዚ ፍልስፊና'ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከኣ፣ ኣብ ከባቢ ከተማታት ንዝነብር ዝነበረ ሕዝቢ፣ ገዛውቱ ኣቃጺሉ፣ ሕርሻኡ ገድፉ፣ ናብ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ከተማ ኀኽጥርነፍ ገደዶ። እዚ ግን ዝኾነ ውጽኢት ኣይተረኽቦን። ነዚ ዝተገንዘበ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ብ16 ታሕሳስ 1970፣ ናይ እዋን ሓደጋ ኣዋጅ ኣውጺኡ፣

ብድሕሪ'ዚ ኢዩ ከኣ፣ ካብ ምቅጻል ዓድታት ናብ ምህላኾ ሰላማዊ ሕዝቢ ዝሓለፈ። ኣብ ያና፣ በስክዲራ፣ እምበረሚን፣ ብጸላም ሰንበት ዝፍለጥ ኣብ ኣቕሮደት፣ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ህልቂት ከኣ ህያው ምስክር ኢዩ። እዚ ኣብ ጊዜ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ዝተፈጸመ ክኸውን ከሎ፣ ደርጊ ኣብ ስልጣን ምስ ደየበ'ውን ካብ ናይ ስርዓት ሃይለስላሴ ብዘይፍለ ኣብ ከተማ ኣስመራ፣ ወኪድባ፣ ጻዕዳ ክርስትያን፣ ዓዲ ያዕቆብ፣ ዓዶም ሰሉስ፣ እምባደርሆ፣ ዓዲ ንፋስ፣ ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ንክትግልጾ ዘስካሕክሕ ህልቂት ኢዩ ፈጽሙ። እዘን ኩለን ዓ

ድታት ንሕዝቢ ኤርትራ ንምርዓድ ጃምላዊ ህልቂት ዝተፈጸመለን እየን። ኮሉ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕታት፥ ተመሳሳሊ ስለዝኾነ፥ ካብ መታሕት ኣብ ጊዜ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ በስክዲራ፥ ካብ ከበሳ ከኣ ብጊዜ ስር ዓት ደርጊ ኣብ ኩተማ ኣስመራን ወኪድባን ዝተፈጸመ ህልቂትን ግፍዕን ከም ኣብነት ወሲድና ክንድህስስ ኪንፍትን ኢና።

1970 ዓመተ ምሕረት ፈረንጂ፥ ኣብ ምዕራባዊ መታሕት ሃገርና፥ ብዙሕ ግፍዒታትን ህልቂትን ዝተፈጸመላ ዓመት ኢያ ነይራ። ብፍላይ ካብ 1970-1975 ዝነበረ ጊዜ፥ ወተሃደራት መንግስቲ ኢትዮጵያ፥ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ፥ እዚ ኢልካ ንኽትገልጾ ዘጸግም ግፍዕታት ይፍጽሙ ከም ዝነበሩ ይዝከር።[12]

ኣብ 1970፥ ሓደ ንግሆ፥ ነፋሪት ኢትዮጵያ፥ ኣብ ምሉእ ሰኮና እናዘንበየት፥ ወረቓቕቲ በተነት። ትሕዝቶ ናይቲ እታ ነፋሪት ዝበተነቶ ወረቓቕቲ፣ ካብ ሰኮና ጀሚርካ ክሳብ በጃኽ፥ ማርያ ጸላም፥ ማርያ ቀያሕ፥ ክቃጸል ከም ዘለዎ ዝሕብር ኢዩ ነይሩ። ካልእ ኣብቲ ካርታ ብቐይሕ ዝተመልከተ፥ “ግማሽ ምድረ ታርቀ ይቃጠላል፥ ፍርቂ ምድር ታርቀ ኪቃጸል ኢዩ” ዝብል ነበረ። ኣብቲ መጀመርያ እቲ ጽሑፍ፥ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ስለዝነበረ ሕዝቢ ኣይተረ ድኦን፥ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ቆሞስ ናይ ሕዝቢ ሰኮና ዝነበሩ፥ ኣባ

[12]. ትምጻእ መንግስትከ፥ ቁጽሪ 58፥ 1993፥ ገጽ -49።

ተወልደብርሃን ገብረመድህን ወዲ ማሕበር ካፑቺን፣ ትሕዝቶ ናይቲ ጽሑፍ ንሕዝቢ ምስ ገለጹሉ ግን ሓርቢትዎም ዝብልዎ ጠፊኡዎም። ብድሕሪ'ዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ብዙሕ ከይደንጎየ፣ እቲ ናይ ህልቂት ወፈራ ፈለሞ።[13]

ኣብ ሰኮና ብዙሓት ዓድታት ተቓጺለን ብዙሕ ሕዝቢ ከኣ ሃሊቁን ኢዩ። ብተበግሶ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድህንን ኣባ ዘርኣያዕቆብ ዑቕባሚካኤልን ከኣ፣ ኣብ መጽሔት ትምጻእ መንግስትከ፣ ሕታም ቑጽሪ 73፣ 2000- 2001 ብሰፊሑ ተሰኒዱ ኣሎ። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ኑቲ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ኣብ በስክዲራ ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ህልቂት ጥራይ ከተኩር ኢየ።

ሕዝቢ በስክዲራ፣ ኣብ በዓል ሙሻ ዓይግ፣ ፍሶሩሾ፣ ሙሻ ሸባሕ፣ ፍለዳርብ፣ ቅድሚኡ በቶም ወተሃደራት ክፍጸም ዝቐነየ ግፍዕታት ይሰምየን ይዕ ዘቦን ስለዝቐነየ፣ ምሸት ሰንበት 29 ሕዳር 1970፣

---

[13] . መጽሔት ትምጻእ መንግስትከ፣ ቑጽሪ 73/74፣ 2001-2002፣ ገጽ-12።
ብዛዕባ ብ1970 ኣብ ምድሪ ሰኮና ዝተፈጸመ ህልቂት ኣባ ዘርዐያዕቆብ ዑቕባሚኪኤልን ምስ'ቶም ኣብቲ ጽንኩር ጊዜ ጓሳን ተሻፋሊ ሸግርን ጸበባን ናይ ሕዝቢ ሰኮና ዝነበሩ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድህን ኮይኖም፣ ብሰፊሕን ብጽቡቑን ኣጽኒዖም፣ ኣብ መጽሔት ትምጻእ መንግስትከ፣ ቑጽሪ 73/74፣ 2001-2002፣ ከም ዝሰነድ ገይሮም እዮም። ተብግስኦምን ጸዕሮምን እናኣድነቕኩ እዚ ብዛዕባ ህልቂት በስኮድራ ኣብዚ ሰፊሩ ዘሎ ጽሑፍ፣ ከም ዘለዎ ካብቲ ንሶም ብሓባር ናብ ሰኮና ብምካድ ዘካየድዎ መጽናዕቲ'ሞ፣ ኣብ መጽሔት ትምጻእ መንግስትከ ዝተሓትመ ዝወሰድኩዎ ምኻነይ እሕብር።

ኵሉ ሕዝቢ ተኣከበ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ሩባ ዓንሰባ ሓዲሮም ከም ዘለዉ ስለዝተረጋገጸ፡ እቶም ወተሃደራት ናብ ዓዲ ክኣትዉ ከለዉ፡ ኣስላሞም ክርስትያኖም፡ ክልተ ላም ሒዞም፡ ብሓባር ክቕበል ዎም ወሰኑ።

ንጽባሒቱ ሰኑይ 30 ሕዳር 1970፡ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ኣብ በስክዲራ ከም መጠን መምህር ትምህርቲ ክርስቶስ እናቴ ለተመድህን እክት ነበራ። ኵሎም ክርስትያን፡ ኣብ ቅድሚ ቤተ ክርስትያን በስክዲራ ኣኪበን ከኣ፡ መስቀል፡ ስእሊ ኪዳነ-ምሕረት፡ ስእሊ ቅዱስ ገርጊስ፡ ሒዞም ከም ዝስርዑ ድሕሪ ምግባር፡ ጸሎት መቕጸርያ ኣጀመርኣም። ኣብ ሳልሳይ ናይ ደስታ ምስጢር ምስ በጽሑ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ መስጊድ ዝነበሩ ምእመና ምስልምና፡ ናብ ቤተ ክርስትያን መጺኡ፡ “ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብወገን መስጊድ እዮም ዝመጹ ዘለዉ'ሞ ከም'ቲ ዝተሰማማዕናዮ፡ ነተን ክልተ ላም ሒዝና ሓቢርና ክንቅበሎም፡ ናባና እንተመጻእኩም ይሓይሽ” ዚብል ሓሳብ ኣቕረ ብሎም።[14]

ድሕሪ'ዚ እቶም ክርስትያን፡ መቕጸርያ እናደ ገሙ፡ ብማእከል ዓዲ ሰንጢቕም፡ ኣብ ጥቃ መስጊድ ምስ በጽሑ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ በታ ድሕሪ መስጊድ ዘላ በራኽ ቅልቅል በሉ፡ ሕዝቢ ነቶም ብጭካኔኦም ዝልለዩ ወተሃደራት ምስ ረኣየ

[14] ኣባ ዘርዐያዕቆብን ኣባ ተወልደብርሃንን፡ ትምጻእ መንግስትከ፡ ቀጽሪ 73/74፡ 2001-2002፡ ገጽ- 14።

ራዕዲ ሓዞ። እቶም ወተሃደራት ሰላምታ ምስ ኣቕረብሎም ግን እቲ ሕዝቢ ቁሩብ ፍኹስ በሎ።

እቶም ወተሃደራት፣ ናብቲ ሕዝቢ ቅርብ ኢሎም፣ “ኣጆኹም ኣይትፍርሑ! ንሕና ክንቀትለኩም ኢልና ኣይመጻእናን፣ ንሕና መጺእና ዘሎና፣ ነቶም ንሸኻት ኩም እትምግብዎምን እተስትይዎምን ሸፋቱ፣ ክንቀትል ኢና መጽእና'ሞ፣ ዓድኹም በስክዲራ ኮነ እዚ ከባቢ ከመይ ኢዩ? ካብዞም ሸፋቱ ናጻ ድዩ?” ኢሎም ሓተትዎም።

ሕዝቢ በስክዲራ፣ ብሓደ ወገን ቅድሚኡ ዘሎ መዓልታት ንጀብሃ (ተ.ሐ.ኤ) ኣድሪሩ፣ ምስኡ'ውን ኣሕድሩዎም ስለዝነበረ፣ እወ ኣድሪርና እንተኢሉ፣ ዳሕራይ መዓልቲ ጀብሃ መጺኦም፣ ስለምንታይ ንጸላኢ ሓበሬታ ሂብኩሞ ከይብልዎም ፈርሑ፤ ኣየድረርናን እንተ በሉ ከኣ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዘድረር ናዮም ሓበሬታ በጺሕዎም ከይከውን ስለዚፈርሐ ዝብሎ ጠፍእዎ፣ ኣብ መንጎ ክልተ ኣዋጣሪ ሓሳብ ተቐርቕሩ። ኣብ መጨረሽታ ግን ነቶም ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ “ወላ ሓንቲ የለን ኮሉ ሰላም ኢዩ ዘሎ” ዝብል መልሲ ሃቦም።[15]

ጦር ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ብኣቀባብላኡን ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ብምሃቡን፣ ንሕዝቢ በስክዲራ ኣመስ ገንዎ። ነተን ከም ገጸ በረኽት ርእዮም ዶኾን፣ ካብዚ ኣብዘን ጎረባብቲና ዓድታት፣ ክንርእዮ ዝቐነና ህልቂት፣ መዓገሲ ይኾናና ኢሎም ዝቐረብወን ክልተ

[15] . Ibid; p. 15

ላም ሒዞም፣ ከም ባንዴራ ጻዕዳ ነጸላ ኣብ በትሪ ኣሲሮም በልበል እናበሉ፣ ተሰሪያም ንሻንበል ክቐበሉ ወተሃ ደራት ኣሰንዮም ኣፋነውዎም። ኣብዚ ጊዜ'ዚ - ብሃ (ተ.ሐ.ኤ)፣ ካብ'ቲ ዓዲ ፍንትት ኢሉ ዝርከብ ጎቦታት፣ ድፍያም ሒዞም ንወተሃደራት ኢትዮጵያ ይጽበዩ ነበሩ።

ወተሃደራት፣ በቲ ካብ ሕዝቢ ዝረኸብዎ መልሲ ዓጊቦም እናተዛነዩ፣ ናብ'ቲ ኣብ ምብራቕ በስክዲራ ዝርከብ “ሸንን” ዝተባህለ ጎቦ፣ ጽግዕ ምስ በሉ፣ እቶም ዕርዶም ኣደልዲሎም ዝጽበይዎም ዝነበሩ ጀብሃ፣ ካብ'ቲ ዝነኣሰ ብረት ክሳብ እቲ ዝዓበየ፣ ናብቶም ዝተጸግዕዎም ወተሃደራት ኣዝነብዎ። ካብ ሰዓት ትሽ ዓተ ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት ሰለስተ ናይ ኣጋ ምሸት ከኣ፣ ደማዊ ዝኾነ ኵናት ተኻየደ። - ብሃ ንመጥቃዕቲ ዝበለጸ ቦታ፣ ሒዞም ብምጽንሖም፣ ንወተሃደራት ኢትዮጵያ ከቢድ ማህሰይቲ ኣውረድ ሎም።[16]

እቶም ንሕዝቢ ኣሰንዮም ናብ ሻምበል ዝኸዱ ዝነበሩ ወተሃደራት፣ ነተን ክልተ ላም ብቕጽበት ቀተሉወን። ነቲ ሕዝቢ ከኣ ኣብ ሻምበል ከየብጽሕዎ፣ ኣብ ሓደ ሽንጭሮ ከም ዝእክብ ድሕሪ ምግባር፣ ሓደ ሓላዊ ገዲፈምሎም ናብቲ ውግእ ከዱ። ኣብ መጨረ ሽታ ገለ ካብቶም ወተሃደራት ነቶም ምሉእ መዓልቲ፣ ብጥሜትን ጽምእን ሓሪሮም ዝወዓሉ ሰላማውያን ሰባት፣ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ሓተትዎም፣

[16] Ibid; p. 15

- ወተሃደራት፡ “ትግርኛ ትሰምዑ ዲኹም”?

- ሕዝቢ፡ “እወ”

- ወተሃደራት፡ “እዞም ሸፋቱ ትማሊ ኣበይ ተደሪሮም”?

- ሕዝቢ፡ “ንሕና ኣየድረርናን ... ኣይ ኣብዚ ሩባ ዓንሰባ ዶይኮንኩምን ዝሓደርኩም፡ ኣድሪርናዮም እንተ ኾነውን፡ ምነገርናኩም ኔርና፡ ንሕና ብፍጹም ኣየድረርናን”።

- ወተሃደራት፡ “ክርስትያን ዲኹም ኣስላም”?
- ሕዝቢ፡ “ኣስላምን ክርስትያንን ኢና”።
- ወተሃደራት፡ “ክርስትያንዶ ትበዝሑ ወላ ኣስላም”?
- ሕዝቢ፡ “ማዕረ ኢና” ዝብል መልሲ ሃብዎም።

ብድሕሪዚ እቶም ወተሃደራት፡ ካብቲ ሕዝቢ ንኣቶ ተስፉይ ኣልመዶም ዝተባህለ ፈልዮም፡ ንእሽቶ ወረቐት ሂቦም ናብ ሻንበል ለኣኹዎ። ኣቶ ተስፉይ ናብ ሻንበል ከይዱ ወረቐት ምስ ኣረከበ፡ እቲ ሻንበል ብወገኑ ንእሽቶ ወረቐት ጽሒፉ ሃቦ። ኣቶ ተስፉይ ዝሃቦ ንእሽቶ ወረቐት ሒዙ፡ ናብቶም ሕዝቢ ዝሕልዉ ዝነበሩ ወተሃደራት ተመልሰ።

እቶም ወተሃደራት ነታ ኣቶ ተስፉይ ኣልመዶም፡ ካብ ሻንበል ሒዝዋ ዝተመልሰ ወረቐት ምስ ኣንበቡ፡ ቀልጢፎም ገዛውቲ ናይቲ ዓዲ፡

ከቃጽሉ ጀመሩ። ገዛውቲ ከቓጽሉ ከለዉ፣ ኣብ ሓንቲ ገዛ፣ ንእሽቶ ሰማያዊት ባንዴራ ኤርትራ ረኺቦም። ብድሕሪ'ዚ፣ እዚ ሕዝቢ'ዚ ሓብሓቢ ሸፋቱ ምኻኑ ካብዚ ዝዓቢ መረጋገጺ እንታይ የድሊ ብምባል፣ ኑቲ ምስቶም ከም ናቶም ብረት ዝሓዙ ዝገበርዎ ውግእ ዝወረዶም ማህሰይቲ፣ ሕነ ንምፍዳይ፣ ብረቶም ናብ'ቲ ወላ ሓንቲ መካላከሊ ዘይብሉ ሰላማዊ ሕዝቢ ምቅናዕ ልሙድ ስለዝነበረ፣ ሓንቲ ኣበሳ ዘይነበሮም ሰላማውያን ሰባት፣ "ሕጂ ካብ ኣስመራ ነፊርቲ ኪመጻ ኢየን እሞ፣ ጸላእቲ መሲሉወን፣ ከይድብድቡኹም፣ ኩልኻትኩም ናብ መስጊድ ቀልጢፍኩም እተዉ... እናበሉ ብሓይሊ ኪደፍእዎም ጀመሩ።



ገለ ካብቲ ኣብ 1970 ዝተቃጸለ ገዛውቲ በስክዲራ

ናብቲ መስጊድ ምስ ኣተዉ፡ እቶም ወተሃደራት፡ “ሕጂ ሻምበል መጺኡ ኣሎ እሞ፡ ዕ ልል እናበልኩም ኣጣቕዑ በልዎም። ሕዝቢ ከኣ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ንምፍጻም ዕልልታን ጣቓሚትን ደርጉሑ። ሃንደበት ከኣ ብሓሙሽተ ወገን ናይቲ መስጊድ፡ ማለት ብማዕጾን በርባዕተ መሳኹትን ክትኮሱ ጀመሩ። 120 ሰባት ከኣ ንኽትገልጸ ዘጸግም ብዘስካሕክሕ ጭካኔ ኣብ ውሽጢ መስጊድ ኣህሊቆሞም።[17]

ነዚ ንኹሉ ኣገናዚብና እንተርኢናዮ፣ እቶም ወተ ሃደራት ነቲ ሻንበል ነዚ ሕዝቢ እንታይ ንግበሮ ዝብል ሕቶ ከም ዘቕረብሉ'ሞ፡ እቲ ሻንበል ከኣ፡ ነቲ ሰላማዊ ሕዝቢ ክቕትልዎ፡ ነቲ ዓዲ ከኣ ከቃጽልዎ ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈሎም ክንርዳእ ንክእል።

ኣብ'ቲ ጊዜ'ቲ፡ ኣብ ፈርሔን ቆሞስ ዝነበሩ፡ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድህን፡ ናይ ምሽት ሰዓት ኣርባ ዕተ ኣቢሉ፡ ኮነታት ንኽፈልጡ ብመንኪና ምስ ሰለስተ ሰብኡት፡ ካብ ፈርሔን ናብ በስክዲራ ኣምርሑ። ናብ በስክዲራ እንተ መጹ፡ እንትርፎ ፍርቂ ጎድኖም ዝሓረሩ መሓስኣት፡ ኣጓዱ ናይቲ ዓ ዲ ብሓዊ ተቓጺሉ፡ ዓዲ ከም ዘይነበረ፡ ኣብ ማእከል ዓዲ ኮይንካ ጸዊዕካ፡ ናይ ዓቢ ይኹን፡ ናይ ንእሽቶ ሰብ፡ ድምጺ ዘይትሰምዓሉ፤ ኣብ ገዛውቲ ናይቲ ዓዲ እንተቐረቡ፡ ዝሓረረ ማሽላ ጥራይ ጸንሑም። ብድሕ ሪ'ዚ፡ ኣባቱ ነዚ ሕዝቢ ኣበይ

[17] . Ibid: P. 16-17.

ኣእትዮሞ ኢሎም፡ ሃለዋት ናይቲ ዝጓስይዎ ዝነበሩ ሕዝቦም፡ ኽፈልጡ፡ ላዕልን ታሕትን በሉ።



ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድህን ኣብታ 120 ሰለማውያን ሰባት ዝሃለቑላ መስጊድ በስክሪራ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምናልባት ንከረን'ዶ ወሲዶሞም ኮይኖም፡ ዚብል ምህሙን ተስፉ ገሮም፡ ኣብ ልዕሊ እታ ህልቂት ዝተፈጸመላ መስጊድ፡ ዘሎ በሪኽ ቦታ ኮይኖም፡ ደሃይ ንክፈልጡ የማን ጸጋም ከማዕድዉ ጀመሩ። ኣብ መጨረሽታ፡ ኣብ ድርኩሾት ናይታ ህልቂት ዝተፈጸመላ መስጊድ፡ ሓደ በቲ ዝተፈጸመ ህልቂት፡ ልቡ ዝዓወኖ፡ ጸዊዕካዮ ዘይምልሽ፡ ሰብ ረኣዩ። ኾነታቱ ኪፈልጡ ናብቲ መስጊድ ቅርብ እንተበሉ፡ ደም ናይቶም፡ ኣብቲ መስጊድ ዝሃለቁ ሰላማውያን ሰባት፡ በቲ ድርኩሾት ናይቲ መስጊድ

ክዛሪ ተዓዘቡ። ማዕጾ ከፊቶም እንተ ኣተዉ፡ ሬሳ ኣብ ልዕሊ ሬሳ፡ ተኾሚሩ ጸንሑም። ብስንባደ ተዓ ኒዶም ዚገብርዎ ጠፍኦም። ሬሳ ኣብ ልዕሊ ሬሳ፡ መንደቐ ብደምን ፈርስን ተጸያይቑ፡ ካብ መንደቐ ዝፈሰሰ ኖራ ብደም ተባዒጡ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ወዲቆም ዝነበሩ ሰባት ሸፊንዎም ከም ዝነበረ ረኣዩ።[18]

ገለ ብሕይወቶም ዝተረፉ እንተለዉ ንኽፈልጡ ከኣ፡ “መን ኣሎኻ?” ኢሎም ኪሓቱ ጀመሩ። እንተኾነ እቶም ውሑዳት ውጻእ መዓት ዝነበሩ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ኣብቲ መጀመርያ ክርሽንዎም ከለዉ፡ ድምጺ ምስ ገበሩ የዳግምዎም ስለዝነበሩ ድምጺ ናይቶም ጓስኦም ዝነበሩ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመ ድህን ምስ ሰምዑ'ውን፡ ድምጺ ወተሃደራት ኢትዮጵያ መሲሉዎም፡ ትም በሉ። ኣባ ተወልደብርሃን “ኣይት ፍርሁ፡ ኣነ ኣባቴ ኢየ!” ምስ በልዎም ግን፡ እቶም ብሕይወቶም ዝነበሩ፡ ተንሲኦም ድሃይ ኪገብሩ ጀመሩ። ብድሕሪ'ዚ ኣባቴ ነቶም ብሕይወቶም ዝተረፉ ውጻእ መዓት፡ ስርዓት ቤተ ክርስትያን ንከብጽሑሎም፡ ስርዓት መጽሓፍ ቀንዲልን ቅብዓ ሕሙማን ኬምጽኡ ናብ ፈርሔን ጎየዩ።

ካብ ፈርሔን ሕዝቢ ጸዊያም ከኣ፡ ንኦሎም ነቶም ብሕይወቶም ከለዉ ዘርከብሎም ስርዓት ቤተ ክርስት ያን ምስ ኣብጽሑሎም፡ ብመንኪና ናብ ፈርሔን ወሰድዎም። ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያን

[18] . Ibid: P.16.

ኣእትዮም ከኣ፣ ቀዳማይ ረድኤት ገበርሎም። ንጽባሕቱ ነቶም ውጉኣት በቲ ናይቲ ከባቢ ሕዝቢ ገይሮም፣ “ናብ “ክንፉእ” (ማዕረ ዶሮቕ ዘሎ ጽርግያ ካትራመ) ኣብጽሕዎም። ኣባ ተወልደብርሃን ሰብ ልኢኾም፣ ነቶም ኣብቲ ጊዜ'ቲ ሓለቓ ዘርኣ ክህነት ደበረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን ዝነበሩ፣ ኣባ ኣየለ ተኽለሃይማኖት፣ ነቲ ኣብ በስክዲራ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ህልቂት፣ ሓቢሮሞም ስለዝጸንሑ፣ ኣባ ኣየለ ተኽለሃ ይማኖት መኪና ቀሪቦም ጸኒሖም፣ ነቶም ውጉኣት፣ ካብ “ክንፉእ” ብመንኪና ናብ ሆስፒታል ከረን ወሰድዎም። ብሳላ ዝተወሃህደን ቕልጥፉን ጻዕሪ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድኅንን ኣባ ኣየለ ተኽለሃ ይማኖትን ሕዝቢ ናይቲ ከባብን ከኣ ካብቶም ውጉኣት ብዙሓት ድሒኖም።

ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ከም ስለያ ተወዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረ፣ ካብ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላን ካብ ደናግልን ብርክት ዝበለ ገንዘብ ተቐቢሉ፣ ኣብ ጠይቂ ናይ ኣድጊ ሰፍዩ ናብ ከረን ዝነበሩ ካህናትን ደናግልን ከም ዘብጽሑን እቶም ኣብ ከረን ዝነበሩ ካህናት ከኣ ነቶም ኣብ ፊርሔን ኮነ ኣብ ምሕላብ ዝነበሩ ካህናት የከፋፍልዎ ከም ዝነበሩ ኢዩ ዝሕብር።[19]

---

[19] ቃለ መጠይቕ ምስ ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ። ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ፣ ካብ 1970 ጀሚሩ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ተወድቡ ክሳብ መዓልቲ ናጽነት ከም ስለያን መጽናዕትን ኮይኑ ዝሰርሐ ምኩር ተጋዳላይ ኢዩ። ገለ

ኣባ ኣጎስጢኖስ፣ ነቲ ኣብ ያናን በስክዲራን ዝተፈጸመ ህልቂት፥ ምስ ሰምዑ፥ ናብ “ጠቅላሊ ግዝኣት” ተባሂሉ ዚጽዋዕ ዝነበረ፥ ቤት ጽሕፈት ኣማሓዳሪ ኤርትራ ኣስራተ ካሳ ከይዶም፥ ከምዙይ ኢሎም ተዛረብዎ፤ “ክቡር ጎይታና እዚ ኣብ ግዝኣ ትኩም ዝፍጸም ዘሎ ህልቂት ትሰምዑዎዶ ኣሎኹም? ወተሃደራትኩም፥ ነቲ ሓንቲ ኣበሳ ዘይብሉ ሰላማዊ ሕዝቢ፥ ብሳንጃን ብጥይትን እናህለቁን ደም ንጹሓት እናፍሰሱን፥ ትም ኢልኩም ትዕዘቡዎም ኣሎኹም! እንተኾነ ደም ንጹሓት ሃየንታ ኣለዎ”፥ ኢሎሞ ወጽኡ።[20]

ብድሕሪዚ ኣስራተ ካሳ፥ ብዘረባ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ስለ ዘይተሓጎሰ፥ ብዙሕ ተቆጥዐ፥ ብነድሪ ካብ ቤተ ጽሕፈቱ ወጽኡ ከኣ ላዕልን ታሕትን ክብል - መረ።

ገለ ለባማት ነዚ ነድሪ ኣስራተ ካሳ ዝተዓዘቡ፥ ካብ ሕርቃን ዝተላዕለ ሓሪቁ ነባቴ ከይጎድኦም ሰጊኦም፥ ንሕርቃን ኣስራተ ካሳ ከዝሕሎ ዝኽእል ሓደ ሰብ ንምርካብ ተጓየዩ። ኣብ መጨረሽታ ምስ ኣስራተ ካሳ ኮነ፥ ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ጽቡቕ ሌላ ዝነበሮም፥ ሊቀ መዛምራን ሃለቃ ሞጎስ ናብ ኣስራተ ካሳ ከይዶም ኮነታት ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ

ካብቲ ንሱ ዝነጥፈሉ ዝነበረ ስርሓት፥ ኣብ ውሽጢ ኩተማ ንሕዝቢ ዘበሳብሱ ዝነበሩ መራሕቲ ቀይሕ ሽብርን ካልኦት ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ስርሓት ዝተዋፈሩ ሰባት ኪቕንጸልሉ ዝጥዕም ኮነታት ምጽናዕን ምስላይን ኢዩ ነይሩ።

[20]. ቃለ መጠይቕ ምስ ኣባ ወልደየሱስ እማን (ማሕበር ካፑቺን)

ከረድእዎ ተማሕጸ ንዎም። ሊቀ መዛምራን ሃለቃ ሞጎስ ከኣ፣ ንኣስራተ ካሳ ከይዶም፣ ነባ ኣጎስጢኖስ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ከም ዚጎድሎም፣ ንዚዛረብዎን ንዚገብርዎን ህድእ ኢሎም ዘይሓስቡ ስሕው ዝበሉ ፈላሲ ገይሮም ብምቕራብ፤ ነቲ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ መጺኦም ዝተዛረብዎ ዘረባ፣ ክብደት ኪህቦ ከም ዘይብሉ ኣረድእዎ። ብድሕሪ'ዚ ኣስራተ ካሳ ሕርቃኑ ብመጠኑ ክዝሕለሉ ከኣለ።

ንፈርሔን ንምድሓን ዝተገብረ ጻዕሪ

ኣባ ተወልደብርሃን፣ ማዕረ-ማዕረ እዚ ዕረፍቲ ዘይነበሮ ስራሕ ካልእ ኣብ ምድሪ ሸዅና ዝርከባ ዓ ድ ታት፣ ብሪጋ ይቃጸላን ሕዝበን ከኣ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ክሃልቕ ምስ ተገንዘቡ፣ ነታ መዓልታ ትጽበ ዝነበረት ፈርሔን፣ ካብ መንጋጋ እቶም ዓድታት ምቕጻልን ሕዝቢ ምህላቕን፣ ስራሕና ኢሎም ተተሓ ሒዞሞ ዝነበሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ንምድሓን እዮም ተጓይዮም።

እቲ ዝበለጸ ኣመራጺ ኢሎም ዝወሰድዎ ከኣ፣ ነቶም ኣብ ከረን ዝነበሩ ወዲ ማሕበሮም ኣባ ኣየለ ተኽለሃይማኖት፣ ምስ ኮሎኔል ዋላና ዝተባህለ ኣዛዚ ጽቡቕ ሌላ ከም ዘለዎም ይፈልጡ ስለዝነበሩ፣ ቀልጢፎም ነዛ ትስዕብ መልእኽቲ ጽሒፎም፣ ብሓደ መንእሰይ ገይሮም ንከረን ሰደዱሎም። ትሕዝቶኣ ናይታ መልእኽቲ ከምዚ ዚስዕብ ኢዩ፣ “ዝኸበርኹም ኣባ ኣየለ ተኽለሃማኖት፤ ኵነታት ከምዚ እትርእይዎን እትሰምዑዎን ኢዩ ዘሎ። ስለዚ

ንድሕነት እዚ ወላ ሓንቲ ኣበሳ ዘይብሉ ዝሃልኾ ዘሎ ሕዝብና ዚከኣለኩም ግበሩ። ብዝያዳ ነቲ ኣብ ከረን ዘሎ ዓር ኽቡም ኮሎኔል ዋላና ኮነታትና ግለጽሉ....."።[21]

ኣባ ኣየለ እታ መልእኽቲ ምስ ተቐበሉ፣ ቀልጢፎም ናብ ኮሎኔል ዋላና ከይዶም፣ ነቲ ኮነታት ገለጽሉ። ኮሎኔል ዋላና ከኣ ነዚ ዚስዕብ መልሲ ሃቦም፣ "እቶም ካህን ምስ ሕዝቦም ኣብታ ቤተ ክርስትያን ፈርሔን ይጽንሑ። ካብኡ ወጻኢ ግን ሓላፍነት የብለይን ....."።[22] ኣባ ኣየለ ነዛ ካብ ኮል ዋላና ዝረኸብዋ ተስፋ፣ ቀልጢፎም መልእኽቲ ጽሒ ፎም ምስቲ ኣባ ተወልደብርሃን ዝለኣኹዎ መንእሰይ ገይሮም ሰደዱሎም።

ናብ ሰሉስ ዘውግሐ ለይቲ፣ ኣባ ተወልደብርሃን ምስ ሕዝቢ ፈርሔን ኮይኖም፣ ነቶም ኣብ በስክዲራ ዝሞቱ፣ ምሉእ ለይቲ ፋኑስ ወሊያም ናይ ሓባር ፍትሓት እናገበሩ፣ ብወገን ምብራቅ ናይቲ መስጊድ ኪቐብሩዎም ሓደሩ። እንተ ኾነ ግን ብሓደ ለይቲ ኪቐብርዎ ስለዘይከኣሉ፣ ኣጋ ወጋሕታ ምስ ኮነ፣ ሎሚ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ንፈርሔን ዝወፍሩላ መዓልቲ ኢያ ኢሎም ስለዝገመቱ፣ ነቲ ዝተረፈ ሬሳ፣ ኣብ ዝቅጽል ለይቲ ንክቐብርዎ፣ ማዕጾ ናይቲ መስጊድ ዓጽ ዮም ከዱ። ነቶም ብዘይ ዕርፍቲ፣ ምሉእ ለይቲ፣ ገሊኦም መቅበሪ ጕድጓድ ኮኾዕቱ፣ ገሊኦም ከኣ ሓመድ ኣዳም ከልብሱ ዝሓደሩ ሰብ

---

[21]. መልእኽቲ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድህን፣

[22]. Ibid

ፈርሔን፡ ከቋርጽዎ ሓበርዎም። ብድሕሪ'ዚ ምስ ሕዝቦም ንፈር ሔን ተመልሱ።[23]

ሰሉስ 1 ታሕሳስ 1970፡ ኣባ ተወልደብርሃን ምስ ሕዝቦም እናተጸበዩ ከለዉ፡ መሬት ርፍድ ምስ በለ ብወገን ከረን ጽዑቕ ቑሽሲ ሰምዑ። ጽንሕ ኢሎም ከኣ፡ ካብቲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ዘቃጽልዎ ዝነበሩ ገዛውቲ ያና፡ ብርቱዕ ትኪ ክወጽእ ተዓዘቡ። ሰሉስ መዓልቲ፡ እታ ካብ ከረን ቁሩብ ርሕቕ ኢላ እትረከብ ያና፡ ዝተቓጸለትሉን ሕዝባ ልክዕ ከም ናይ በስክዲራ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ዝሃለቐላን ጸላም መዓልቲ ኢያ ነይራ። እቶም ሰሉስ ንፈርሔን ኃኽወፍሩ ኣብ ሩባ ዓን ሰባ ሓዲሮም ዝነበሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ነቶም ኣብ ያና ገዛውቲ ዘቃጽሉን ሕዝቢ ዘህልቁን ዝነበሩ ኪረድኡ ንያና ከዱ። ነዚ ዝተገንዘቡ ኣባ ተወልደብርሃን፡ ንግሆ ነቶም መውጋእቶም ፈኵስ ኮይኑ ንከረን ዘይከዱ ውጉኣት ክሕክሙ ኣርፊዶም፡ መሬት ምስ ቀተረ፡ ነቶም ጊዜ ስለዝሓጸሮም ክቀብርዎ ዘይከኣሉ፡ ኣብ መስጊድ በስክዲራ ዓጽዮም ዝሓደግዎ ሬሳታት፡ ምስ ሕዝቦም ኮይኖም ክቐብሩ ወዓሉ።

ሰሉስ ምሉእ መዓልቲ ክቐብሩ ውዒሎም፡ ምሸት ናብ ፍርሔን ምስ ተመለሱ፡ እቲ መልእኽቲ ጽሒፎም፡ ናብ ኣባ ኣየለ ተኽለሃይማኖት ዝለኣኽዎ መንእሰይ፡ ነታ ኣባ ኣየለ ዝሃብዎ መልእኽቲ ሒዙ ደሸኽ በሎም። መልእኽቲ ተቐቢሎም ከፊቶም እንተረኣይዋ፡ “ዝኸበርኩም ኣባ ተወልደብርሃን

[23] .Ibid: P: 20.

ገብረመ ድህን፤ ጽንኩርን ከቢድን ኮነታት ኣንኒፍኩም ከም ዘሎ ይርድኣኒ ኢዩ። ከምቲ ዝሓበርኩምኒ፡ ናብ ኮሎኔል ዋላና ከይደ ኮሉ ኣጋጢምኩም ዘሎ ሽግር ሓቢረዮ ኣሎኹ። ኮሎኔል ዋላና ብወገኑ፡ ኮሉ እቲ ሕዝቢ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ከምዝዕቆብ ይግበርዎ፡ እቶም ወተሃደራት ናብቲ ዓዲ ኣብ ዝኣትውሉ ጊዜ ከኣ፡ ምስ'ቲ ሕዝቢ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያን ይጽንሕዎም ዝብል ተስፋ ሂቡኒ ኣሎ'ሞ፡ እቲ ሕዝቢ፡ ኮሉ ዋኒኑ ገዲፉ ኣብ ቤተ ክርስትያን ከም ዝዕቆብ ግበሩ። ካብ ሓውኹም ኣባ ኣየለ ተኽለሃይማኖት ከረን” ትብል ነበረት።

ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ሰሉስ ምሉእ መዓልቲ፡ ንሕዝቢ ያና ብዘስካሕክሕ ጭካኔ ምስ ኣህለቅዎ፡ ረቡዕ ተርታ ናይ ፈርሔን ስለዝነበረ፡ ምሽት ሰሉስ ኣብ ሩባ ዓንሰባ ሓደሩ። ኣባ ተወልደብርሃን፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ሩባ ዓንሰባ ኣዕሪፎም ከም ዘለዉ ምስ ኣረጋገጹ፡ ብመሰረት ካብ ኣባ ኣየለ ተኽለሃይማኖት ዝረኸብዎ ጨራ ናይ ተስፋ፡ ለይቲ ደወል ናይ ቤተ ክርስትያን ደዊሎም፡ ንሕዝቢ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣእትዮም፡ ሕይወቱ ንምድሓን፡ ብምኽንያት ጥሪት ይኹን ካልእ፡ ካብ ቤተ ክርስትያን ክርሕቕ ከም ዘይብሉ ሓበርዎ።

ንግሆ ረቡዕ 2 ታሕሳስ 1970፡ ኣባቴ ቅዳሴ ወዲኦም፡ ልብሶም ከየውጽኡ ምስ ሕዝቦም ኣብ ቤተ ክርስትያን ወተሃደራት ክጽበዩ ኣርፈዱ። መሬት ርፍድ ምስ በለ፡ ካብ ማዕዶ ወተሃደራት

ናብ ፈርሔን ክመጹ ምስ ተዓዘቡ፣ ሕዝቢ ኣብ ውሽጢ፣ ኣባ ተወልደብርሃን ከኣ ልብሲ ክህነቶም ለቢሶም፣ መስቀል ዝሓዘ ዲያቆን ኣምሪሑም፣ ኣብ ኣፋፈት ቤተ ክርስትያን ፈርሔን ኮይኖም ተጸበይዎም። ወተሃደራት ብፊት ቤተ ክርስትያን ደሸኽ በሉ።

ሓደ ወተሃደር፣ ካብ በዓል ኣባቴ 10 ሜትሮ ፍንትት ኢሉ፣ ብሬኑ ተኸለ። ብድሕሪ'ዚ ሕዝቢ ካብ ቤተ ክርስትያን ንክወጽእ ትእዛዝ ተመሐላለፈሉ፣ ኣባቴ ምስ ደቂ ተባዕትዮ፣ ብሰሜናዊ ወገን፣ ደቀንስትዮ ከኣ ብደቡባዊ ወገን ቤተ ክርስትያን ፈልዮም ኣኽበብዎም። ኣባ ተወልደብርሃን መስቀሎም ሒዞም ጠጠው ኢሎም ስለዝነበሩ፣ “መስቀልካ ኣውሪድካ ምስ ሰብካ ኮፍ በል” ዚብል ትእዛዝ ተዋህቦም።

ቤተ ክርስትያን ብወተሃደራት ተኸበበት፣ ሕዝቢ ብፍርሒት ተሸቑሪሩ ረዓደ። እንታይከ ዘየርዕድ ኣለዎ? ተራእዩ ብዘይፈልጥ፣ ክልተ መዓልቲ ብዘይ ዕረፍቲ፣ በዞም ኣብ ቅድሚኡ ተገቲሮም፣ ሻንበል መጺኡ ናይ ህልቂት ስራሕኩም ጀሚሩ ንኽብሎም፣ ትእዛዝ ጥራይ ዝጽበዩ ዝነበሩ፣ ኣብ መስጊድ በስክዲራ ዝሃለቁ፣ 120 ሬሳታት ክቐብር ዝቀነየ ሕዝቢ እንድዩ!!።

ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ እቲ ትእዛዝ ክህቦም ዝጽበይዎ ዝነበሩ፣ ሻምበል ከበደ፣ በትሩ እናዋዛወዘ ደሸኽ በለ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ናይ ወተሃደራትን ናይ

ሕዝብን ክልተ ዘራኽብ ዘይብሉ ትጽቢት ኢዩ ነይሩ። ንሱ ከኣ፣ ብወገን ወተሃደራት፣ ንወላ ሓንቲ ኣበሳ ዘይነበሮ ሰላማዊ ሕዝቢ ንምህላኾ፣ ቃታ ናይ ብረትኩም ስሓቡ ዝብል ትእዛዝ ክመሓላለፈሎም፣ ብወገን ሕዝቢ ከኣ፣ ምሉእ ለይቲ ኣብ ቤተ ክርስትያንኩም ክትጽልይዎ ዝሓደርኩም እግዚኣብሔር ተቐቢሉልኩም ኢዩ ክብሃል። ኣዕይንቲ ሕዝብን ወተሃደራትን ከኣ፣ ነናተን ትጽቢት ንክሰምረለን ብሃንቀውታ እናተጸበያ፣ ናብ ከናፍር ሻንበል ከበደ ኣተኵረን ክጥምታ ጀመራ።

ሻንበል ከበደ፣ “ከመይ ሓዲርኩም” እንክብል ዘረብኡ ፈለመ። ናብ ኣባቴ እናኣመልከተ፣ “ንሸኻትኩም ምሁራት ኢኻትኩም። ሓቂ ከም እትዛረቡ ከኣ ልበይ ይኣምነለይ!.... እዚ ዓዲ ካብ ትኺን ቆንጪ (ጀብሃ) ድሓን ድዩ?” ኢሉ ሓተተ። ኣባ ተወልደብርሃን ብወገኖም፣ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ጌሮም፣ “እዚ ጊዜ ሕማቕ፣ ሰማዒ ከኣ ብዙሕ ስለዝኾነ፣ ኣነን ንሸኻን ግልል ኢልና እንተንዛረብ ዝሓሸ ኮይኑ ይረኣየኒ....” ዝብል ርእይቶ ሃብዎ።

ሻንበል ከበደ ንርእይቶ ኣባቴ ተሓጉሱ ተቐበሎ። ብድሕሪዚ ኣባ ተወልደብርሃን፣ ልብሲ ክህነቶም ኣራጊፎም ምስ ሻንበል፣ ናብ ገዛ ኣተዉ። ኣባቴ ንሻንበል ኣብ መንበር ኮፍ ኣቢሎም፣ “ሳዕሪ ጸናዕቲ ንሕሱም መዓልቲ” ክም ዝብሃል፣ ንሕሱም እዋን መሓለውታ ዓቕሮማ ዝጸንሑ ቢራ ምስ ኣብ ዝሑል ብራሾ ዝጸንሐ ማይ ሓዊሶም ቐረብሉ። ብረሃጽን ድኻምን ተካኢሉ ዝጸንሐ ሻንበል፣ ኣብ

ገጠር ቢራ ክጸንሑ ዘይተጸበዮ ስለዝነበረ፣ ተሓጉሱ ክሰቲ ጀመረ።

ሻንበል ከበደ ሰትዩ ምስ ወድኤ፣ ነባቴ፣ “ኣብዚ ኸባቢ ጀብሃ ኣለዉዶ” ዝብል ሕቶ ኣቕረበሎም። ኣባቴ ምስ ሕዝቢ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብዛዕባ ጀብሃ እንድሕሪ ሓቲቶሞም፣ እንታይ ክብሉ ከም ዘለዎም ድሮ ተማኺሮም ነይሮም።

ጀብሃ ኣይረኤናን ምባል ከስዕቦ ዝኽእል ወጽዓ ካብ ኮነታት በስክዒራ ስለዝተማህሩ፣ ዘላ ሓቂ ኪዛረቡ ተሰማሚያም ስለዝነበሩ፣ “ኣብዚ ከባቢ ጀብሃ መሊኦም ኣለዉ። ሎሚ ኣይረኣኹዎምን፣ ምኽንያቱ ከምዛ ዝርኣኻና ካብ ለይቲ ጀሚርና፣ ካብ ቤተ ክርስትያን ኣይወጻእናን፣ ትማሊ ግን መሊኦም ነይሮም። ስለዚ ነዚ ጎቦታት ኣይትእመኑዎ፣.....” በሉዎ። ቀጺሉ ሻንበል፣ “መሳርሒ ኣሎዎምዶ? እንታይ ዓይነት ብረት እዮምነ ሒዞም ነይሮም?” ዝብል ሕቶ ኣስዓበሎም። ኣባቴ “ዓይነት ናይቲ ሒዞሞ ዝነበሩ ብረት፣ እዚ ኢዩ ክብለካ ኣይክእልን እምበር ብዙሕ ኣለዎም” ዝብል መልሲ ሃበዎ። ሻንበል “ንሕና ከምዚ ኢሉ ሓቂ ዝነግረና ኢና ንደሊ” ብመልሶም ከም ዝዓገበ እናገለጸሎም ከሎ፣ እቲ ኸባቢ ብድምጺ ሄሊኮፕተር ተዓብለለ።

ኣባቴ ምስ ሻንበል እንተ ወጽኡ፣ ሄሊኮፕተር ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ቁምስና ቅዱስ ጊዮርጊስ ክትዓልብ ክትዝንቢ ጸንሓቶም። ኣብ ውሽጢ እቲ

ቀጽሪ ዝነበራ፣ ሰለስተ ጋባ ንክትዓልብ ስለዘጸገምኣ ከኣ፣ ንኪቕሩጻ ትእዛዝ ተመሓላለፈ። ኣባቴ “ኣንታ ብኽንደይ ጻዕሪ ዝዓበያ እየን” እናበሉ እኳ እንተ ለመንዎም ኣይሰምዕዎምን። እተን ሰለስተ ጋባ ምስ ተቐርጻ፣ ሄይለኮፕተር ብዘይ ጸገም ዓሊባ። ዘድልያ ጌራ ከኣ፣ ቀልጢፉ ተመሊሳ።

ብድሕሪ'ዚ ሓደ ቀይሕ፣ ረጊድ እቶም ወተሃደራት ኣኽባር ሕጊ ኢሎም ዝጽውዕዎ ዝነበሩ፣ “ንሻምበል ከበደ፣ እዚ ዓዲ ይቃጸል'ሞ፣ ንቕድሚት ንቐጽል” በሎ። ሻምበል ክሓስብ ድሕሪ ምጽናሕ “ብወገነይ እዚ ዓዲ'ዚ ኣይቃጸልን ኢዩ!!” ዝብል መልሲ ሃቦ። ኣኽባር ሕጊ ካብቲ ተሰኪሙዎ ዝነበረ ሳንጣ፣ ሓደ ጽሑፍ ኣውጺኡ፣ “መምርሒና ካብ ዓ ንሰባ ጀሚርኩም ክሳዕ መንሳዕ እናቃጸልኩም ኪዱ፣ ዶይኮነን ዝብል”? እንክብል ሓተቶ።

እንተኾነ ሕጂ'ውን ሻንበል ከበደ ሓሳቡ ኣይለወጠን፣ ነቲ እንታይ ኮን ይገብሩና እናበለ ተሸቕሪሩ ዝነበረ ሕዝቢ፣ “ኣዋጅ መንግስቲ ሰሚዕ ኩሙዎ ኣሎኹም። እቲ ኣዋጅ ካብ ዓንሰባ ክሳብ መንሳዕ “ኣንድዱ” ኢዩ ዝብል። ካህንኩም ግን ቅድም ቀዳድም ንዓይ ቅተሉ ስለዝበሉኒ፣ ምእንቲ እዞም ካህንኩምን እዚ ደብሪ ቅዱስ ጊዮርጊስን ምሒርናኩም ኣሎና። ሓንቲ ክመኽረኩም ዝደሊ ግን፣ ካብዚ እንተ ኣልገስኩም ዝሓሸ ኮይኑ እስምዓ ኒ። ምኽንያቱ እቲ ብድሕረይ ዝመጽእ፣ ካባይ ዝሸፍእ ወይ ዝሓይሸ ኪኸውን ይክእል ኢዩ” በሎም።

ኣባቴ ከኣ፥ "እዛ ዓዲ፣ ዓዲ ሰላም ኢያ፣ ካብ በልኩማስ፣ ዓዲ ሰላም ምኻና ዝገልጽ ጽሑፍ'ንዶ ግደፉልና" ዝብል ምሕጽንታ ኣቕረብሉ። ሻንበል ከበደ ግን መልሲ ንክህበላ ልዕሊ ዓቕሙ ግዲ ነይራ፣ ነባ ተወልደብርሃን ዝኾነ መልሲ ከይሃቦም፣ ንወተሃደራቱ ናይ ምብጋስ ፈስካ ነፊሑ፣ ምስ ወተሃደራቱ ብምብራቓዊ ወገን ፈርሔን ዘሎ ሩባ ኣቢሉ ጉዕዞኡ ቀጸለ። ኣብ መጨረሽታ፣ ኣባቴ ምስ ሕዝቦም፣ ነቲ ከም ጽላል ኾልዓው ኣጽሊልዎም ዝወዓለ እግዚኣ ብሔር፣ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣትዮም ናይ ምስጋና ጸሎት ኣብጽሑ።

ነዚ ኵሉ መሰረት ብምግባር፣ ፈርሔን ካብተን ሕዝበን ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝጸነታ በስክዲራን ያናን፣ ብሳላ ኣብ ጸጋ እግዚኣብሔር ዝተመርኮሰ፣ ውሁድ ጻዕሪ፣ ናይ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድህንን ኣባ ኣየለ ተኽለሃይማኖትን፣ ኢያ ክትድሕን ዝኾኣለት ክንብል ንክእል። እዚ ማለት ከኣ፣ ሳላ ኣባ ተወልደ ብርሃን ቀልጢፎም ነባ ኣየለ ተኽለሃይማኖት ዝሓበ ሩን፤ ኣባ ኣየለ ከኣ፣ ናብ ኮ/ል ዋላና ከይዶም ኣምሪሮም ስለ ዝለመኑን፣ ኮሎኔል ዋላና ብወገኑ፣ ንሻንበል ከበደ እኩል ሓበሬት ሂቡ፣ ንፈርሔን ከይትትንክፍዋ ዝብል ትእዛዝ ስለ ዝሃቦ፣ ድኣ 'ምበር፣ ሻንበል ከበደ፣ ደንጊጹ ወይ ኣባቴ ዝሑል ቢራ ስለዘስተይዎ ኢዩ ክንብል ኣይንደፍርን። ምኽንያቱ እቲ ኣኽባር ሕጊ ንሻንበል ከበደ፣ "እዛ ዓዲ ትቃጸል'ሞ ንቕጽል" ክብል ከሎ፣ እቲ ቅድሚ ኣባ ኣየለ፣ ንኮ/ል ዋላና ምርካቦም፣ ንሓለፍቲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ተዋሂቡ

ዝነበረ ትእዛዝ፡ ፈርሔን ንኽትቃጸል ውዱእ ነገር ከም ዝነበረ ኢዩ ዘብርሃልና።

ሕቶ ኣባ ኣንስጢኖስ ተድላ እምበኣር ካብዚ ኢዩ ዝነቅል፣ ንሱ ከኣ፡ ንጹር ኢዩ ነይሩ፡ "ስለምንታይ ወላ ሓንቲ ኣበሳ ዘይብሉ ንጹሕ ሕዝቢ፡ ኣብ ዝተዓቐበሉ ኣብያተ ክርስትያንን መሳጊድን ዝግፋዕን ዚቕተልን?፡ ጨቕጫ ኢሉ ዘጥረዮ ጥሪቱ ዝዝረፍ? ንብረቱ ከኣ ዝቃጸል?" ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ነፍሰሔር ብጹዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንሳዋ እውን፡ ኣብ ዓመታዊ በዓል ቅዱስ ሚካኤል ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ወፊሮም፡ ነቶም ብረት ዝዓጠቑ ተጋደልቲ ዘይኮኑስ፡ ነቶም ሓንቲ ኣበሳ ዘይነበሮም ሰላማውያን ሰባት ቀቲሎም፡ ከተማ ክኣትዉ ከለዉ፡ ዝጭድሩ ዝነበሩ፡ "ቆልዓ ሰበይቲ ቀቲልካ ኣብ ከተማ ምፍካር እግዚኣብሔር ዘይፈትዎ ተግባር ኢዩ!፡ ንጹሓት ሰባት ምቕታል ሓላፍነት ዘለዎ የሎን" እናበሉ ብዛዕባ'ቲ ዚፍጸም ዝነበረ ግፍዒ ኣምሪሮም ሰለኹ።[24]

ከምኡ'ውን ኣብ ከረን ዝቕመጥ ዝነበረ፡ ኣሜሪካዊ ሚስተር ዳውን ሂዩ ዝተባህለ፡ ነቲ ኣብ ምድሪ ሰኹናን ያናን ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ህልቂት፡ ብኣካል ከይዱ ስኢሉ ናብ ምሉእ ዓለም ከም ዝዝርጋሕ ገይሩ ኢዩ። ነቲ ዝተፈጸመ ባርባራዊ

---

[24]. ኣባ ዘርኣያዕቆብን ኣባ ተወልደብርሃንን፡ ትምጻእ መንግስትከ፡ ቁጽሪ 73/74፡ 2001-2002፡ ገጽ-22።

ህልቂት ንዓለም ብምቅልሑ ከኣ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ካብ ኤርትራ ኪወጽእ ኣዘዝዎ።[25]

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ብምኽንያት'ቲ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝሃልቅ ዝነበረ ሰላማዊ ሕዝቢ ምእዋይ፡ ናብ ኣስራተ ካሳ ብምኻድ ጥራይ ኣየብ ቅዔን፣ ምስቶም ዓበይቲ ዓዲ ተኣኻኺቦም፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ደጃዝማች ተስፋዮሓንስ በርሀ፡ ምክትል እንደራሴ ዝነበረ ከይዶም ነቲ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፍጸም ዝነበረ ህልቂት፡ ደው ንክብል ብተደጋጋሚ ጥርዓ ኖም ኣቕሪቦም እዮም።

እዞም ዝተጠቕሱ ሽማግለታት፡ ጥርዓኖም ብሓደ ወኪሎም ገይሮም፡ ናብ ደጀዝማች ተስፋዮሓንስ በርሀ ምስ ኣቕረቡ፣ ደጀዝማች ተስፋዮሓንስ በርሀ፡ ነቲ “ዓሳታት ንኹተጥፍእ መጀመርያ ባሕሪ ከተንጽፍ ኣለኻ፡” ዝብል ፍልስፍና ንጉስ ሃይለስላሴ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንሕዝቢ ኤርትራ ንምርዓድ ዝተሓንጸጸ መደብ፡ ኣብ ኮሉ ኮርንዓት ኤርትራ ከኣ ብወተሃ ደራት ኢትዮጵያ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዕ ን ህልቂትን፡ ብመደብ ይፍጸም ከም ዘይነበረ ንኹተዓኻሽዎም፡ ንጥርዓኖም ብኽምዚ ዝስዕብ መልሲ ክህበሉ ፈተነ፣ “ወተሃደራትና መሬት ኪድህስሱን ንወንበዴታት ንኹጥፍኡን ትእዛዝ ተመሓላሊፉ ኣሎ”፡ ድሕሪ ምባል፡ ቀጺሉ “ቸኩሲ ኣብ

[25]. Ibid

ዝኽፈተሉ እዋን ከኣ በራሪ ጥይት ሰላማውያን ሰባት ክልክም ይኽእል ኢዩ። ኮነ ኢሉ ንሰላማውያን ሰባት ዝቕተለ ወተሃደር ግን የሎን" ብምባል፣ ነቲ ኮነ ኢልካ ዝፍጸም ዝነበረ ክሸፋፍኖን ዘይምኽኑይ ሓሳባት ኪህበሉን ፈተነ።

በዚ ምላሽ'ዚ ዝሓዘኑ ኣባ ኣጎስጢኖስ፣ "ጎይታና ዘረባ መላኽ ጉርዲ የብሉን ድኣ ከይከውን እምበር፣ ብዛዕባ ብበራሪ ጥይት ዝልክም ዘሎ ኣይኮነን ጥርዓ ና። እንታይ ድኣ፣ ኮነ ኢልካ ንቆልዓ ሰበይቲ፣ ንነፍሰ-ጾር፣ እቲ ሎሚ ኣብ ከብዲ ዘሎ ጽባሕ ተወሊዱ ወንበዴ ኪኸውን ኢዩ እናተባህለ፣ ብዓቢ ጭካነ ብሳንጃ ዝዝል ዘል ዘሎ፣ እቲ ኣብ ቤትክርስትያን መስጊድን ተዓቕኑቡ ከሎ፣ ብወተሃደራትኩም ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ዝርሸን ዘሎ ሰላማዊ ሕዝብና ኢዩ፣ ዘዛርበና ዘሎ" ሕጂ'ውን ፍቃድኩም እንተኾይኑ ንሰላማውን ንጹሕን ሕዝቢ ምግፋዕ፣ ጠጠው ከተብልዎ ክንምሕጸነኩም ኢና፣ መጺእና ዘሎና" ዝብል ምሕጽንታኣም ኣቕረቡ።[26]

ብድሕሪ'ዚ፣ ብኣስራተ ካሳ ዝተጸውዔ፣ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ህሉው ኮነታት ኤርትራ፣ ዝምርምር ዋዕላ፣ ኣብ ኣደራሽ መካነ-ገነት ኣስመራ ተገብረ። ናይቲ ዋዕላ ቀንዲ ዕላማ ከኣ፣ ነቲ ንናጽነት ኤርትራ ንምምጻእ ተበጊሱ ዝነበረ ቃልሲ፣ ኣነኣኢስካ ናብ ሕዝቢ ንምቕራብ ኢዩ ነይሩ። እቲ ቃልሲ፣ ናይ ምሉእ ሕዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፣ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ፣ ጨራ ናይ ናጽነት፣ መሊኡ ንከንጸባርቕ፣ ዘየጠራጥር

---

[26]. ትምጻእ መንግስትከ፣ ቁጽሪ 58፣ 1993፣ ገጽ - 49።

ምኻኑ፣ ዝሕብር አንፈት ሒዙ እንከሎ፣ ንምንእአስ ብዙሓት ሰበስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ "ዕማኽ ብዘይኣኽሉ ሰባት፣ ዝቐመ ምንቅስቃስ" ኢዩ እናበሉ ይምድሩ ነይሮም።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ እቲ ብሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝውሃብ ዝነበረ ሓሳባት፣ ንርእስካ ምትዕሽሻው ኢዩ ብምባል፣ ኣብቲ ኣኼባ ነዚ ዚስዕብ ቃል ትንቢት ኣስምዑ። "እዞም መንግስቲ ዕማኽ ዘይኣኽሉ ዝብሎም ዘሎ፣ እንተሓሚቹ፣ እንተጸቢቹ፣ ሓደ ኪበጽሕዎ ዚደልዩ ዕላማ ኣለዎም። ስለዚ ነዚ ዘሎ ኮነታት፣ ብጸቢብ ኣረኣእያ ከይርኤና፣ ምስኦም ተዛቲኻ ኣብ ዕርቂን ሰላምን እንተዝብጻሕ ጽቡቕ ነይሩ። እዚ ዝግፉዕ ዘሎ ንጹሕ ሕዝቢ ከኣ ምረሃዎ"[27] ዝብል ርኢቶ ኣቕረቡ።

❁❁❁

[27]. ትምጻእ መንግስትከ፣ ቁጽሪ 58፣ 1993፣ ገጽ - 49።

ሳልሳይ ምዕራፍ

ኣቤባ ኣብ ኣደራሽ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ



ካብ 1973 ክሳብ 1974 ዝነበረ ጊዜ፣ ብሓፈሻ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ወሎን ትግራይን፣ ሕዝቢ ብሓለንጊ ጥሜት ዝግረፈሉ ዝነበረ፣ ሕሱም ጊዜ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ኮነታት'ዚ መዝሚዞም፣ ገለ መኮነናት ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ንስርዓት ሃይለስላሴ ክዓልውዎ ስለዘተባብዑ፣ ብ12-9-1974 ብመንፈንቅለ መንግስቲ፣ ንንጉስ ሃይለስላሴ ካብ ንጉሳዊ ስልጣኖም ኣውረድዎም።

እቲ መፈንቅለ መንግስቲ ምስ ተፈጸመ፣ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ከም ዝወደቐ ዝሕብር፣ ዝወጽኤ

ኣዋጅ ከምዚ ይብል፣ "ንልዕሊ 50 ዓመት፣ ዝመርሑ ንጉስ ሃይለስላሴ ቀዳማይ፣ ንዝተዋህቦም ልዑል ክብሮም ረሲያም፣ ስልጣን ብዘይ ኣገባብ ኣብ ውልቃዊ ጥቕሞምን ኣብ ከባቢኦም ንዝነብሩ ቤተ ሰቦምን ዓሳ ክሮምን ብምውዓል፣ ሃገርና ኣብ ከቢድ ጸገም ከም እትወድቅ ብምግባሮም፤ ዕድሚኦም ከኣ ልዕሊ 82 ዓመት ብምኻኑ፣ ካብ ሎሚ መስከረም 2/1967 (12/9/1974) ግርማዊ ቀደማዊ ንጉስ ሃይለስላሴ ካብ ስልጣኖም ወሪዶም ኣለዉ። ክቡር ግርማዊ፣ ቀደማዊ ንጉስ ሃይለስላሴ ሓይልታት ሰራዊት፣ ብኾነታት ጥዕናኹም ዝግደስ ብምኻኑ፣ ንድሕነትኩም ክብል ዘዳለዎ ቦታ ስለዘሎ ናብኡ ክትከዱልና ብትሕትና ንልምን"፣[28] ይብል። ብሽምዚ ከኣ፣ እታ ንብዙሕ ዘመናት፣ ብንጉሳዊ ስርዓት ትምራሕ ዝነበረት ኢትዮጵያ፣ ንጉስ ሃይለስላሴ ካብ ስልጣኖም ስለዝተኣለዩ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ስርዓ ት ወደቀት።

ካብዚ ንድሓር፣ ኢትዮጵያ ናብ ዝሓሸ ምዕባሌ ከተምርሕ ኢያ ዝብል ትጽቢት ናይ ብዙሓት እኳ እንተ ነበረ፣ ኣብ ተግባር ግን ብኣንጻሩ ኢዩ ኮይኑ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ፣ ማለት 1974፣ እቲ ብዕማኾ ዘይኣክሉ ሰባት ዝቕመ ምንቅስቃስ፣ እናተባህለ ብሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ዚቆናጸብ ዝነበረ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ሕሰም መግዛእቲ ዝመረሮም መንእሰያት ኤርትራ፣ ብብዝሒ ናብ ሰውራ ስለዝውሕዙ ዝነበሩ፣ ካብ ዕ ማኾ ናብ ሕፍንቲ ተለወጡ። ብክልተ እግሩ ደው

---

[28]. ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሰሉስ 20/5/2003፣ መበል 12 ዓመት ቑ.186፣ ገጽ 3።

ኢሉ፡ ዝሰፍሑ ክፋል መሬት ኤርትራ፡ ኣየር ናይ ናጽነት ከም ዘስተማቕር እናገበረ፡ ኣብ ኣፋፈት ኣስመራ ዝበጽሓሉ እዋን ኢዩ ነይሩ።

እዚ ዝተገንዘበ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ክሳብ ዝዳሎ ከጽንሑ ዘክእሎ ብልሃት መሃዘ። ንሱ ከኣ ንሕዝቢ ንምትላል፡ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ተጋደልቲ እቲዓርቕ “ሽማግለ ዕርቂ” ኸቕቑውም መራ ሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓዲን ኣኪቡ፡ ብብርሃኑ ባየህ ዝተመርሐ ኣብ ኣደራሽ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ፡ ኣኼባ ኣካይዱ ነይሩ። ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ኣባል ናይታ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቖመት ሽማግለ ዕርቂ እዮም ነይሮም።

ገለ ካብ'ቲ ኣብ ኣደራሽ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ፡ ዝተገብረ ኣኼባ፡ ብርሃኑ ባየህ ካብ ዘስምየ ቃል፡ ጽማቕ ናቱ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ። “ዝከበርኩም ኣባላት ሽማግለ ዕርቂ፡ ጊዝያዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ናይ ኤርትራ ሽግር፡ ካብቲ ዝበስበሰ ስር ዓት ዝወረሶ ምኻኑ ንኸሉ ግሉጽ ኢዩ። ጊዝያዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ካብ መጀመርታ ስልጣን ዝሓዘሉ መዓልቲ ጀሚሩ፡ ሽግር ናይ ኤር ትራ፡ ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ፡ ዘይሕለል ጻዕሪ እናገበረ ምኻኑ ንኸልና ብሩህ ኢዩ.....።

ከምኡ'ውን፣ ጊዝያዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብዛዕባ ናይ ሰላም ኣጆሙ ንኸሉ ግልጺ ኮይኑ ይስምዓኒ። ብሓጺሩ ሓድነታ ዝሓለወት ሃገር

ምምስራት፣ መላእ ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ብኮሉ መዳይ ኪምዕብል፣ ኮሉ ዕድሉ ብገዛእ ርእሱ ክውስን፣ ሓድሽ ምዕራፍ ምዕባሌ ናይ ሕዝቡ ክኸፍት፣ ኮሉ ዝክኣሎ ጻዕሪ ይገብር ኣሎ። እዚ ኮሉ፣ ኣብ ምዕራፉ ንክበጽሕ ግን፣ ሰላም ምስ ዝህሉ ጥራይ ኢዩ። ስለዚ፣ ነዚ ተረዲእኩም፣ ሰላም ንምህናጽ ዝግበር ኮሉ ጻዕሪ ብጽፉፍ ኣገባብ ክትቅጽልዎ፣ ፍሬ ድኻምኩም ኣዕጋቢ ዝኾነ ውጽኢት ንክትረክቡን፣ ከኣ እምነየልኩም"።[29]

ብርሃኑ ባየህ፣ ብዛዕባ እቶም ንናጽነት ኤርትራ ዝቃለሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣመልኪቱ ኪዛረብ ከሎ ከኣ፣ "ኣብ በረኻ ሸፊቶም *ዘለዉ ደቓኹም፣ ቀንዲ ምኽንያት* እዚ ኣብዚ ቀረባ ጊዜ ዝወደቀ ስርዓት ንጉስ ሃይለስላሴ ስለዝመረሮም እዮም። ሕጂ ግን፣ እቲ ስርዓት ስለዝወደቀ፣ ካብ በረኻ ናብ ዓዶም ተመልሶም፣ ሰላማዊ ሕይወቶም ኪመርሑ ክትመኽርዎም ኣሎኩም። ንዓና ሓደ ብሓደ ብእዝኖም ወጢጥና ከነእትዎም ቀሊል ኢዩ። ብኸምዚ መንገዲ ግን ንዕኡም ኮነ ንወለዶም ኣብ ከቢድ ስቃይን ሓዘንን ዘጥሕል ኢዩ"።[30] ዝብል ሓሳብ ኣቐሪቡ ነይሩ።

እዚ ብምሩጻት ቃላትን ሓረጋትን ዝተጠናነገ መደረ ብርሃኑ ባየህ፣ ንብዙሓት ግሩሃት ኣታሊሉ ኢዩ። በዚ ብሓደ ወገን፣ ናይ ምፍርራሕ መልክዕ

---

[29] . ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክውንነት ዝተመስረተ ዛንታ። ኣኣመራ 1999፣ ገጽ 230።

[30]. ትምጻእ መንግስትከ፣ ቁጽሪ 58፣ 1993፣ ገጽ -51።

ዝሓዘ፡ ብሓደ ወገኑ ከኣ ናይ ሰላም ዘተ ክጅመር ጸዓሩ ዝብል፡ ኣደናጋሪ መደረ ኣቶ ብርሃነ ባየህ ዝሓዘኑ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ተንስኡም፡ "ኣነ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ እብሃል፡ ከምዛ ትርእዩኒ ገመድ ተዓጢቐ፡ ዳዊተይ ኣብ ኢደይ ሒዘ ቀሪበ ኣሎኹ። ሕዝቢ ኤርትራ ውሑስ ሕይወት ካብ ዝስእን ዓ መታት ሓልፉ፡ ኣብ ገዛእ መሬቱ ተሸቐሪሩ ኃኸነብር ካብ ዝግደድ ዘመናት ኮይኑ ኢዩ" ድሕሪ ምባል፣ "ኣንድነት! ኣንድነት! ዚብል ቃል ንእዝንና ኣጽሚ ምዎ፡ ኣቶ ብርሃኑ ባየህ'ውን ካብዚ ሓልፎም ዘስምዑና ሓድሽ ነገር የሎን። ኣንድነት ክብል ከሎ መንግስቲ እንታይ ኬስምዕ ኢሉ ኢዩ? ሓድነት መሬት ከስምዕ እንተኾይኑ፡ መሬት ሓንቲ ኢያ፡ እግዚኣብሔር ፈጢሩዋ፡ ንሱ ከኣ ኢዩ ዋንኣ። ሓድነት ሕዝቢ ኬስምዕ እንተኾኑ ድማ ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ፈጢሩ ንዓለም ብዘርኦም ከም ትመልእ ገበራ፤ እዛ ዓለም'ዚኣ ብዙሓት ሕዝቢ ይሰፍርዋ ኣለዉ። ንሕና ሕዝቢ ኤርትራ ከም ሕዝቢ መጠን ነፍስና ክኢልና ክንመ ሓደር ብቑዓት ስለዝኾና ክትገዝኡና ኣይን ደልን፡ ናጽነት ከኣ ንደሊ ኣሎና፡ እንተበልና መሰልና ኢና ዝሓተትና፡ መሰል ንምሕታት ንምንታይ ንዓና ንሕዝቢ ኤርትራ ይንፈገና?

ካልእ ኣቶ ብርሃኑ ባየህ፣ ብዛዕባ ኣብ በረኻ ዘለዉ ደቅና ኣመልክቶም ኪዛረቡ እንከለዉ፡ ደቂኹም ዝወደቀ ስርዓት ሃይለስላሴ ስለዝመረሮም ኢዮም ንበረኻ ሽፊቶም ዘለዉ፡ ስለዚ እቲ ስርዓት ስለዝወደቐ፡ ንዓዶም ክምለሱ ምኽርዎም፡ ኢሎምና።

ንሕና ንደቅና ከም ጤለ-በጊዕ እተዉ፡ ኢልና ኣይነእትዎምን ኢና፡ ዝኣትውልና'ውን ኣይኮኑን፡ እቲ ምንታይ፣ ሰብ ዕጥ ቅን ብረትን ስለዝኾኑ። ስለዚ ነቲ ነገር ከየነአኣስና፡ ነዛ ሰላም ብሕጋዊ ዝኾነ መንገዲ እንተኣናደናያ፡ እቲ ዝበለጸ ኢዩ"[31] ዝብል ርእይቶ ኣቕረቡ። ድሒሩ ከም ዝተጋህደ'ውን እቲ እንኮ መፍትሕ ንሱ ኢዩ ኮይኑ።

ምጅማር ቀይሕ ራዕዲ ኣብ ኣስመራ

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ወተሃደራዊ ስርዓ ት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮነ ኣብ ኣስመራ፡ ብሓይሊ ሕዝቢ ንክንብርከኽ ሓደ ኢሉ ዝጀመረሉ ህሞት ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዘተግብር፡ ኣብ ኢትዮጵያ "ብቀይ-ሽብር" ዝፍለጥ፡ ንሕዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ብዘይ ኣፈላላይ ዕድመ፡ ጾታ፡ ንሰላማዊ ሕዝቢ፡ ብዘይ ገለ ሕቶ ናጻ ስጉምቲ ንክወስድ፡ ዝቐመ ጉጅለ ህልቂት ኢዩ።

"ኣብቲ መጀመርያ ኣብ ኢትዮጵያ ኢዩ ኣተኵሩ ነይሩ። ብዝያዳ ኣቶኩሮ ናብ መንእሰያት ኮይኑ፡ ፈለማ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ፡ ድሒሩ ኣብ ጎንደር፡ ደሴ፡ መቀለ፡ ጅማ፡ ናዝሬት ወዘተ ..... ብናህሪ እናሰፍሔ ከይዱ። ኣባላት ኢህኣፓ ካልኦት ተቐና ቕንቲ ኢኹም ተባሂሎም ዝተታሕዙ ሰባት ኣብ ክሊ ኣብያተ ጽሕፈት ዞባን ቀበሌን ብዙሓት ተኣሲሮም። መንእሰያት ዝተፈላለየ ዓይነት መግረፍትን ስቓይን ረኺቦም። በዚ'ውን

[31] . ትምጻእ መንግስትከ፡ ቁጽሪ 58፡ 1993፡ ገጽ -51

ኣይሓለፈሎምን ካብ እሱራት መብዛሕትኦም ተቐቲሎም።

ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ሬሳኦም፣ "ቀይሕ-ራዕዲ ሽቶኡ ኪወቅዕ'ዩ" ዝብል ጽሑፍ ተለጢፉ፣ ኣብ ኣደባባይን ሕዝቢ ብብዝሒ ዝንቀሳቐሰሉ ቦታታትን ተደርብዮም ይሓድሩ ነይሮም። ገለ፣ ሬሳኦም ኣብ ኣፍደገ ገዝኦም ይጸንሕ፣ እዚ ከኣ፣ ንስድራ ቤቶምን ንሕዝብን ንምርዓድ፣ ንምስቓይ፣ ኮነ ኢልካ ዝፍጸም ዝነበረ ተግባር ኢዩ ነይሩ። ሬሳ ደቆምን ቤተሰቦምን ወሲዶም ንኽቀብሩ፣ ኣብ ቅትለት ደቆም ዝውዓለ ጥይት ዋግኡ ክሽፍሉ ተሓቲቶም፣ ሬሳኦም ዝወሰዱ'ውን ብዙሓት እዮም"።[32]

ርግጽ ኢዩ እዚ ፍጸሜ'ዚ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣይሰርሔን ክንብል ኣይንክእልን ኢና። ሕዝቢ ኣዲስ ኣበባ፣ ብጭካኔ ቀይሕ ራዕዲ ተንበርኪኹን ርሚዱን፣ ኣፉ ክሕዝ፣ ካብ ደርጊ ዝመጸ ትእዛዝ ጥራይ ንክቕበል፣ ከም ዝግደድ ገይርዎ ኢዩ።

ነዚ ዝተዓዘቡ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ቀይሕ ራዕዲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ከምቲ ንሕና ዝሓንጸጽናዮ ካብ ሰርሔ፣ ኣብ ኣስመራ'ውን ዘይሰር ሓሉ ምኽንያት የለን ብምባል፣ ነዚ ዘተግብሩ ሰባት፣ ካብ ትግራይ እንብዓል ጸጋልዑል ኪሮስ ምሉእጌታ ብጾቶምን ኣምጺኡ፣ ንሕዝቢ ኣስመራ ንምርዓድ፥

---

[32] . ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክወንነት ዚተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጽ-121።

“ቀይሕ ራዕዲ ይጓሃሃር፣

ኣበይ?

ኣብ ኣስመራ

መኣስ?

ሕጂ!![33]

ዝብል ጭርሖ ኣልዒሎም ብወግዒ - መርዎ። ኣብ መፋርቕ 1975 ከኣ፣ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ ኣስመራ፣ ገለ መንእሰያት ኣእዳዎም ንድሕሪት ተጠሚሩ፣ ብተፈንጣሪ ስልኪ (Piano Steel Strangle)፣ ተሓኒ ቆም ዝሞቱ፣ ሬሳኡም ኣብ ከባቢ ኤክስፖ ተደርብዩ ተረኺቡ።

ብድሕሪ’ዚ፤ ብዙሓት መንእሰያት፣ ኣብ ሓደ ተኣኪቦም ብምጽንሑም ጥራይ፣ ናብ ሻዕብያ ክትከዱ ሓሲብኩም ብምባል፣ ብተፈንጣሪ ስልኪ ተሓኒቆም፣ ኣብ ከባቢ ኤክስፖ፣ ኣብ ማይ ጭሆት፣ ኣብ ቁሸት፣ ኣብ ቤት ጊዮርጊስ፣ ተቀቲሎም ምርካብ ልሙድ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ’ውን ኣብ ኣስመራ ንዝነበሩ ሃብታማት፣ ገንዘቦምን ወርቆምን ንኽወስዱ፣ ንሻዕብያ ዝኸውን ገንዘብ ኣዋጺእኩም፣ ብዝብል ሰበብ፣ ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ቤት ገርጊስ፣ ዝቀተልዎም ብዙሓት እዮም።

---

[33] . Ibid: P. 129.

እዚ ግን ንሕዝቢ ኣስመራ ኣየርዓዱን። ከምቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ዝተረክበ ውጽኢት'ውን ኣይተረ ኽበን። ምኽንያቱ ከኣ፣ እቶም ንጹሓት ሰባት ዝቐትሉ ዝነበሩ፣ በቶም ኣብ ከብዲ ኣስመራ ኮይኖም፣ ብጽፉፍ መጽናዕቲ፣ ኣብ ልዕሊ እቶም፣ ሰላማውያን ሰባት ዝገፍዑ ዝነበሩ፣ ኣባላት ቀይሕ ራዕዲ፣ ቀልጥፎም ስጉምቲ ይወስድሎም ስለዝነበሩ ኢዩ።

ሕዝቢ ብወገኑ፤ ነቲ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዒ ምስ ተዓዘበ፣ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ቅርሕንቱ ካብቲ ዝነበሮ ንላዕሊ እናገንፈለ ብምምጽኡ፣ ብብዝሒ ነቲ ኣብ ኣፋፈት ኣስመራ በጺሑ ዝነበረ፣ ሰውራ ኤርትራ፣ ብኣካል ኮነ ብንዋት ኣብ ምሕጋዝ ተጓየየ።

ነዚ ዝተዓዘበ ብርሃኑ ባየህ፣ ኣብ ኣኼባ፣ ንሽማግለ ዕርቂ፣ "ሕዝቢ ኤርትራ፣ ልቡ ካብ መንግስቲ ርሑቕ ኢዩ ዘሎ፣ ጽልኢ ጠፊኡ ፍቕሪ ክነግስ ከኣ፣ ዕማም ናትኩም ናይ ሽማግለ ዕርቂ ኢዩ"፣ ዝብል ሓሳብ ምስ ኣቕረበሎም፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ ከምዚ ዚስዕብ ቃል ኣስሚያም ነይሮም።

"ኣብ ክንዲ ጽልኢ ፍቕሪ ምስባኽ፥ ብቀዳምነት ንዓይ ከም ክርስትያን፣ ከም ፈላሲ፣ ከም ተኽታሊ ወዲ ቅዱስ ፍራንቸስኮስን ብሕልፊ ይምልከተኒ። ኣነ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ከተሓሳስቦ ዝደሊ፣ ጸላእቲ የብል ኩምን፣ ባዕልኹም ጸላእቲ ነብሽኹም ትኾኑ

ኣሎኹም። ብቀዳምነት ንርእሸኹም ክፉእ ኣመልኩም ኣርሙ። ምዝራፍ፣ ሰላማውያን ሰባት ምቕታል ኣቋርጹ። ሓንቲ ኣበሳ ዘይብሎም፣ ኣብ ፈቀዶ ጎደናታት ኣስመራ ብዘስካሕክሕ ጭካኔ ተቀቲሎም ዝሓድሩ ዘለዉ መንእሰ ያትና ሕያው ምስክር'ዶ ኣይኮነን? ሕጂ'ውን እዚ ሽምግልና ናይ ዕርቂ፣ ሓቀኛ ተበግሶ ምዃኑ ክንኣምኖ ንክእል፣ እዚ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ፣ ዝወርድ ዘሎ ህልቂት፣ ደው ምስ ዝብል ጥራይ ኢዩ"፣[34] ብምባል ነቲ ዝነበረ ኵነታት ገለጽዎ።

ብድሕሪ'ዚ ብዘረባ ኣባ ኣጎስጢኖስ ዚተቓጥዑ፣ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ "ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ክእሰሩ ኣለዎም፣ ምኽንያቱ ንብዙሓት ኣኼበ ኛታት ክጸልውዎም ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ከኣ ኣብ'ቲ ንጽበዮ ዘሎና ዕላማ፣ ንክንበጽሕ ዓቢ ዕ ንቅፋት ኢዩ" ዝብል ሓሳብ ኣቕረቡ። ኣቶ ብርሃኑ ባየህ ግን፣ "መጀመርያ ክዛረቡ ኣፍቂድናሎም ኢና። ካልኣይ ኣብ ምጅማር ክንአስር እንድሕሪ ጀሚርና፣ እዞም ሽማግለ ዕርቂ መሪጽና፣ ንበረኻ ክንሰዶም ንሳናዶ ዘሎና፣ ኣብ ራዕዲ ክኣትዉ እዮም። ሓንቲ ክንገብራ ኻኽእል፣ ነዚ ንሶም ዘቕርብዎ ዘለዉ ጥርዓን፣ መንግስቲ ንድሕነት ሕዝቡ ቀዳምነት ከም ዚሰርያ፣ ብዝተፈላለየ መንገዲ ተጠቂምና፣ ነዞም ኣኼበኛታት ኮነ ንሕዝቢ ከነእምኖ

[34]. ትምጻእ መንግስትከ፣ ቁጽሪ 58፣ 1993፣ ገጽ -50።

ምፍታን ጥራይ ኢዩ ዘሎና” ዝብል ሓሳብ ስለዘቕረበ ካብ ማእሰርት ዲሒኖም።[35]

❁❁❁

[35]. Ibid: P.51

ራብዓይ ምዕራፍ

ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐማ

ሰለስተ ሽማግለ ዕርቂ

መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ካብ መወዳእታ ኣዋርሕ 1974 ክሳብ 1976፡ በብጊዜኡ እናቐያየረ፡ ሰለስተ ሽማግለ ናይ ዕርቂ ኣቕሙ። እታ ቀዳመይቲ 38 ዝኣባላታ፡ ኣብ መወዳእታ 1974 ኢያ ቐይማ። ከም ብሓዲሽ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ነታ ቀዳመይቲ ኣፍሪሱ፡ ብ2-6-1975፡ ካልኣይቲ ሽማግለ ቐመት÷ እዚኣ ካልኣይት'ውን ብዙሕ ከይጸንሐት ኣቋረጸት÷ ኣብ መጨረሽታ ከኣ ብ8-5-1976 ሳልሰይቲ ሽማግለ ዕርቂ ብፊተውራሪ ሰሎሙን ተኽለ እትምራሕ ቐይማ።

ካልእ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ነተን ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ዝቐማ ሰለስተ ሽማግለ ዕርቂ፡ እቲ ናይ ሰላም ተበግሶ ብሕዝቢ ከም ዝነቐለ ገይሩ ኢዩ ዘቕርቦ ነይሩ። ንኣብነት ካብቶም ካብ ትሽዓተ ኣውራጃታት ኤርትራን ከተማ ኣስመራን ዝተወከሉ 800 ዝኾኑ፡ ጉባኤኛታት ኣብ ኣደራሽ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝተኣከብሉ እዋን 42 ሰባት ዘለውዋ ናይ ሕዝቢ ኤርትራ ጉባኤ ሰላም ኮሚቴ ምስ ቐመት፡ ብ8-ጥሪ 1970 ዓ.ም ብናይ ግዕዝ ኣቒጻጽራ ዘውጽኣቶ መግለጺ እንተርኢና፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል÷ "መልእኽቲ ናይዚ ኮሚቴ ሰላም፡ መሰረታዊ ዕላምኡ እዚ ኢዩ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያን

ክልተ ውዱባት ኤርትራን፣ ማለት ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራን ሕዝባዊ ሓይልታት ሐርነት ኤርትራን፡ ብዛዕባ ኣፈታትሓ ሽግር ናይ ኤርትራ፡ ብሓደ ከም ዝዝትዩ ምግባር ኢዩ። በዚ መሰረት፡ ንመንግስቲ ልመና ቀሪብሉ፡ ንምዝርራብ ቅሩብነቱ ኣረጋጊጹ ኣሎ”።[36]

እንተኾነ፣ እቲ ተበግሶ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነቐለ ኢዩ ነይሩ። ዕላምኡ ከኣ፡ ምስቲ ድሒሩ ዝማዕበለ ኵነታት እንተኣገናዘብካዮ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ኣብቲ ጊዜ'ቲ፡ ዘይተረጋግኤ ዝነበረ ኵነ ታት፡ ክሳብ ዝረጋግኡሉ፡ ጊዜ ኽሕረክበሉ ዝመሃዞ ብልሓት ይመስል።

ብዝያዳ ነዚ ዘብርሃልና ከኣ፥ እታ ሳልሰይቲ ናይ ዕርቂ ጉጅለ፡ ብ30/6/1976 ዓ.ም.ፈ ምስ ክልትኤን ውድባት፡ ንሶም ኣብ ዝመረጽዎ ቦታ፡ ኽትራኸብ ብዝሓተተቶ መሰረት፡ ብ4/6/ 1976 ዓ .ም፡ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዚተላእኸት መልሲ ጽማቐ እንተርኢና፥ “ቅድሚ ሕጂ ጸላእትና፡ ባዕዳዊት መንግ ስቲ ደርጊ፡ ናይ ሰላም ዘተ ዝብል ጭርሖን መናፍ ሕን እትውክል፡ ናይ ሰላም ልኡኻት፡ ብ38 ኣባላት ዝቐመት ከምዝተላእኸት፡ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ድማ፡ ብመንገዲ እታ ካልኣይቲ ጉጅለ፡ ናይ ሰላም ልዝብ ዝብል መልእኽቲ ከም ዝተሰደ የመልክት'ሞ፡ ቀጺሉ ከምዚ ይብል፤ “ፍሬኡ ድማ፡ ከምቲ ሕዝቢ ኤርትራ

[36] . . ደበሱ ኣበበ፡ መን ይንገር፡ ዝነበረ፡ ኣብ ክዊንነት ዚተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፡ ገጽ 231።

ዝግምቶ ዝነበረ፣ ዕላማ ዝተመርኰሰ ኣይነበረን፥ ስለዚ ፍሪኡ ኣሉታዊ እምበር ኣዊንታዊ ኣይነበረን"።

ቀጺላ እታ መልእኽቲ፣ ዕላማ ናይቲ፣ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ፣ ጉጅለ ሰላም እናቀያየርካ ምስዳድ ከተብርህ ከላ፥ "ድሕሪ ውድቀት መንግስቲ ንጉስ ሃይለስላሴ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ከቢድ ምንዋጽን ውድቀትን ስለዝተ ደርበየት፣ ብምጣኔ ሃብታውን ወተሃደራውን፣ መንገ ድታት ናይ ምቅርራብ ጊዜ ዕ ድል መታን ክትረክብ ኢዩ ይብል። ሓቅነት እንተ ዝህልዎ፣ እዚ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት፣ ተውርዶ ዘላ ሞትን ግፍዕን ጠጠው መበለቶ"[37] ዝብል ትሕዝቶ ይርከባ።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ'ውን፣ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ኣኼባ ናብ ብርሃኑ ባየህ ዘቕረቡዎ ምሕጽንታ፣ "ሰላም ንክመጽእ፣ መጀመርያ እዚ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝብና፣ ተውርዱዎ ዘለኹም ግፍዕ ታት፣ ጠጠው ኣብሉ!!" ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ሽማግለ ዕርቂ፣ ጉጅለ 38

እታ ቀዳመይቲ ናይ ዕርቂ ሽማግለ ብጉጅለ "38" ኢያ እትፍለጥ ወይ እትጽዋዕ ዝነበረት። እዛ ብጉጅለ "38" ትጽዋዕ ዝነበረት ናይ ዕርቂ ሽማግለ፣ ምስ ክልቲኣም ውዱባት ጽዑቕ ርክባት እናገበረት ንሽዱሽተ ወርሒ ዝሰርሐት ኢያ። ኣቃልቦ ብዙሓት መራኸብታት ዓለም ከይተረፈ'ውን ስሒባ ነይራ።

---

[37] . Ibid: P. 238

ንአብነት ናይ ቢቢሲ ወረ ተንታኒ ብዛዕባ እቲ ዝተጀመረ ምንቅስቃስ ዘተ ንሰላም፣ ኣብቲ "ፎካስ ኦን ኣፍሪካ" ዝተባህለ ፕሮግራም ብ7 ጥሪን ብ6 የካቲትን 1975 ብሰፊሑ ተንቲንዎ ነይሩ።[38]

ኣባላት ናይታ ጉጅለ እዞም ዝስዕቡ ነበሩ።

1. ደጃ/ገበረዮሓንስ ተስፋማርያም
2. ኣባ ተወልደብርሃን ወልደስላሴ
3. ሸኽ መሓመድ ሳልሕሓመድ=ም/ኣቦ መንበር
4. ኣባ ገብርኤል እስጢፋኖስ
5. ቀሺ እምባየ ሃብተእግዚኣብሄር
6. ኣባ ፍስሓጽዮን ዑቕባጋብር
7. ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ

---

[38]. ኣቶ ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክዊንነት ዚተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጽ 188። ኣብ ብዝሕ ኣባላት ናይታ ቀዳመይቲ ሽማግለ ዕርቂ፣ ኣብታ ብኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝተደርሰት "ሕድገታት ዘየፍቅድ መሰል" ዘርእስታ መጽሓፉ 37 ኣባላት ከም ዝነበርዋ ገይሩ ኢዩ ዘቕርባ። ኣቶ ደበሱ ኣበቡ ግን ኣብታ "መን ይንገር ዝነበረ" መጽሓፎም፣ 38 ኣባላት፣ ካብ ዓበይቲ ዓዲ፣ ካብ ኣቕሽሽት፣ ካብ መሻይኽ ዝተዋጽኡ 36 ሰባት፣ ካብ ዩኒቨርስቲ ሓደ ተመሃራይ ካብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክኣ ሓደ ተመሃራይ፣ ዝጠርነፉት 38 ኣባላት ከም ዝነበሩዋ እዮም ዚሕብሩ።

8. ኣባ ኪዳነማርያም ወልደሚካኤል

9. ግራ. ተኽለሃይማኖት ቦኽሩ= ኣቦ መንበር

10. ፊተ. ምስግና ገብረዝጊ

11. ግራ. ስዩም መዓሾ

12. ኮለ. ገረመድህን ኣስዒል

13. ቀዐ. መሓመድ ዑመር ቓዲ

14. ፊተ. ሙሳ ጋዓስ

15. ኣቶ ሓሰኖ መሓመድ

16. ግራ. ምስግና ኣልመዶም

17. መም. ወልደሚካኤል በርሀ

18. መም. መሓመድ ኑር ዓብዱ

19. ዶር. ኣሰፋ ተኽለ = ዋና ጸሓፊ

20. ባሻይ ፍስሓ ወልደማርያም

21. ባሻይ ኢድሪስ ዑመር

22. ሸኽ ማሕሙድ ማንታይ

23. ኣቶ ፍቕረማርያም ወልደሚካኤል

24. ግራ. ሰዓረ ካሕሳይ

25. ቐዐ. ስዒድ ስፋፍ

26. ግራ. ዑመር መሓመድ ካላፊ

27. ቃዲ ሓጂ ኣሕመድ ዑስማን

28. ኣቶ ሻሜ ኢብራሂም

29. ግራ. መሓመድ ዓሊ ባናይ

30. ግራ. መሓመድ ዑመር ኣኪቶ

31. ግራ. መሓመድ ባዱማ ካሱ

32. ግራ. ዑስማን ኣሕመድ ሂንዱ

33. ኣቶ ስዩም ነጋሲ

34. ኣቶ መሓመድ ኢብራሂም ነበራይ

35. ዶር. ዮሓንስ ብርሃነ = ም.ዋና ጸሓፊ

36. ኣቶ መስፍን ኣብርሃ

37. ካብ ዩኒቨርስቲ (ሓደ ተመሃራይ)

38. ካብ 2ይ ደረጃ ቤ.ት. (ሓደ ተመሃራይ)[39]

መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዛ ሽማግለ ዕርቂ ኬቑማ ከሎ፣ ከምቲ ኣቐድሙ ዝተባህለ ቀንዲ ተልእኾ ናይዛ ብጉጅለ 38 ትፍለጥ ዝነበረት፣ ሽማግለ ዕርቂ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ክልተ ኣብ ሜዳ ዝቃለሳ ዝነበራ ውድባት፣ ማለት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን ንምትዕራቕ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ በረኻ ምስ ከዱ ግን ብዙሓት ካብቶም ሽማግለ ዕርቂ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ደላይ ሰላም ኣይ ኮነን፣ ሰላም ዝደሊ እንተዝኾውን፣ ኣብ ገጠር ኮነ ኣብ ከተማ፣ ሰላማውያን ሰባት ኣብ ምግፋዕን ምቕታልን ኣይምተዋፈረን ነይሩ፣ ካብ ዝብል ኣረኣእያ፣ ኣድህቡኣ ነዚ ኣብ መንጎ ደቂና ዘሎ ዘይምቅዳው ንፍታሕ፣ ኣብ ዝብል ሓሳብ ኣዘዝያቶ ክብሃል ይክኣል።

ካብ 1970 ጀሚሩ፣ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፣ ተወዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረ፣ ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ ከም ዝሕብሮ፣ "እታ ብ38 ዝቑመት ናይ ዕርቂ ሽማግለ፣ መ- መርያ ምስ ወከልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ኳዜን፣ ምስ ወከልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

[39] . Ibid

ከኣ፣ ኣብ ጻዕዳ ክርስትያን ከም ዝተራኸበት ኢዩ ዝሕብር።[40]



ካብ 1970 ኣብ ሀ.ግ.ሓ. ኤ. ተወዲቡ ኣብ ውሽጢ ኩተማ ክም ሰለይሰን ሓበሬታን ዘገልገለ ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ብዙሓት ወለዲ ደቆም ንናጽነት ኤርትራ ንምምጻእ ናብ ሰውራ ኤርትራ ተሰሊፎም ከብቅዑ፣ በብምርጭኦም ኣብ ክልትኤን ውድባት ብምስላፍ፣ ካብ ሓንቲ ማሕጸን ከም ዘይወጽኡ፣ ኣብ

[40] ቃለ መጠይቕ ምስ ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ

ኮናት ሓድሕድ ተጸሚዶም ብምዕዛቦም፡ ድቃስ ለይቲ ዘይረኽቡ ዝነበሩ ብዙሓት እዮም ነይሮም።

ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብ20 ግንቦት፡ 2003 ዝተሓትመት፡ ኣብ ገጽ 3 እንተ ርእና'ውን፡ ኣብ 1975 "ደርጊ ንሕዝቢ ኤርትራ ንምኽሳብ ብተዛማዲ ናይ ምንቅስቃስ ናጽነት ፈቂዱ ብምንባሩ፡ ብኮናት ሓድሕድ ኣዝዩ ዝሓዘነ ሕዝቢ ኣስመራ፡ ናብ ወኪ ዛግር ብምኻድ፡ ኮናት ሓድሕድ ደው ክብል ጠሊቡ ኢዩ"[41] ዝብል ንረክብ። ኣባ ወልደኢየሱስ እማን፡ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላን ኣባ ፍስሓጽዮን ዑቕባጋብርን ክሳብ ወኪ ዛግር ብሞቶር ሳይክል (ላምብረታ) ከም ዚተጓ ዕዙ እዮም ዝሕብሩ።

ካልእ'ውን ብ12/11/1975፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ "መደምደሚ ኣዋጅ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ቅድሚ እዚ ተጠቅሱ ዘሎ ዕለት፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ስምረት ክልቲኦም ውድባት ዝተጻወቶ ተራ ድሕሪ ምዝርዛር ከምዚ ይብል "ኣብ መወዳእታ ብጽዓት ዲሞክራሲያውያን ተጋደልትን ሕዝብን ኮናት ሓድሕድ ጠጠው ምስ በለ፡ ነቲ ዓቢ ግምት እትህቦ፡ ናይ ክልቲኡ ውድባት ስምረት፡ ኣብ መፈጸምታ ንምብጻሕ፡ ንተጋደልቲ እትውክል ኣቀራራቢት ሽማግለ፡

[41]. ሓዳስ ኤርትራ 20 ግንቦት፡ 2003፡ ገጽ 3።

ብዕለት 28/3/1975፡ ኣብ ዛግር መሪጻ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ለኣኸት”[42] ይብል።

ቀጺሉ እቲ መግለጺ “ኮናት ሓድሓድ ጠጠው ብምባሉ ከኣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ርክብ ንክህሉ ኣኽኢሉ። ብክልቲኡ ወገን፡ ናይ ምቅርራብን ብሓባር ምዝታይን መንፈስ ጀሚሩ። ብድሕሪዚ እቲ ኮነታት ደረጃ ብደረጃ ናብ ናይ ሓባር ምርድዳእ ኣምሪሑ። ብዕለት 11/1/1975፡ ካብ ህ.ሓ. 11 ዝኣባላታ ሽማግለ ቆመት። እቲ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ዘንጸላሉ ዝነበረ፡ ዓቢይ ሓደጋ ደው ብምባሉ ከኣ፡ ኣብ መላእ ሜዳ ኤርትራ ዓቢ ሓጎስ ኮነ።”[43]

ኣብቲ ጊዜ'ቲ ስምረት ናይ ክልቲኡም ውድባት ኣብ ምሉእ ኤርትራ ምስ ተሰምዔ “ስምረት ተወሊዳ ኣበይ? ዛግር ሜዳ፡ ስምረት ተወሊዳ፡ ኣበይ? ሳሕል ሜዳ” እናበለ ሕዝቢ ታሕጓሱ ብደርፊ ከይተረፈ ይገልጽ ነይሩ። እንተኾነ ንታሕጓሱ ብዙሕ ኽሽተ ማቕሮ ዕድል ኣይተዋህቦን፡ እቲ ብመንጎኽንት ሕዝብን ብገለ ግዱሳት ተጋደልትን፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ዝተ በጽሑ ስምረት ክልቲኤን ውድባት፡ ብዙሕ ከይጸንሑ ስለዝፈረሰ፡ ኮሉ ደላዪ ስምረት ክልተ ውድባት ዝነበረ ሕዝቢ ከኣ፡ ናብቲ ናይ ቀደሙ ሻቕሎት ኣተወ።

---

[42] . ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣስመራ 1994፡ ገጽ 235

[43] . Ibid. p. 75።

ካልእ እዛ ብጉጅለ 38 ትፍልጥ ሽማግለ ዕርቂ፣ ኣብቲ ዕርቂ ከም ዝተሳተፋት ዘብርሃልና፣ ኣብታ “ሕድገት ዘየፍቅድ መሰል” ዘርእስታ፣ ብኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝተደርሰት መጽሓፍ፣ ከምዚ ዝስዕ ብ ይብል፣ “ኣብ ወርሒ ጥቅምት 1974፣ ብኣሽሓት ዝቑጸር ሕዝቢ ኣስመራ ናብ ወኪን ዛግርን ብምኻድ፣ ከምቲ ወተሃደራዊ ስርዓት ዝሓቶ ዘይኮነስ፣ ብኣንጻሩ ንዕርቂ ክልተ ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ (ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን) ብምጽዓር፣ ናይ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፣ “ሰላማዊ ፍታሕ” ተቐባልነት ከም ዘይረክብ ብግብሪ ኣረጋገጸ። ኣብ ታሕሳስ 1974፣ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ሓንቲ 37 ዝኣባላታ፣ ብዓበይቲ ዓዲ፣ ኣቕሽሽቲ፣ መሻይኽ ዝቆመት ሽማግለ ምስ ሰውራ ኤርትራ ንኽትራኸብ ለኣኸ። ንሳውን ንሓድነት ሰውራ ኤርትራ ክትሰርሕ ስለ ዝጀመረት፣ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ተቐላጢፉ ኣፍረሳ።[44]

ካልእ በቲ እታ ሽማግለ ዕርቂ፣ ካብ ክልቲኦም ውድባት ሒዛቶ ዝተመልሰት መልሲ ዝተቐጥዓ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ንኣስመራ ምስ ተመልሰት፣ ንገለ ኣባላት ናይታ ሽማግለ ዕርቂ፣ “መንግስቲ ንበረኻ ዝሰደድኩም፣ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ክልቲኦም ውድባት ኩተቀራርቡ እምበር፣ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን ንምትዕራቕ መኣስ ኮይኑ?” ብምባል፣ ናይ

---

[44] . ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፣ ሕድገት ዘየፍቅድ መሰል፣ ኣስመራ 2002፣ ገጽ 42።

ስራሕ ምቂይያር ብዝብል ጉልባብ፡ ንኣዲስ ኣበባ ከም ዝቅየሩ ገይርዎም።[45]

ነፍሰ ሔር ደጃችማት ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም፡ ኣባል ሽማግለ ዕርቂን ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ንሽዱሽተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን፡ ተኣሲሮም ዝነበሩ እዮም። ንሶም ከም ዘዕለሉኒ፣ "ሓደ ጊዜ ብምልኡ እቲ ቤት ማእሰርቲ፡ ኣራተኛ ፖሊስ ጣብያ ኣዲስ ኣበባ፡ ምትዕርራይ ይግበረሉ ስለዝነበረ፡ ኣብ ሓደ ይጥርንፉና ነይሮም። ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ብዙሕ ጊዜ ዘዕለልናሉ'ውን ሽዕኡ ኢዩ ነይሩ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ዕላ ሎም፡ እዞም ደቅናስ! እዚ ኹሉ ደኺምና፡ ሓድነት ንኽገብሩ ዓሪቕናዮምስ፡ ዳግማይ ተባኢሶም"፡ እናበሉ የስቆርቁሩ ከም ዝነበሩ እዮም ዝሕብሩ።[46]

እዚ ኩሉ ከኣ ሕዝቢ ኤርትራ፡ ካብ መፋርቕ 1974 ጀሚሩ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ፡ ኮናት ሓድሕድ ጠጠው ንኽብልን ንኽልቲኡም ውድባት ኣብ ስምረት ንኽበጽሑን፡ ብዙሕ ከም ዝጸዓረ ኢዩ ዘረጋግጸልና። ብዚያዳ ከኣ እታ "ብጉጅለ 38" ትፍለጥ ዝነበረት ሽማግለ ዕርቂ፡ ኣብቲ ሽምግልና ዓቢ ተራ ከም ዝነበራ ኢዩ ዘብርሃልና።

ካብዚ ቀጽልና፡ እታ ሽማግለ ዕርቂ፡ ኣብ መጨረሽታ "ብዛዕባ ክልቲኡም ውድባት ምስ

---

[45] . Ibid: P. 188።

[46] . ቃለ መጠይቕ ምስ ንሽውዓተ ዓመት ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ተኣስሮም ዝነበሩ፡ ደጃዝማች ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ተራኺቦም ምዝታይ ዝጠልብ ሓሳብ፣ ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተላእኸ እማመ ሰላም ዝምልከት፣ ካብ ክልቲኦም ውድባት ሒዛቶ ናብ ኣስመራ ዝተመልሰት መልሲ እንታይ ይመስል? ኣብቲ ጊዜ'ቲ ዝነበረ ስርዓት መንግስቲ ኢትዮጵያ'ኸ፣ ነቲ መልሲ ምስ ተቐበለ፣ ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣሎዶ? ንዝብል ሕቶ ክንምልስ ክንፍትን ኢና።

መብዛሕትኦም ኣባላት ናይታ ብጉጅለ 38 ትጽዋዕ ዝነበረት፣ ናይ ዕርቂ ሽማግለ ኣብዚ ሕጂ ጊዜ ብሕይወቶም የለዉን። እቶም ዘለዉ ከኣ ብዕድመ ስለዝደፍኡ ናይ ምዝካር ዓቕሞም ድሩት ክኸውን ናይ ግድን ኢዩ። ድሮ እኳ ካብቶም ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ቃለ መጠይቕ ዘግበርኩሎም፣ ነፍሰ ሔር ደኣዝማች ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም፣ ካብዚ ዓለምነዚ ብሞት ተፈልዮም።

ኣቶ ደበሱ ኣበበ'ውን ኣብታ፣ “መን ይንገር ዝነበረ” ዘርእስታ መጽሓፎም፣ ከምዚ ዝስዕብ ኣስፈሮም ኣለዉ፣ “ካብ ኮሉ ዘሕጉስን ዘሕብንን ከኣ እቶም ጸገምን ስቓይን ሕዝቢ ንምቅላል ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዝነበሩ ኣቦታት፣ መብዛሕትኦም ብዕድመ ዝደፍኡ፣ ኣገልግሎቶም ወዲኦም ኣብ ዕርፍቲ ዝነበሩ፣ ምሉእ ጥዕና ዘይነበሮም ስለዝኾኑ ብኣጋር ኮነ ብመጽ ዓኛ ክጓዓዙ ዝጽገሙ ክንሶም፣ ካብ ዝተበገሱሉ ዕላማ ድሕር ኣይበሉን። መብዛሕትኦም ካብቶም ሽማግለ ሎሚ ብሕይወት የለዉን፣ ንዘልዓለም ሓሊፎም እዮም። ውሑዳት ካብኦም እታ ዝጸዓ

ሩላን ዝተመነ ይዋን ናጽነት ኣይረኣይዋን፣ ገሊኡም ከኣ ርእይ ኣቢሎምዋ ግዳ ከየስተማቐርዋ ሓልፎም"[47] ይብል። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣንፈት ዝህብ ሓበሬታ እንተ ዘይኮይኑ፣ ዕሙቕ ዝበለ ሓሳባት ንኽትረክብ ኣጸጋሚ ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ'ዚ ዝትርኹ ጽሑፋት ኣዝዮም ውሱናት ብምኻኖም ኢዩ።

ገለ ካብቶም ኣባላት ናይታ ሽማግለ ዕርቂ ከም ዘዕለሉኒ፣ "መጀመርያ ኣብ ኪዜን ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፣ ከም ዝተራኸቡ እዮም ዝሕብሩ። ኣብ በረኻ ከምቲ ንሶም ዝተቐበሉና ተቐባል ዘይተጸበናዮ ኢዩ ነይሩ። ቡን ሰቲና ጥዑም ሽሻይ ተሰሲና ምስ ወዳእና፣ ኣብታ ዝነበርናያ ገዛ ክልተ ተጋደልቲ መጺኦሙና። ኣብ መወዳእታ ርክብና ነቲ ሒዝናዮ ዝመጻእና፣ ብዛዕባ ሽግር ናይ ኤርትራ ብዘተ ንምፍትሑ፣ ክልቲኦም ውድባት ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘተ ንክጅምሩ ዝሓትት መልእኽቲ፣ ብኽመይ ከም ዝርእይዎ ምስ ዝተወከስናዮም፣ ሓደ ካብኦም፣ መልሱ ብሕቶ ኢዮም ጀሚሮሙዎ።

"መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ብሓቂ ደላይ ሰላም ኢዩ ዝብል እምነት ኣለኩም? ትማሊ ትማሊ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞ፣ ሕጂ'ውን ዝፍጽሞ ዘሎ ህልቂት፣ ሕያው ምስክር'ዶ ኣይኮነን? ሕጂ'ውን ደርጊ ንኽዳሎ ጊዜ ንምርካብ ዝገብሮ ዘሎ ብልሓት

---

[47] . ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክውንነት ዚተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጽ-202።

ኢዩ እምበር፣ ብሓቂ ደላይ ሰላም ኣይኮነን፡" ዝብል መልሲ እዮም ሂቦሙና ይብሉ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓሳብ ዘርጉድ፣ ኣብታ "መን ይንገር፣ ዝነበረ" ዘርእስታ መጽሓፍ፣ ብኣቶ ደበሱ ኣበበ ዝተደርሰት፣ ከምዚ ዝስዕብ ንረክብ፣ "ብጉጅለ "38" እትፍለጥ ዝነበረት ኮሚቴ ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ እቲ ጸገም ብዘተ ንክፍታሕ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣካይዳ ኢያ። ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ ብምኻድ ምስ ወከልቲ ክልቲኦም ውድባት ተራኺባ ተዘራሪባ። ብፍላይ ከኣ ብ25/5/1975 ኣብ ኪዜን ምስ ላዕለዎት ህ.ግ.ሓ.ኤ ተራኺባ ከም ዝተዘራረበት፣ ብድሕሪኡ ግን እቲ ርክብ ከም ዝተቓረጸ ሰነዳት ናይ'ታ ጉጅለ የብርህ" ይብል።[48]

ኣብቲ ብ22/5/1976፣ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፣ ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተገብረ ኣኼባ፣ ኣብ ትሕቲ ናይ ደርጊ ናይ ሰላም ውዲት፣ ዝብል ኣርእስቲ ዝወጽኤ ውሳኔታት እንተርእና'ውን ተመሳሳሊ ሓሳባት ኢና ንረክብ። እቲ መግለጺ ንዕላማ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብከምዚ ዝስዕብ ይዝርዝሮ፦

"ደርጊ ኣብ'ዚ መወዳእታ እዋን ዚጭርሖ ዘሎ ናይ ሰላም ምስ መሰረታዊ ድሌት ሕዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዘይሰማማዕ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ዕላምኡ፦

---

[48]. ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክውንነት ዚተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጽ-188።

⇒ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ኤርትራ ምምቕቓል ንምፍጣር፥

⇒ ንሕዝቢ ኤርትራ ንምትላል፤

⇒ ድሕሪ ምብታኽ ዝምድና ል.ው.ጉ. ነበር ምስ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ጸቕጢ ንምግባር ምቹእ ኵነታት ዚረኽበ ስለዝመሰሎ፥

⇒ ስም ህ.ሓ.ሓ.ኤ ኣካፊኡ ንዚደለዮ ናብ መስሸኺ ወረቕት ንምውፋይ፥

⇒ "ወዶ ዘማች" ብዚብል ስም ወተሃደራዊ ምቅርራብ እናገበረ ሰውራ ኤርትራ ንምዝንጋዕ፥

⇒ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንዘለዉ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ንምውቃዕ፤

⇒ ንሕዝቢ ኢትዮጵያ ኣታሊሉ፣ ናብኒ "ወዶ ዘማች" ዚብሎ ናይ ከንቱ ናይ ወራር ጉዕዞ ንምስታፍ፥

⇒ ንሰውራ ኤርትራ፣ ካብ ናይ ብሓቂ ኣዕሩኽቱ፣ ንምንጻል ዚግበር ዘሎ ውዲት ምኻኑ ብምግንዛብ፣ እዚ ኣኼባ'ዚ፤

1. ናይ ደርጊ ውዲት ሰላም ይነጽግን ይቃወምን፣

2. ደርጊ ኪበጽሑ ሓሲቡ ዘሎ ዕላማ፣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ከምኡ ከኣ ኣብ ወጻእን ከም ዝግለጽ ኣብ ርእሰ ምግባር፣ ኣድላዪ ወተሃደራዊ ስጉምቲታት፣ ከም ዝውሰድ የፍልጥ"።[49]

እዚ ከኣ እቲ ገለ ኣባላት እታ ሽማግለ፣ "መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ብሓቂ ደላይ ሰላም ኣይኮነን፣ ደላይ ሰላም እንተ ዚኸውን እዚ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዘውርዶ ዘሎ ሞትን ግፍዕን መቕረጸ ነይሩ፣" ዝብል ዘቕርቡዎ ዝነበሩ ሓሳብ ኮነታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝግባእ ተዓዚቦሞ ከም ዝነበሩ ኢዩ ዘብርሃልና።

ብዛዕባ መልሲ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እንተርኢና'ውን፣ ተመሳሳሊ ኢዩ። ኣብታ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክፍሊ ምምሕዳር፣ ቁ.7 ብ7/7/1976 ናብታ ናይ መጨረሽታ ሳልሰይቲ ሽማግለ ዕርቂ፣ ናይ ሕዝቢ ኤርትራ፣ ናይ ሰላም ኮሚቴ ተባሂላ ትፍለጥ ዝነበረት ዝተላእከት መልእኽቲ ከምዚ ዝስዕብ ኣስፈራ ኣላ። "ደርጊ ደላይት ሰላም ኣይኮነትን፣ እዚ ትገብሮ ዘላ ከኣ፣ ንሕዝቢ ኤርትራ ንምድንጋር ኢዩ፣ እቲ መፍትሕ ብረታዊ ቃልሲ ጥራይ ኢዩ"። ቀጺላ እታ መልእኽቲ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኣመልኪታ ከምዚ ዝስዕብ ትብል፤

[49] . ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፣ ሰውራ ኤርትራን መሰናኽላቱን፣ ኣስመራ 1994፣ ገጽ 237።

⇒ "ሕዝቢ ኤርትራ ዝገብሮ ዘሎ ቆራጽ ብረታዊ ቃልሲ ምእንቲ ሰላም ኢዩ።

⇒ መንግስቲ ደርጊ ብወጻኢ ይኹን ብውሽጢ ሃገር፣ ሰላማዊ ፍታሕ እናበለት ነቲ ምሽሙሽ ፖለቲካኣ ንምዕራይ ምህትፍታፍ ሎሚ ፈለማያ ኣይኮነን። እቲ ሰላማዊ ፍታሕ እትብሎ ከኣ ካብ ናይ ዓቕሊ ጽበት ዝነቐለ ኢዩ።

⇒ ብሕልፊ ኣብዚ ጊዜ'ዚ፣ ኣብ ውሽጢ ሕዝቢ ኤርትራ፣ እትገብሮ ዘላ ናይ ሰላም ጭርሖ፣ ነቲ ክትፍጽሞ ዝሓሰበት "ራዛ ፕሮጀክቲ" (ሕዝቢ ኣኽቲ ትካ ሃገር ንምዝማት) ንምሽፋን ኢዩ፣[50] ዝብል ይርከቦ።

ካልእ ኣቶ ደበሱ ኣበበ፣ ብዛዕባ ካብ ክልቲኡ ውድብ ዝተዋህበ መልሲ፣ ብሓጺሩ ክዝርዝሩ ከለዉ "ተ.ሓ.ኤን ህ.ግ.ሓ.ኤን ብዛዕባ ሕቶ ሃገር፣ ሰላማዊ ፍታሕ ምስ ተሳእነ፣ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ዝደፋፍኡ ኮነታትን ዘኸተሎ ሳዕቤናትን፣ ብመሰረቱ ግን ሕቶ ኤርትራ መግዛእታዊ ወራር ንምፍሻል ምኻኑ ብምዝርዛር፣ ቅድሚ ኣብ መኣዲ ዘተ ምቕራብ ግን በብእዋኑ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ዝውሰዱ ዘለዉ ዘይሕጋዊ ተግባራት ደው ክብሉን መሰል ሕዝቢ ንክሕሎ ጠመተ ክግበርን ኣድላይነቱ ተገሊጹ። ዕ ላማ እዚ ብረታዊ ቃልሲ፣ እዛ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እትርከብ ሃገረ ኤርትራ፣

[50] . Ibid

ከምቲ መግዛእቲ ኢጣልያ፣ ዶብ ከሊሉ ሰንደቕ ዕላማኡ ኣምበልቢሉ ሒዝዋ ዝነበረ መሬት ናጻ ንምውጻእ ምኻኑ ብግልጺ ተፈሊጡን ተኣሚኒሉን ንምዝርራብ ተቓውሞ ከም ዘይብሉ ዘብርህ ኢዩ”[51] ይብል። ስለዚ እታ ቀዳመይቲ ሽማግለ ዕርቂ፣ ብጉጅለ 38 እትጽዋዕ ዝነበረት፣ ሒዛቶ ዝተመልሰት መልሲ፣ ብምልኡ ኣንጻር ትጽቢት ስርዓት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢዩ ነይሩ።

❋❋❋

[51] . ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክውንነት ዝተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጽ-241።

ሓሙሻይ ምዕራፍ

ህልቂት ኣብ ከተማ ኣስመራ

ግብረ መልሲ ናይ ስርዓት ደርጊ፣ ነቲ ናይ ንጉስ ሃይለስላሴ፣ “ዓሳ ንኸተጥፍእ፣ መጀመርያ ባሕሪ ከተንጽፍ ኣለኻ” ዚብል ጭርሖ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኢዩ ወሲኑ ክብሃል ይክኣል። ነዚ ጭርሖ'ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከኣ ነዚ ዝስዕብ ስጉምቲ ወስዱ።

ብ31/1/1975 ምሸት ዓርቢ፣ ብኹሉ ኮርንዓት ከተማ ኣስመራ ወተሃደራት ተዋፊሮም። ብሰላሳ ኣምስ ተዐ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ዝነበረን ብፎርቶን፣ ጀሚሮም ከኣ፣ ኣበሳ ዘይብሎም ኣብ ቅድሚኦም ንዘዝጸንሑዎም፣ ሰላማውያን ሰባት፣ ብምቕታል እዮም ነቲ ህልቂት ዝጀመርዎ። ብሰንኪ እዚ ዓ ርቢ ምሸት፣ “ተማሃራይ ካብ ምህሮኡ፣ ሰራሕተኛ ካብ ስርሑ፣ ከይተመልሰ በብዘለዎ መዕቆቢ ከናዲ ፉሕ በለ። ኣስመራ ቅድሚኡ ንመዋእል ርእያቶ ዘይትፈልጥ ደም ጨቂያ”።[52]

ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ'ውን ብወገኖም፣ ነቶም ስርሕ ውዒሎም ናብ ገዝኦም ክኣትዉ ብኸባቢ ራድዮማሪናዮ ዝሓልፉ ዝነበሩ፣ ንጹሓት ሰባት ከም ሓደ ማንም ኣቕሓ፣ ተመልከተለይ እናበሉ፣ ኣብ ቀጽሪ ራድዮማ ሪናዮ ብዙሓት ሰላማውያን ሰባት ቀቲሎም ሓዲሮም።

---

[52]. ሓዳስ ኤርትራ፣ 20 ሰነ 2003፣ ገጽ 3።

ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ካብ ዓርቢ ምሸት ጀሚሮም ክሳብ ወጋሕታ፡ ምሉእ ለይቲ ዝረኸብዎም ሰላማውያን ሰባት ኪቕትሉ እዮም ሓዲሮም። ብድሕሪ'ዚ ካብ ወጋሕታ ክሳብ ሰዓት ሸሞንተ ኣቕሪጾሞ። እዚ ምቁራጽ'ዚ ግን፡ እቲ ንስራሕ ይኹን፡ ንዕዳጋ ዝወፍር ሰላማዊ ሕዝቢ፡ ሕጂስ ተኾሲ ኣቕሪጹ ኢዩ ኢሉ፡ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ንኽወጽኣሎም ብመደብ ዝተገብረ ተንኮል ኢዩ ነይሩ።

ከምቲ መደቦም ከኣ፡ ሕዝቢ ቆኽሲ ስለዘቖረጸ ድሓን ኢዩ ኢሉ፡ በቲ ዝተፈጥረ ጸገም፡ ናብ ገዝኡ ዘይሓደረ ገዝኡ ክኸይድ፡ ቀዳም ስለዝነበረ ከኣ፡ ንዕዳጋ ዝኸይድ ንዕዳግኡ ምስ ወጽኤ፡ ንሰላማዊ ሕዝቢ ንምህላኽ ኣብ ተጠንቀኞ ዝጸንሑ ወተሃደራት ኢትዮ ጵያ፡ ኣብ ጽርጊያ ዝጸንሑም ኣብ ጽሪጊያ፡ ኣብ ገዛ ዚጸንሑም ኣብ ገዝኡ እናኞተሉ፡ ብፋብሪካ መሎቲ - ሚሮም ንሰታንታ-ኦቶ፡ ዝባን ስንቀይ፡ ቀሓውታ ኣቢሎም ናብ ማእከል ከተማ ብምእታው፡ ብዘይ ምቁራጽ ቀዳምን ሰንበትን፡ ምሉእ መዓልትን ለይትን፡ ነቲ ብጀካ ኤርትራዊ ብምኹኑ እንተዘይኮይኑ፡ ወላ ሓንቲ ገበን ዘይነበሮ ንጹሕ ሕዝቢ ከህልቕ ቀነዩ። ዝሓለፍካዮ ጎደናታት ኣስመራ ከኣ ብደም ንጹሓት ጨቀየ።

ብድሕሪ'ዚ “ንሳልስቲ ዝተካየደ ህልቂት ሰላማውያን ሰባት ፈቕድኡ ዝወደቕ ሬሳታት ካብ ማሕበር ቀይሕ መስቀል፡ ካብ ሆስፒታል መካነ ሕይወት፡ ካብ ሆስፒታል ኢናይል፡ ከምኡ'ውን

ምምሕዳር ከተማን ዘዋፈሩዎም ሰራሕተኛታት፣ በተን ዘምጽእወን ኣምቡላንስ እናኣልዓሉ ንሆስፒታል መካነ ሕይወት ተወሲዶም። ሓደ ኣብ ልዕሊ ካልእ ከከምታ ዝጸንሕዋ፣ ሰብኡት ተኸዲኖሞ ዝወፈሩ፣ ካብ ዓዲ ዝመጹ ሳንጣ ምስ ተሓንገጡ፣ ቆልዓ ሰበይቲ ከይተረፈ ብሓባር ተጸፋጺፎም ኣብ ሆስፒታል ተደራረቦም ስለዝነበሩ፣ ኮሉ ሕዝቢ ዝጠፍኡ ሰቡ ኣብቲ ሬሳታት ተኣኪብሉ ዝነበረ፣ ከይዱ ሬሳኡ ንምርካብ”[53] ተጓየየ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ፣ ዝጠፍኤ ቤተ ሰብካ ብሕይወቱ ኪመጽኒ ኢዩ ኢልካ ምጽባይ ዘይኮነስ፣ ናብ ሆስፒታል መካነ ሕይወት ኬድካ፣ ሬሳኻ ኣለሊኻ እትወስደሉ፤ ባዕልኻ ንባዕልኻ እተጸናንዓሉ፣ ሕሱም ዘመን ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ጊዜ'ቲ ናብ ሆስፒታል መካነ ሕይወት ከድካ፣ ሬሳ ቤተ ሰብካ ኣለሊኻ ምውሳድ'ውን፣ ከም ሓደ ዓቢ ዕድል ኢዩ ዝቑጸር ዝነበረ። ምኽንያቱ ገሊኡም ሬሳኡም ወሲዶም፣ ንቡር ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ክፍጸሙ እኳ እንተሓተቱ፣ ዚሰምየም ኣካል ዘይረኸቡ ብዙሓት እዮም። ብዙሓት ካብቶም ዓርቢ፣ ቀዳም፣ ሰንበት፣ ኣብ ፈቐዶ ጎደናታት ኣስመራ፣ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ዝተቐትሉ፣ ሰኑይ ምሸት ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ዝመደቦም ሰራሕተኛታት፣ ብትግሬኦ ዝዓይ ነተን መኻይን

---

[53] . ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክውንነት ዝተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጽ-136።

ተወሲዶም፣ ብሓባር ኣብ ሓደ ጉድጓድ ተቐቢሮም።[54]

ገዳም ፍራንቸስኮስ፣ መዕቆቢ ሽጉራት



ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ ብ4/1/1975፣ ሰለስተ ሰሙን፣ ቅድሚ እቲ ህልቂት ዝተፈጸመሉ ሰሙን፣ ቀዳማይ ሓለቓ ናይ ማሕበር ካፑቺኒ፣ ማለት ናይታ ሽዑ ዝተወልደት "ሰለሓ ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ኣብ ኢትዮጵያ"፣ ኮይኖም ተመሪጾም ነይሮም። ንሽግር

[54] . Ibid: 137.

ናይቲ ዓቕሉ ጸቢቡዎ ዝነበረ ሕዝቢ፣ ኣብ ግምት ኣእትዮም ከኣ፣ እቲ ብዘይካ ንፈለስቲ፣ ንማንም ዕጹው ዝነበረ ገዳም ቅዱስ ፍራንችስኮስ ገጅረት፣ እቲ ሽጉር ሕዝቢ ክዕቆበሉ ክፉት ገበርዎ። ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዝኸውን ሕዝቢ ከኣ፣ ኣብኡ ክሳብ እቲ ጸበባ ዝሓልፍ፣ ኣብ ውሽጢ ገዳም ተዓቖበ።[55]

ኣብዛ “መን ይንገር? ዝነበረ”፣ ዘርእስታ ብ1999 ብኣቶ ደበሱ ኣበበ ዝተደርሰት መጽሓፍ፣ በቲ ዝተፈጸመ ህልቂት፣ ዓቕሉ ዝጸበቦ ሕዝቢ፣ ናብ እዞም ኣብ ኣስመራ ዘለዉ ቆንስላት ከድና እንተጠራዕና ይርህወናዶ ይኸውን ብምባል፣ ሕዝቢ ተኣኪቡ ናብ ቆንስል ሱዳን፣ ኣሜርካ፣ ኢጣልያ ብምኻድ፣ “መሰል ሕዝብና ተጋሂሱ፣ ተገፊዕና፣ ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ ማእከል ገዛና፣ ስራሕና፣ ኣብ ሰማሕ ጽርግያ፣ ንቕተል ኣሎና። ሕዝብና ኣብ ከቢድ ፍርሕን ራዕድን ወዲቑ ኣብ ዝኣትዎ ጠፊእዎ ኣሎ'ሞ፣ ብመንግስትኹም ኣቢልኩም፣ ንዓለም ኣፍልጡልና፣ ፍትሒ ንኽንረክብ ሓግዙና፣”[56] ዝብል ጥርዓኑ ከም ዘቅረበ ትሕብር።

እቶም ቆንስላት ከኣ፣ ነቲ ሕዝቢ ብጽሑፍ ዘቕረቦ ጥርዓኑ ተቐቢሎም ኣፋነውዎ። ኣጋምሽት ምስ ኮነ፣ ነናቶም ባንዴራ እናኣንበልበሉ፣ ንሕዝቢ ከጸናንዑ ንከተማ ዞርዎ። “ገለ ካብኣም በቲ ዝቐነየ ኵነታት ተሰናቢዶም፣ ኣብ ቀጽሪ ገዳም ቅዱስ

---

[55]. ትምጻእ መንግስትከ፣ ቁጽሪ 58፣ 1993፣ ገጽ 51።

[56]. ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክዊንነት ዚተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጽ-165።

ፍራንቸስኮስን ቤተ ክርስትያን ካቴድራልን፡ ተዓቕቦም ዝነበሩ ሰለስተ ሽሕ ዝኾኑ፡ ኣረጋውያንን ቆልዓ ሰበይትን ሃለዋት ፈሊጦም፡ ንመዕቆብቲ ኣተባቢያም" ከኣ ናብ ቦታኦም ተመሊሶም"[57] ዝብል ሓበሬታ'ውን ይርከቦ። እዚ ከኣ እቲ ገዳም፡ ልዕሊ ዓቕሙ ሕዝቢ ኣዕቑቡ ከም ዝነበረ ኢዩ ዘብርሃልና።

ኣቶ ቢሆን ተኽሉ፡ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ምስ ስድራ ቤቶም ኣብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ተዓቕቦም ዝነበሩ ኢዮም። ነቲ ዝነበረ ኵነታት ከኣ ብሽምዚ ዚስዕብ ይገልጾ፣ "ምሸት ዓርቢ ሰዓት ሽዱሽተ ተኾሲ ጀሚሩ፡ ምሉእ ለይቲ ከኣ ሓዲሩ። ቀዳም ንግሆ ቁሩብ ስለዝዘሓለ፡ ናብ ስራሕና ምስ ተበገስና ወተሃደራት ኢትዮጵያ ገዛ-ገዛ እናኣተዉ ኪቐትሉ ጀምሮም። ብመሎቲ ጀሚሮም ናባና ምስ በጽሑ፡ ክልተ መንእሰያት ዓቕሎም ጸቢብዎም ናብዚ ኣብ ጥቓ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ፡ ቀደም ገዳም ናይ ደናግል ዝነበረ ኪኣትዉ ፈቲኖም፡ ወተሃደራት ናብኡ ስዒቦም ንክልቲኦም ቀተልዎም።

ብድሕሪዚ ኵሉ ሕዝቢ እናተደፋፍአ ናብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ክአቱ ጀመረ። ኣነ ንባዕለይ ምስ ጓል ሰማንያ ዓመት ኣደይን ዓሰርተ ክልተ ርእሰይን ናብዚ ቅዱስ ቦታ ኣትየ። ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ምስ ኣሕዋቶም ኢዶም ዘርጊሖም ነቲ ኵሉ ሕዝቢ እናጸናንዑ፡ ንዝሓመመ እናሓከሙ፡ ብፍላይ ንዝተረበሻ ኣደታት ኣጆክን እናበሉ የጸናንዑ ነበሩ።

---

[57] . Ibid: P: 165


ምሽት-ምሽት ኮሉ ሕዝቢ ኣብ ሓደ ተኣኪቡ ጸሎት መቕጽርያ ድሕሪ ምድጋም፣ ኣብ መጨረሽታ ኣባ ኣጎስጢኖስ ብግዚኡታ ይዓጽውዎ ነይሮም። ብኽምዚ ከኣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ነቲ ሕዙን ዝነበረ ልባትና ሕይወት እናዘርኢሉ፣ ካብ ልቢ ማንም ክሕከክ ዘይክእል ክርስትያናዊ ፍቅሪ ገሊጾምሊና።

ይዝከረኒ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ተመሃርቲ ዝነበሩ፣ ሕጂ ገለ ካብኡም ካህናት ኮይኖም ኣለዉ፣ ብዙሕ ሕዝቢ ስለዝነበረ፣ ብሕማም ከይንጥቃዕ ንኮሉ ሽቓቓት፣ ከምኡ'ውን ነቲ ንሰትየሉ ዝነበርና ዔላታት፣ ንግሆ-ንግሆ ፈውሲ ይንስንሱሉ ነይሮም።

ካልእ ኪዕቆብ ኢሉ ናብዚ ገዳም ቅዱስ ፍራንችስኮስ ዝውሕዝ ዝነበረ ሕዝቢ፣ ካብ ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ካብ በለዛ፣ ወኪድባ ዝመጽኡ'ውን ነይሮሙና። ከምኡ'ውን ብዙሓት ወጻእተኛታት፣ ብፍላይ ከኣ ሃናፍጽ ጠላይን ኣብዚ ገዳም ምሳና ተዓቕቦም ነይሮም እዮም።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ንዘዝመጾም ሰብ መን ኢዩ፣ ካበይ ኢዩ፣ ብዘየገድስ፣ ኃኹሉ በቦታኡ የትሕዝዎ ነይሮም። ንኣብነት በዓልቲ ቤተይ ነፍሰጾር ትወልደሉ መዓልታት'ውን ኢዩ ነይሩ፣ ጸገምና ርእዮም ኣባ ኣጎስጢኖስ ፍሉይ ገዛ ሂቦሙና። ኣብዚ ቅዱስ ገዳም ምስ ኣቶና ከኣ፣ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ብዓልቲ ቤተይ ወዲ ሓሪሳ፣ ምስቲ ዝነበረ ሽግር፣ ኣብዘይ መዓልቱ፣ ኣብታ ዝተወልደላ ቦታ ኣባ ማርኖ ሃይለ ኣጠምቆሞ፣ ኣብዚ ቅዱስ ቦታ

ስለዝተወልደ ከአ ምስ ጥምቀቱ ፍራንቸስኮስ ኣውጽኤሉ። ሕጂ ወዲ 29 ኮይኑ፡ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣሎ"።





ፍራንቸስኮስ 1975 ፍራንቸስኮስ 2005

ኣብቲ ጊዜ ሸግር ኣብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ብ2-1-1975 ዝተወልደ ሕጻን ፍራንቸስኮስ ቢሆን ተኽሉ።

ወይዘሮ ሃይማኖት ጎይትኡም'ውን ምስ ደቃ፡ ሓንቲ ካብቶም ኣብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዝተዓ ቕኑበት ኢያ። ነቲ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዝኸውን ሕዝቢ ቦታ ኣብቲ ገዳም ንመስርሒ መግቡን መደቀሲኡን እኹል ነይሩ ድዩ ንዝብል ሕቶ? ክትምልስ ከላ፡ "ኵሉ ገዳም መሊኡ፡ ቤተ ክርስትያን'ውን ንመንበረ ታቦት ጥራይ ሰብ ከይድይቦ፡ በቲ ኣብ ቤተ ክርስትያን ዝነበረ ጣዋሉ ሓጺሮም፡ ብዙሕ ሕዝቢ ኣብ ቤተ ክርስትያን ይድቅስ ነይሩ። ኣነ ንባዕለይ ምስ ደቀይ፡ ኣብዛ

ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ደብረ መድኃኔ ዓለም ዘላ ናይ መጠመቒት ኣትየ ነይረ።[58]

ሳልሰይቲ ብዛዕባ ኣብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዝነበረ ሕይወት ዘዕለለትኒ፣ ወይዘሮ ዘውዲ ስብሓቱ ኢያ፣ ነቲ ዝነበረ ኮነታት ከኣ ብሽምዚ ትገልጾ፣ “እንታይ እየ’ሞ ክብለካ! ብምልኡ እዚ ገዳም ብሰብ መርገጺ ኣይነበሮን፣ ኣነ ምስ ምሉኣት ስድራይ ኣብዚ ቅዱስ ገዳም ተዓቚበ ነይረ። ይዝከረኒ እቶም ኣብቲ ጊዜ’ቲ ዝነበሩ ተመሃርቲ ኮሉ ገዛውቶም ንዓ ና ሂቦ ሙና ነይሮም። ኣብቲ ላዕለዋይ ገዛውቲ መብዛሕ ትኣም ሃናፍጽ እዮም ነይሮሞ። ካልእ መብዛሕትኡ ገሊኡ ሕዝቢ ኣብዚ ታሕታዋይ ክፍሊ ናይ ገዳም፣ ገሊኡ ከኣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኢዩ ዝድቅስ ዝነበረ”።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ምስ ኣሕዋቶም ነዚ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዝኾውን ሕዝቢ፣ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ገጅረት ገፊሕ ብምኻኑ መዕቆቢ ቦታስ ተረኽበ፣ ነቲ ካብ ገዝኡ እንትርፎ እታ ዝተኸደና ክዳኑ እንተዘ ይኮይኑ ወላ ሓንቲ ከይሓዘ ናብ ገዳም ዝተዓቆበ ሕዝቢ፣ እንታይ ይበልዕ ነይሩ ንዝብል ሕቶ፣ ኣቶ ቢሆን ተኽሉ ክምልስ ከሎ፣ መጀመርያ ሽማግለ መሪጽና፣ ኣነ ሓደ ካብኣም ኢየ ነይረ።

ሰኑይ ንግሆ፣ ኮሎም ጸዓዱ ንሃገሮም ኀኺኾዱ ኣብ ዝወጽሉ ዝነበሩ ጊዜ፣ ኣብቲ ማዕጾ መለመኒ

[58]. ቃለ መጠይቕ ምስ ወይዘሮ ሃይማኖት

ነጸላ ዘርጊሕና ንመግቢ ዝኸውን ሓገዝ ክንልምን ጀሚርና፣ ብዙሕ'ውን ረኺብና፣ ብድሕር'ዚ ኹሉና ኣብዚ ገዳም ተዓቒብና ዝነበረና ሰብኡት ተኣኪብና ዓዓቕምና ከነዋጽእ ተሰማሚዕና፣ ብዙሕ ድማ ኣዋጺእና። ቀትሪ ቅሩብ ህድእ ምስ በለ፣ ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ናይ ማሕበር ማኪና ሒዝና እኽሊ ገዚእና መጺእና።



ኣቶ ቢሆን ተኽሉ ኣቦኡ ንሕጻን ፍራንቸስኮስ

ብድሕር'ዚ እቲ ጸገም ጠሓኒት ማኪና ምርካብ ኢዩ ነይሩ፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ካበይ ከም ዝረኸብዋ ኣይፈልጥን ንኹተማ ወጺኦም፣ ተመሊሶም “ጠሓኒት ማኪና ረኺበ ንዑናይ ነምጽኣያ” ኢሎምና፣ ኬድና በዛ ማኪናይ ጌርና ኣምጺእና ኣብዚ ጥቃ ኣደራሽ ሳልሳይ ማሕበር ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ተኺልና፣ ነቲ እኽሊ ኣጥሒናዮ፣ ብጻዕሪ ኣባ ኣጎስጢኖስ ከኣ፣ እቲ ጠምዩ ዝነበረ ሕዝቢ ተዓንጊሉ።

ምሽት ሰኑይ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ነባ ኣጎስጢኖስ፣ “ኣብዚ ገዳም ወንበዴታት ኣዕቑብኩም ኣሎኹም ኣውጽእዎም” በሉዎም። ኣባ ኣጎስጢኖስ ግን፣ “እዞም ኣብዚ ተዓቑቦም ዘለዉ፣ ወንበዴታት ዘይኮኑስ፣ ካብዚ ኣብ'ዚ ኩተማ ዝፍጸም ዘሎ ህልቂት ሕይወቶም ከድሕኑ ዝተዓቐቡ ሰላማውያን ሰባት እዮም” ዝብል መልሲ ሃብዎም። “ናይ ግድን ክንኣቱ ኣሎና” ምስ በልዎም ከኣ፣ “በሉ ነዚ ሰላማዊ ሕዝቢ ቅድሚ ምቕታልኩም መጀመርያ ንዓ ይ ቅተሉ ምስ በልዎም” ግን ተመሊሶም።

ወተሃደራት ናብ ገዳም መጺኦም ምፍርራሕ ግን በዚ ኣየብቅዔን። ብድሕሪኦም'ውን ካልኦት ካብ ሓይሊ ባሕሪ “ኣብዚ እንዳደወል ሸፋቱ ስለዘለዉ ክንፍትሽ ኢና” ኢሎም መጺኦም ስሙ ኣይዝክሮን ድኣ እምበር ንሓደ ፈላሲ ምራሕ ኢሎም ናብ እንዳ ደወል ደይቦም፣ ወላ ሓንቲ ስለዘይረኸቡ ከኣ ንቦታኦም ተመሊሶም።

ምሽት ሰሉስ ወተሃደራት መጺኦም፥ ነባ ኣጎስጢኖስ “እዚ ኣብዚ ተሓቢኡ ዘሎ ሕዝቢ ኣውጽእዎ፥ ጽባሕ ኣብዚ እንድሕሪ ጸኒሑና ኣብ ልዕሊኹም ስጉምቲ ክንወስድ ኢና” በሉዎም። ብድሕሪ'ዚ ኣባ ኣጎስጢኖስ ምሽት ኀሹሉ ሕዝቢ ኣኪቦም፥ “መንግስቲ ስለዝገደደና ጽባሕ ገዛኽኹም ክትከዱ ኢኹም” ኢሎምና። ኮሉ ሕዝቢ ሰንቢዱ “ናበይ ክንከይድ!” እናበለ ብዙሕ ጫውጫው ክብል - መረ።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፥ “ንሕና'ውን እኮ ፈቲና ኣይኮናን! ስለዝተገደድና ጥራይ ኢና!” ዝብል መልሲ ሂቦሙና። ሕዝቢ ከይርበሽ ከኣ “ኣጆኹም እቲ ኮነታት ካብዚ ዚሓለፈ መዓልታት ሃዲኡ ኢዩ ዘሎ” እናበሉ ኣጸናንየምና። ንግሆ ረቡዕ ኮሉ ሕዝቢ ኣብ ማእከል ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ተኣኪቡ፥ መምህር ሓጎስ ወልደሩፍኤል ከኣ ኀሹልና ወኪሎም፥ ነቲ ኮሉ ብማሕበር ካፑቺኒ ዝተገብረልና ሰናይ ነገር ኣመስገኑ። ብድሕሪ'ዚ ኮሉ ሕዝቢ እናነብዔ ነናብ ገዛውቱ ተፋነወ። እንተኾነ ከምቲ ኣባ ኣጎስጢኖስ ዝበልዎ፥ እቲ ኮነታት ሃዲኡ ስለዝነበረ፥ ብዙሕ ጸገም ኣይረኸብናን”።[59]

❁❁❁

[59] . ቃለ መጠይቅ ምስ ኣቶ ቢሆን ተኽሉ።

ሻዱሻይ ምዕራፍ

ህልቂት ወኪድባ

እቲ ካብ ዓርቢ ምሸት ክሳዕ ሰንበት፣ ዝተኻየደ ሰላማውያን ሰባት ናይ ምህላቕ ወፈራ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን፣ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝርከባ ዓ ድታት'ውን፣ ካብኡ ብዘይፍለ ዘስካሕክሕ ህልቂት ፈጺሞም እዮም።

ንሕጂ ከም ኣብነት፣ 1-2 ጥሪ 1975፣ ማለት ልክዕ ምስ ናይ ኣስመራ ቀዳምን ሰንበትን፣ ካብ ኣስመራ ሽዱሽተ ኪሎ ሜተር ርሒቓ እትረከብ ዓ ዲ፣ ኣብ ወኪድባ ዝተፈጸመ ህልቂት ክንርኢ ኢና። ኣብዚ ብዛዕባ ኣብ ወኪ ድባ ዝተፈጸመ ህልቂት ዘቕርቦ ጽሑፍ፣ ብ1998 ኣብቲ ዓዲ ከይደ፣ ምስ ዓ በይቲ ዓዲ ናይ ወኪድባ ዝገበርኩዎ ቃለ መጠይቕ፣ ነቶም ኣብ ወኪድባ ዝሃለቑ ሰላማውያን ሰባት፣ ንምዝካር ዝተገብረ ሃገራዊ ብዓል 20 ሰነ 1998፣ መዓልቲ ስውኣት፣ ብለ/ል ኮ/ል ዘርማርያም ተስፋይ ዝቕረበ ጽሑፉን ዝተመርኮሰ ኢዩ።

ለ/ል ኮ/ል ዘርማርያም ተስፋይ፣ ነቲ ኣብ ዓዶም ወኪድባ ዝተፈጸመ ህልቂት ክገልጽ ከሎ፣ ዓርቢ ምሸት 31 ጥሪ 1975 ኣብ ኣስመራ ብርቱዕ ተኹሲ ስለዝሓደረ፣ እቶም ክሰርሑ ውዒሎም ምሸት ንገዝኦም ዚምለሱ ደቂ ዓድና፣ ከይኣተዉ

ሓዲሮም። ንግሆ ኵሉ ሰብ ኣመት ናይቶም ከይመጹ ዝሓደሩ ንምፍላጥ፣ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ በሪኽ ቦታ ወጺኡ የማዕዱ ነይሩ።



ውጻእ ምዓት ለ/ል ኮ/ል ዘርማርያም ተሰፋይ

እቶም ኣንጊሆም ዝተራእይዎ ግን፣ እቶም ዝጽበዮም ዝነበረ ደቂ ዓዱ ዘይኮኑስ፣ ጎመዳ ዝመስሉ ወተሃደራት ኢትዮጵያ እዮም ነይሮም። መጠን ናብቲ ዓዲ ዝቐረቡ፣ ሕዝቢ ዓድና ሸበድበድ ክብል

ጀመረ። ኣቦይ ንዓይ ምስ ኣሕዋተይ፣ ኪዱ ህደሙ ስለዝበለና፣ ኣነ ነቶም ሰለስተ ኣሕዋተይ ሒዘ ክሃድም ፍንትት ምስ በልኩ፣ መኣዝኑ ዘይፍለጥ ተኾሲ፣ ጠያይቲ ብልዕሌና እናሓለፈ ንቅድሚት ምስጓም ስለዝኸልኣና፣ ኣብ ጥቃና ዝነበረት እንዳ ዓ ለቦይ ኣቶና። ከይጸንሐ ብሓይሊ፣ ናይ ዝኽፈት መዓጹ ድምጺ ተሰምዐ። ምሉእ መዓልቲ ከኣ፣ ተኾስን ኣውያትን ክንሰምዕ ውዒልና።[60]

ኣጋ ምሸት፣ ቶኾሲ ሃዲኡ ኢልና፣ ደሃይ ገዛና ክገብር፣ ካብ እንዳ ዓሎቦይ ወጺእና ክሳድ ቤተ ክርስቲያን ምስ በጻሕና፣ እንደገና ብወገን ገዛውትና ቶኾሲ ስለዝጀመረ፣ ምስ ብዙሓት ደቂ ዓድና፣ ናብ ቤተ ክርስትያን ኣቲና። ኣብኡ'ውን ሓዲርና። መሬት ወገግ ምስ በለ፣ ልበይ ገበታ እናወቕዐት ንገዛና ጎየኹ፣ ገዛና ምስ ኣቑኩ፣ ቆፋፋና ተሰባቢሩ፤ እቲ እኽሊ ምስ ሓመድ ተሓዊሱ ኣደይን ዓባየይን ኣብቲ ስባር ናይቲ ቆፎ ተሓቢኦም ክሕቆና፤ ኣቦይ ነጸላ ተኸዲኑ፣ ኣብቲ ንእዲ ተጋዲሙ ስለዝረኣኽዎ ትርግታ ልበይ ልዕሊ ዓቕማ እናወቅዕት፣ ነታ ተኸዲንዋ ዝነበረ ነጸላ ግንጽል እንተኣበልኩዋ፣ ኣቦይ ኣፍ ልቡ ብጠያይቲ ተበጃጂሉ፣ ንዘልኣለም ደቂሱ ጸንሐኒ።

ትዝ ይብለኒ፣ ኣደይ ንብዓተይ እናደረዘት፤ “ጦር ሰራዊት ማዕጸ ገዛና ሰቢሮም ምስ ኣተዉ፣ ንዓይን ነቦኻን ኣብ ክትራና ኣውጺኦም፣ ንዓይ ሽልማተይ ነቦኻ ከኣ ሰዓቱ ቀንጠጡና። ከይቀትሉና

[60]. ቃለመጥይቕ ምስ ሌተ/ል ኮ/ል ዘርማርያም ተስፋይ።

ነዛ ኣብ ሕቕፎይ ዝነበረት ጓል ሰለስተ ወርሒ፡ ምእንትኑ ሕጻን ምሓሩና ምስ በልኩዎም፡ ሓደ ወተሃደር ነዛ ሕጻን ካብ ኢደይ መንጢሉ፡ ኣብ መሬት ሓጠቕ ኣበላ፡ ኣነ ከኣ እዋይ ጓለይ ኢለ፡ ናብኣ ምስ ወደቕኩ፡ ጠያይቲ ኩሚዮምልና። ኣቦኻ ኣየምለሰን። ሓብትኻ ከኣ እንሄት ልካ፡ ኣይምውቲ ኣይስርርቲ ኮይና በለትኒ።

ብድሕሪ'ዚ ኣባሓጎይ፡ ድሃይ ደቂ ክገብር ፈለማ እንዳ'ቲ ንእሽቶ ሓውቦይ፡ እንዳ ዑቕባገርጊስ ምስ ከደ፡ ኣብ ኣፍደገ ገዝኡ ተቐቲሉ ጸኒሕዎ። እሞ ንተስፋይ ኣላዕለኒ ክብሎ ኢሉ፡ ናብ ገዛ ዓቢ ወዱ ማለት ገዛና እንተመጸ፡ ተስፋይ ወዱ'ውን ተቐቲሉ ጸንሑ። "እዋይ ኣነ ደቀይ! ብሓንቲ መዓልቲ" እናበለ ክበኪ ከሎ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ቅጅል ይብለኒ። ሬሳ ሓውቦይ ዑቕባገርግሽ ኣብ ደገ ወዲቑ ስለዝነበረ፡ ኀሽላዕሎ ንዓናይ ኢሉኒ፡ ናብ ገዛ ዑቕባጎዮርጊስ ኬድና ንሓውቦይ ጨርቂ ኣውዲቕና ኣብ ገዛ ኣእቲ ናዮ። ካብኡ ቅሩብ ፍንትት ኢሎም ከኣ፡ ኣብ ሓደ ጉድጓድ ኣቦይ ገ/ማርያም ተኽሎም፡ ገረዝግሄር ብካራ ተቐራሪጾም ጸኒሖምና። ናውቲ ከብዶም ተበታቲኑ፡ ኣራእሶም ተቐራሪጹ መትሓዚ ስለዝሰኣናሉ ከኣ፡ ጨርቂ ጥራይ ኣውዲቕናሎም፡ ንገዛና ተመሊስና።[61]

ሽዑ ኣብ ከባቢ ገዛውትና ጥራይ፡ ኣቦይ መንግስቱ ምስ ሰበይቱ፣ ኣቦይ መሓሪ ምስ ሰበይቱ፣ ቀሺ ተምነዎ ምስ ቦኽሪ ወዱ ሙሴ፣

[61] . Ibid.

ኣቦይ ገብረማርያም ምስ ተኽሉም ወዱ፣ ሃንስ ምስ ሰመረአብ ወዱ፣ ኣቦይ ገረዝግሄር ምስ ግደ ወዱ፣ ኣቦይ ምስ ዑቕባጊዮጊስ ሓዉ ተቀቲሎም ጸንሑና። ቀዳም ጥራይ 28 ሰባት ኣብ ገዛውቶም ተቐቲሎም።

“ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ነዚ ዓቢ ዓወት ዝቐጸርዎ ህልቂት ምስ ፈጸሙ፣ ውራይ ከብዶም ንኽገብሩ፣ ናብቲ ንመርዓ ተዳልዩ ዝነበረ ዳስ ገስገሱ። ሽዑ ኣቶ ምስግና ፈጠረሉን ኣቶ ርእሶም ብርሃነን ሕሩድን መስተን ቀሪቦም፣ ብለምለም ዳስ ደቕም ከመርዕዉ ኣብ ምሽብሻብ እዮም ነይሮም። እቲ ትጽቢት ናይ ክልቲኡ ስድራ፣ ገፊሕ ዳሶም ኣዳልዮም ብጓይላን ተሓምበለን ንኽሕልፍዎ ዝነበሮም ምንዮት፣ ብኣንጻሩ ናብ ሓዘንን ዋይዋይታን ኢዩ ተለውጡ።

እቶም ናይ ጥፍኣት ልኡኻት፣ ናብቲ ዳስ ከይዶም፣ “እዚኣ ትጥዕም እዚኣ'ባ” እናበሉ በሊያም ሰትዮም ምስ ጸገቡ፣ ነቲ ዝተረፈ ካብቶም ሰብ ውራይ 12 ድልዱላት ሰባት ኣሰኪሞም፣ ነቶም ኣብ ያናታት፣ (ኣብ ወኪድባ ዝርከብ ስም ቦታ ኢዩ) ዝነበሩ ወተሃደራት ወሰዱሎም።

እቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ወተሃደራት፣ ነቶም መግብን መስተን ተሰኪሞም ዝመጽእዎም፣ 12 ሰለማውያን ሰባት፣ ባዴላን ኣፍራዛን ሂቦም፣ ብቕልጡፍ ጉድጓድ ክኹዕቱ ኣዘዝዎም። ኩዒቶም ምስ ወድኡ፣ ንሶሉም ኣብ ዘዝኾዓትዋ ጉድጓድ

ክንብርክኹ ነገርዎም፡ ብዘስካ ሕክሕ ጭካኔ ከኣ ቀተልዎም።

ህልቂት ወኪ ድባ በዚ ኣየብቅዔን፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ቀዳም ገዛ-ገዛ ኣትዮም ኪቐትሉ ውዓ ሎም፡ ሰንበት ንግሆ ገዛውቲ እንተ ኪሕኩሑ ግን ዝቐተሉ ሰላማውያን ሰባት ኣይረኸቡን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ገሊኡ ሕዝቢ ወኪድባ ሰንበት ሰዓት 10 ኣቢሉ፡ ብወገን ዓዲ ሰግዶ መህደሚ ስለዝረኸበ፡ ዓዱ ገድፉ ስለዝሃደመ፣ ገሊኡ ከኣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣትዮምስ፡ ኣይቀትሉ ናን ይኾኑ ብምባል፡ 150 ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዓበይ ትን መንእሰያትን ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያን፡ ቆልዓ ሰበይቲ ከኣ፡ ኣብ ደገ ሰላም፡ ተዕቑቦም ስለዝሓደሩ ኢዩ።

ለ/ኮ ዘርማርያም ተስፋይ፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ማርያም ቐኑስቐም፡ ወኪድባ ዝተፈጸመ ህልቂት፡ እናኣስቆርቆረ ብኽምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡ "ኣብ መጨረ ሽታ፡ ኣብ ገዛውቲ ዝጸንሑም ሰብ ምስ ሰኣኑ፡ ናብ ቤተ ክርስትያን መጺኦም። መጀመርያ ኣብ ደገ ሰላም ንዚጸንሕዎም ቆልዓ ሰበይቲ፡ ከጋፍው ጀመሩ። ብርቱዕ ኣውያትን ጫውጫውታን ናይ'ቶም ኣብኡ ተዓቕቦም ዝንበሩ፡ ቆልዓ ሰበይቲ ምስ ሰማዕና፡ ኣቦይ ቀሺ ገብርሂወት፡ ልብሲ ለቢሶም፡ ምስ ገለ ዓበይቲ ሰባት፡ ብሸንኽ ሰሜን ዘላ ማዕጸ፡ ወጺኦም ኪምሕርዎም ተደፊኦም ለመንዎም"።

“ብድሕሪዚ፡ ብዝሕና ንምፍላጥ ንቮልና፡ ካብ ቤተ ክርስትያን ኣውጺኦሙና፡ ሓደ ቀይሕ ሓጺር ወተሃደር፡ ብትግርኛ፡ “ሕዝቢ ኤርትራ ኣንቱም መጠ ቓዕቲ፡ ኣበይ ኣለዉ ድኣ? እቶም ደቅና ትብልዎም? ሕጂ ድኣ ዘየድሕንቮም? ብዝቮነ፡ ምእንቲ እዚ ደብሪ፡ ምሒርናኩም ኣሎና፡ እተዉ” ዝበል ትእዛዝ ምስ ሃበና፡ ኮልና ናብ ቤተ ክርስትያን ኣትና”።



ገለ ካብቲ ኣብ ወኪ ድባ ብ1975 ዝተፈጸመ ህልቂት ዘርኢ ሰእሊ።

ሰዓት ሓሙሽተ ምስ ኮነ፡ ልክዕ ከም በረድ ዝተሓወሶ ዝናብ ኢዩ ዝጥዕም፡ ጠያይት፡ ብፍኒስትራ፡ ብልዕሊ ዜንጎ፡ ቀዲዱ ክኣትወና

ጀመረ። ኣቦይ ቀሺ ገብርሂወት፣ ከም ቀደሞም ክልምኑ፣ ልብሶም ለቢሶም ቅልቅል ምስ በሉ፣ ብጥይት ርእሶም ተወቒየም ወደቑ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ብወገን ምዕራብ ዘላ ማዕጾ፣ ብጥይት ሰይሮም ኣትዮም፣ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያን ዝነበርና፣ በብሓደ እናኣውጽኡ፣ ክርሽኑና ጀመሩ።

ዓሰርተ ኣቢሎም ምስ በጽሑ፣ ኮልና ኣብቲ መንደቅ ልሕግ ኢልና፣ ምውጻእ ኣበና። ሓደ ወተሃደር ውሽጢ ኣትዩ፣ ንቮልና ኣውጽኡና፣ ብድሕ ሪ'ዚ፣ ሓደ ድልዱል ወተሃደር፣ “ወጣት ለየብቻው ለያቸው”፣ ማለት መንእሰያት ዝኾኑ ንበይኖም ፍለ ዮም፣ ዝብል ትእዛዝ ሂቡ፣ ኣብ እግሪ ቅድሚ ቤተ ክርስትያን ዝነበረት ቆልቋል ተንበርኪኹ፣ ዘዘምጽእሉ፣ ኣነጻጺሩ ክርሽን ጀሚሩ።

ኮሉ እቲ ቅድሚ ቤተ ክርስትያን ዝነበረ ቦታ ከኣ፣ ብሬሳን ደምን ኣዕለቕለቐ፣ እቲ በብሓደ ሓሓኒቑ፣ ናብታ መረሸንት ቦታ ዝድርኽና ዝነበረ ወተሃደር፣ ተራይ በጺሑ፣ ብክሳደይ ሓኒቁ፣ ናብታ መረሸኒት ቦታ ደፊኡ ገደፈኒ፣ ኣብዚ ጊዜ'ዚ፣ እቲ ረሻናይ ጥይት ወዲኡ፣ ካዝና ኪቕይር ከሎ፣ ኣነ በተግ ኢለ፣ ናብታ ፊተይ ዝነበረት ደገ ሰላም ኣተኹ። ኣብኡ ዝነበራ ኣንስቲ፣ በዓል ሰይተቦይ ተኽልዝጊ፣ እንቅዓ እናነብዓ በጭርቕቲ ከደናኒ። ካብዚ ንድሓር፣ ካብ ደቂ ኣርብዓ ንታሕቲ መንእሰያት ኣሕዋተይ፣ በብሓደ ጠረብ ክብሉ፣ ደሞም ኪዛራ፣ ሰሰራቕ ክዕዘብ ኣምስየ።

ኣብ መጨረሽታ፡ ሓደ ቀይሕ ቁንጹብ ወተሃደር፡ ነቶም ሬሳ ደቆም ኣብ ቅድሚኦም ተጸጢሑ፡ ሕልምልም እናበሉ ዝርእዩ ዝነበሩ ኣረገውቲ፡ “ኣንቱም ሰባት፡ መዓትኩ እንተተማሂለልካ ኢዩ ዝዝሕል። ሃየ ሕጂ ነዛ ቤተ ክርስትያን፡ እናተማሂለልኩም ዙርዋ” ይብሎም፣ ንሳቶም ከኣ፡ ምኽሩ ተቐቢሎም፡ ሽሞንተ ካህናት ዝኾኑ ልብሶም ለቢሶም፡ እናመርሕዎም፣ ናይ ዓ ቕሊ ጽበት፡ “እግዚኦ መሓረና ክርስቶስ.... እግዚኦ መሓረና ክርስቶስ” እናበሉ ክልተ ጊዜ ምስ ዞሩ፡ ብድሕሪ'ዚ እቶም ንምህላቅ ተዳልዮም ዝነበሩ ወተሃደራት፡ ኣድራጋ ጠያይት ብምትኳስ ብዙሓት ኣውደ ቕሎም። እቶም ዝተረፉ ውሑዳት ከኣ፡ ሃዲሞም ናብ ቤተ ክርስትያን ኣተዉ።

ቤተ ክርስትያን፡ ብዘሰቅቕ ቃንዛን ኣውያትን ተጎብኤት። ካብቲ መቕዘፍቲ ዘምለጥና ሓደ ክልተ፡ ዕውንውን (በረግ-ረግ) ንብል ዝነበርና ንገብሮ ጠፍኣና። ናይ'ቶም ዕድለኛታት ትንፋስ እኳ፡ ቀልጢፉ ስለዝሓለፈት ብዙሕ ከይተሳቐዩ፡ ንዘልዓለም ኣዕ ሪፎም፡ ገሊኦም ግን፡ ክሰሓጉን ማይ ማይ ክብሉን፡ ተሳቕ ዮም፡ ንዓና ኣሳቕዮምና።

ኣቦይ በረኸትኣብ ብርቱዕ ተሃሪሙ ክሰሓግ ከሎ፡ ሓዉ ኣቦይ ባሻይ ጎይትኦም፡ ኣብ ልዕሊኡ ኮይኑ፡ “በረኸት ሓወይ” ክብሎ ከሎ፡ ኣቦይ ተወልደብርሃን ኢዱ ተሃሪሙ፡ ብብዝሒ ደም እናፈሰሰ፡ “ኣንታ ኢደይ! ኢደይ!” እናበለ ክዞሮና ከሎ፡ ወዲ 20 ዓመት ዝነበረ፡ መንእሰይ እስጢፋኖስ ቀሺ ስዩም፡

“ዘርእማርያም ንዓባ ደግፈኒ” ክብለኒ፣ ኮሉ ናውቲ ከብዱ፣ ኣብ መሬት ወዲቁ፣ ኣዲኡ ኣብ ጎድኑ ኮይና ጸጸኒሓ፣ ነቲ ክስሓግ ከሎ፣ ዝወጽእ ዝነበረ መዓናጥኡ፣ ተእትዎ ይወጽእ፣ ተእትዎ ይወጽእ፣ ክሳብ ትንፋሱ ትሓልፍ ምርኣይ፣ ሕሱም ኢዩ ነይሩ። እንታይ ኢና'ሞ ክንገብረሎም!! ብዘይካ ኣብ ርእሶም ተዓኒድና ምብካይ፣ ካልእ ንገብሮ ኣይነበረናን።

ኣብ መጨረሽታ፣ እቶም ዝተረፍና፣ መሬት ምስ ጸልመተ፣ ተኣኻኺብና ልዕሊ 100 ሬሳታት ወለድና፣ ኣዝማድና፣ ኣዕሩኽትና፣ መማህርትና ገዲፍና፣ ብወገን ዓዲ ሰግዶ መውጽኢት ስለዝረኸብና፣ ሃዲምና፣”[62] ይብል ለ/ኮ ዘ/ማርያም ተስፋይ።

እቲ መዳርግቲ ዘይነበሮ፣ ዘስካሕክሕ ህልቂት ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ንብዙሓት ዓድታት'ውን፣ በጺሑወን ኢዩ። ገለ ካብኣን “ኣብ ጻዕዳ ክርስትያን 13 ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም፣ ብዙሓት ጥሪት ተዘሚተን። ኣብ ዓዲ ያዕቆብ 20 ሰባት ተቐቲሎም፣ ልዕሊ 100 ጥሪት ተዘሚተን። ኣብ ዓዶምሰሉስ፣ 7 ሰባት ተቐቲሎም፣ ልዕሊ 120 ጥሪት ተዘሚተን። ኣብ ዓዲ ንፋስ፣ 21 ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም፣ 1030 ጥሪት ተዘሚተን። ኣስታት 400 ሬሳታት፣ ኣብ ጸዳሉ፣ ኣብ ሓደ ጋህሲ ተቐቢሮም። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1975፣ ኣብ ሕርጊጎ፣ ልዕሊ 250 ሰላማውያን ሰባት፣ ብዓቢ ጭካኔ፣ ብካራን ጥይትን

[62] ቃለ መጥይቕ ምስ ሌ/ል ኮ/ል ዘርማርያም ተስፋይ።

ሃሊቆም"።[63] ብ1975 ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ፡ ልዕ ሊ 100 ሰባት ተቐቲ ሎም፡ ብዙሓት ከብቲ ተዘሚተን።

ብርግጽ ስርዓት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ካብዚ ኣብ ከተማ ኣስመራን ኣብ ከባቢ ኣስመራ ንዝርከባ ዓዲ ታትን፡ ካብ ምሸት ዓርቢ 31/1/1975 ክሳብ 2/1/1975፡ ዝፈጸሞ ህልቂት ዕላምኡ ሕዝቢ ንምርዓ ድ ኢዩ ነይሩ። ኮሉ ነገር ግን ተጻዩ ኢዩ ኮይኑ። ብዙሕ ሕዝቢ ኣስመራ፡ ነታ ዝፈትዋ ከተማኡ ራሕሪሑ ንገጠር ኪወጽእ ኢዩ ጀሚሩ።

ከምኡ'ውን፡ ብዙሓት መንእሰያት፡ ካብ ከተማ ኮነ ካብ ገጠር፡ ኣብ ገዝኡም ዝፈሰሰ ደም ናይ ወለዶም ረጊጾም፡ ናብቲ ኣብ ኣፋፊት ኣስመራ በጺሑ ዝነበረ፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ኽቪጽንበሩ ወሓዙ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ማዕረ እቲ ኣብ ከተማ ዝቐመጥ ዝነበረ ሕዝቢ ንገጠር ዝወጽኣሉ፡ ማዕረ እቲ መንእሰያት ንሜዳ ዝወሓዝሉ፡ እቲ ኣንጻሩ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ማዕርኡ ንቐድሚት እናሰጎመ፡ ገመድ ናይ መግዛእቲ ከም ዝብተኽ፡ ርግጽ እናኾነ ኪመጽእ፡ ናይ ግድን ኮነ።

በዚ ኮነታትኡ ዝሰንበዱ ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ፡ ዝዕገተሉ መንገዲ ንምንዳይ፡ ምስ ዓበይቲ ዓድን ሽማግለ ዕርቂ ኣኬባ ክገብሩ ወሰኑ። ኽኮሎም ዓበ ይቲ ዓድን ኣባላት ሽማግለ ዕርቅን፡ ኣብቲ ኣኬባ ኪግበረሉ ዝተወሰነ መዓልቲ፡ ኽኸርከቡ ከኣ ተሓበ

[63]. *ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ*፡ 20 ሰነ፡ ገጽ 3።

ሮም። ብድሕሪ'ዚ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ኣኼባ ኪግበር ምኻኑ ምስ ተነግሮም፡ ነቲ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ዝፍጸም ዝነበረ፡ ህልቂት ኽንፈልጡ ብዙሕ ጸዓሩ። ምስቲ ዝነበረ ኵነታት ግን ንጹር ሓበሬታ ንምርካብ፡ ጽንኩር ኢዩ ነይሩ።

ንጹር ሓበሬታ ንምርካብ ኣጸጋሚ ዝኾነሉ ምኽን ያቱ ከኣ፡ 1975 ኣስመራ ብኮሉ ሸኻ፡ ብተጋደልቲ ተኸቢባ ብምንባራ ኢዩ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ግን፡ እቲ ህልቂት ኣብ ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ገጠራት ኤርትራ'ውን ዝኸፍኤ ከም ዝነበረ፡ ዘረጋግጽ ንጹር ሓበሬታ ረኸቡ።

እቲ ሓበሬታ፡ ካብ 1970 ከም ስሌያን ሓበሬታን ኮይኑ፡ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ተወዲቡ፡ ካብ ዝሰርሕ ዝነበረ፡ ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ እዮም ረኺቦሞ። ንሱ ብኸመይ ከም ዝተላለዮም ክሕብር ከሎ፣ "መጀመርያ ርክበይ ምስ ኣባ ፍስሓጼን ዑቕባጋብርን ኣባ ተኽለማርያም ሃይለን ኢዩ ነይሩ። እዚ ክብለካ ግን ኣባ ኣጎስጢኖስ፡ ምስቶም ሽማግለ ዕርቂ ኽኽልቲኦም ውድባት ኽኸተዓርቑ ላዕልን ታሕትን ክብሉ ከለዉ፡ ጽቡቕ ገይረ ይፈልጦም ነይረ ኢየ። ብዝያዳ ዝተላለናሉ ግን፡ ሓደ መዓ ልቲ ነባ ተኽለማርያም ሃይለ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ገጠር ኤርትራ ዝተፈጸመ ህልቂት ምስ ኣዕ ለልኩዎም፡ በል ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ብዛዕባ እዚ ዘዕለልካኒ ሓበሬታ ይደልዩ ስለዘለዉ፡ ክጽውዓልካ ኢየ ኣዕልሎም ኢሎሙኒ ወጹ"።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ኣይደንነዩን ቀልጢፎም መጺኦም፡ ድሕሪ ሰላምታ፡ “ድሮ ኣባቴ ኣዕሊሎምኻ እዮም፡ ነዚ ኣብዚ ከተማ ዝፍጸም ዘሎ ሞትን ግፍዕን እኳ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ስለዝፍጸም ዘሎ ንርእዮ ኣሎና። ኣብ ገጠርካ ኮነታት ሕዝቢ ከመይ ኢዩ? ብዛዕባ ኣብኡ ዝፍጸም ዘሎ ህልቂት እንታይ ክትሕብረኒ ምኽኣልካ? ምኽንያቱ ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ሰሙናት መንግስቲ ንኣኼባ ጸዊዑና ኣሎ’ሞ ምተዛረብናሉ” ኢሎሙኒ።

ኣነ ከኣ፡ “ኣብ ገጠር ዝነብር ሕዝብና ደኣ ኣባቴ ክፉእ ናብራ የሕልፍ ኣሎ። ኣብ ቤተ ክርስትያን፡ ኣብ መስጊድ፡ ኣብ ውሽጢ ገዝኡ ይርሸን ኣሎ። ገዝኡ ብወተሃደራት ተቓጺሉ። መዕቆቢ ስኢኑ፡ ኣብ ፈቐዶ በረኻታት ተበቲኑ፡ ብሓለንጊ ጥሜትን ቁሪን ይግረፍ ኣሎ”፡ ምስ በልክዎም፡ ኣባ ኣጎስጢኖስ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ሓቲቶምኒ፣ “ነዚ ኵሉ ዝዘርዘርካለይ ዘረጋግጽ ዝኾነ ስእሊ ድዩ ካልእ፡ እንታይ ኣሎ? ምኽንያቱ ንዘይተፈጸመ ነገር ተፈጺሙ ኢለ ክዛረበሉ ዓገብ ስለዝኾነ ነዚ ዝበልካኒ ሓቅነቱ ዘብርህ እንተ ኣምጻእካለይ ጽቡቕ ነይሩ” በሉኒ።

ብድሕሪዚ ኣነ፡ “ድሓን ኣባቴ፤ ኣብ ዝቐልጠፈ መዓልታት ምስ ብጾተይ ተዘራሪበ ደረቕ ስእሊ ከምጽኣልኩም ክፍትን እየ” ዝብል መልሲ ሂበዮም ተፋነኩዎም። ናብ ዛግር ከይደ ንዶ/ር ኢዮብ ምምሕ ዳር ናይቲ ከባቢ ዝነበረ ምስ ተወከስኩዎ ደረቕ ስእሊ ሂቡኒ። ብድሕሪዚ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ

ሰላማውያን ሰባት ዝተፈጸመ ህልቂት፣ ዘረጋግጽ ደረቅ ስእሊ ሒዘ፣ ንገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ገጅረት ከይደ፣ ነባ ተኽለማርያም ሃይለ ሂበዮም። ንሶም ከኣ ነባ ኣጎስጢኖስ ሂበሞም" ኢዩ ዝብል።

ሕዝቢ ንምትላል ብመንግሰቲ ኢትዮጵያ ዝወጽኣ ኣዋጅ

ጀነራል ጌታቸው ናደው፣ ምስ ሽማግለ ዕርቂ ኣኼባ ቅድሚ ምግባሩ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ብዕለት 4/1/1975 መጠንቀቅታን መተሓሳሰብን ንሕዝቢ ዝብል ኣዋጅ ኣውጺኡ፣ ብሄልኮፕተር ከም ዝብተን ከኣ ገይርዎ። ጽማቕ ናይቲ ኣዋጅ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፦ "ካብ ዓርቢ ምሸት ኣብ ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን፣ ጸጥታ ጎዲሉ ኣብ ልዕሊ ሕይወትን ንብረትን ድማ ጉድኣት ተረኽቡ ምህላዉ፣ ኮሉ ርእዩዎን ፈሊጥዎን ኣሎ። ጠንቂ ናይዚ ዝሓለፈ ሰሙን ዘጋጠመ ሽግር ከኣ፣ ተጋደልቲ ኣብ ውሽጥኩም ብምህላዎም ዝተፈጥረ ጸገም ኢዩ። ብሰንኪ እዚ ወንበዴታትን ሕዝብን ፈሊኻ ኣብ ዘይክኣለሉ ተበጽሑ ኣሎ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ፣ ኣኽበርቲ ጸጥታ ተሸጊሮም ይርከቡ ኣለዉ"።

እቲ ሓቂ ግን፣ እቶም ኣኽበርቲ ጸጥታ እዮም ሕዝቢ ንኽህልቹ ትእዛዝ ዝተዋህቦም። ቀጺሉ እቲ መጠንቀቅታን መተሓሳሰብን ዘርእስቱ ምሸት ሰኑይ ዝተዘርግሔ ኣዋጅ ከምዚ ይብል፣ "ወንበዴታት ኣብ ዓድኹምን ኣብ ቤትኩምን ዚኣትዉ፣ ምሳኹም እውን ዚደባለቑ ዘለዉ፣ ምስኡም ሓቢርኩም ምእንቲ

ክትድምሰሱ ደልዮም፣ ኮነ ኢሎም ዝገብርዎ ዘለዉ ምኻኖም ፈሊጥኩም ተጠንቀቑ። ናይ መንግስቲ ሓይሊ ተንሲኡ ዘሎ፣ ንጸረ ሕጊ ኼጥፍእ ኢዩ እምበር፣ ንሰላማዊ ሕዝቢ ኪጎድእ ሓሳብን ድላይን ከም ዘይብሉ ፍለጡ። እምበኣር ካብ ጉድኣትን መቕዘፍትን ምእንቲ ክትድሕኑ፣ ነኽበርቲ ጸጥታ ምስቶም ጸረ ሰላም ዝኾኑ ወንበዴታት፣ ተደባሊቕኩም ኣይትጽንሕዎም። ብሰንኪ ንቑጽ ይነድድ ርሑስ ኢዩ'ሞ፣ ብሰንኪ ክፉኣት ካብ ምልካም ምእንቲ ክትድሕኑ፣ ካብኣቶም፣ ፈጺምኩም ክትፍለዩ ብጥብቂ ነጠንቅቑኩም ኣሎና”።[64]

እዚ ኣብ ኣስመራን ኣብ ከባብኣ ዝርከባ ዓ ዲታትን ብሄልኮፕተር ኢዩ ከም ዝብተን ተገይሩ። እዚ መጠንቀቕታ'ዚ ግን ንሕዝቢ ኣይዓገቶን፣ ቀጻሊ ከተማ ገድፉ ንገጠር ይወጽእ ነበረ። በዚ ኮነታት ዓቕሉ ዝጸበቦ ስርዓት መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ንኣዛዚ ሰራዊት ሓይሊ ምድሪ ዝነበረ፣ ጀነራል ጌታቸው ናደው ብደርጊ ተመዚዙ፣ ናብ ከተማ ኣስመራ ከም ዝኣቱ ገበረ። ጀነራል ጌታቼው ናደው፣ መጀመርያ ኣስመራ ምስ ኣተወ፣ ናብ ኣርባዕቲኡ ብሎኮታት ናይ ኣስመራ በጺሑ፣ ንዋሕዚ ናይቲ ንገጠር ዝሃድም ዝነበረ ሕዝቢ ምስ ተዓዘበ፣ ንምዕጋቱ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ክብል ጀመረ።

❋❋❋

[64] . ደበሱ ኣበበ፣ መን ይንገር፣ ዝነበረ፣ ኣብ ክውንነት ዝተመስረተ ዛንታ። ኣስመራ 1999፣ ገጸ -220.

ሻብዓይ ምዕራፍ

ኣኼባ ኣብ ኣደራሽ ቤተ መንግስቲ

ኣቶ ደበሱ ኣበበ ቀቅድሚ እዛ “መን ይንገር፣ ዝነበረ” ዘርእስታ መጽሓፎም ንምሕታም ኣብ ቤት ማሕተም ፍራንቸስካና እናቀረብዋ ከለዉ፣ እቲ ብዕለት 7ን 8ን የካቲት 1975፣ ጀነራል ጌታቸው ናደው ምስ ሽማግለ ዕርቂ፣ እቲ ካብ ምሸት ዓርቢ ጀሚሩ፣ ክሳብ ምሸት ሰንበት፣ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ዝተፈጸመ ግፍዕን ህልቂትን፣ ኣመልክቱ ዝገበሮ ኣኼባ ንኽብር ሁለይ፣ ብዕለት 13/7/2000፣ ቃለ መጠይቕ ምስ ገበርኩሎም፣ ዝሃቡኒ መልሲ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፤



ኣቶ ደበሱ ኣበበ

“መጀመርያ ስመይ ኣቶ ደበሱ ኣበበ እብሃል። ን33 ዓመት ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝነበርኩ ኮይነ ሕጂ ጥሮታ ወጺአ ኣሎኹ። ብዛዕባ እቲ ብዕለት 7ን 8ን የካቲት 1975 ጀነራል ጌታቸው ናደው ምስ ዕርቂ ሽማግለ ዝገበሩዎ ኣኼባ ከኣ፡ ከም ጸሓፊ ኮይነ ስለዘገልገልኩ፡ ብዛዕብኡ ዘሎኒ ሓበሬታ ብዓ ቕመይ ከብርሃልኩም ክፍትን ኢየ። ኣብ ወርሒ የካቲት 1975፡ ጀነራል ጌታቸው ናድው ናይ ኢትዮጵያ ናይ ሓይሊ ምድሪ ሰራዊት ኣዛዚ ዝነበሩ፡ ናብ ኣስመራ መጺኦም፡ ምስ ሽማግለ ዕርቂ፡ ዓ በይቲ ዓዲ፡ መራሕት ሃይማኖት፡ ክራኸቡ ስለዝወሰኑ ኻኦሎም ኣብ ኣኼባ ኪርከቡ ብሰሙኑ ተነጊርዎም ኢዩ ቀንዩ።

እቲ ብጀነራል ጌታቸው ናደው ዝተጸውዔ ኣኼባ ኣብ ኣደራሽ ቤተ መንግስቲ ኢዩ ተገይሩ። ጀነራል ጌታቸው ናደው ዘረብኦም ክጅምሩ ከለዉ፡ “ናብ ኤር ትራ መምጽኢየይ ነዚ ኣብዚ ዝሓለፉ ሰሙን ዝተፈ ጸመ ኮነታት ከጻርን፡ ንሕዝቢ ከጸናንዕን ኢየ መጽኤ ዘሎኹ። እዚ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ዝወረደ ሽግር ይርድኣኒ ኢዩ። ብድሕሪ ሕጂ ከምዚ ከይድገም፡ ብብዝሒ ሓለዋ ፖሊስ ኣዋፊርና ኣሎና። ኣድላዩ እንተኾነውን፡ ዝሰልጠኑ ኣየር ወለድ ቀሪብና ኣሎና።

እንተኾነ ዝሓለፉ ሰሙን፡ ብሎኮታት ኣስመራ ክርኢ ከይደስ፡ ብሓቂ ዘሕዝን ኮነታት ተዓዚበ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ብዙሕ ሕዝቢ ኣስመራ ገዲፉ፡ ልክዕ ከም ህበይ፡ ደቂ ሓንጊሩ ክወጽእ ርኤዮ፡ ብሓቂ

ዜሕ ዝን ኢዩ። እንታይ ኮይኑ ኢዩ ዝወጽእ ዘሎ? ኣርባዕተ ሓሙሽተ ጠያይት ተተኵሱ ኢሉ ክወጽእ ንዓይ ኪርድኣኒ ኣይክአለን። ስለዚ ንሸኹም መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓዲን ሕዝቢ ከምዚ ዝበለ ነገር ኽኸይፍጽም፣ በብወገንኩም ምዓድዎ። እንተ ዘይኮይኑ ንሕና ብሎኮታት ክንዓጽዎ ኢና” ብምባል ዘረብኦም ደምደሙ።[65]

ነቲ ሕዝቢ ንምርዓድ ኮነ ኢሎም ዝፈጸምዎ ህልቂት፣ ካብ ንቡር ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ፣ ክሳብ ሬሳታት በዚሑስ፣ ብመኪና ተወሲዶም ንቡር ስነ ስር ዓት ቀብሪ ተነፊጉዎም፣ ኣብ ሓደ ጉድጓድ ብሓባር ከም ዝቐበሩ ተገይሩ ከሎ፣ ኣብ ወኪድባ ካብ 100 ንላዕሊ ሰባት ኣብ ገዛውቶምን ቤተ ክርስትያንን ሃሊቆም ከለዉ፣ ጀነራል ጌታቸው ናደው “ኣርባዕተ ሓሙሽተ ጥይት ተተኩሱ ኢሉ ሕዝቢ ከተማ ሓዲጉ ክወጽእ ኣይረኣየንን ኢዩ” ምባሉ ምስ ምንታይ ክሕሰብ ይክአል? እቶም በቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ክወርድ ዝቐነየ ህልቂትን ግፍዕን ልቦም ጉሁይ ዝነበረ፣ ሽማግለ ዕርቂኽ እንታይ መለሱ?

መ. መርያ ዝተዛረቡ ደጃዝማች ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም እዮም፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ዝወረደ ህልቂት ከኣ እዚ ዝስዕብ ቃል ኣስሚያም ነይሮም፤ “ዝሓለፈ ሰሙን ዝተፈጸመ ተግ ባር ዜሰንብድን ዜሕዝንንዩ። መንግስቲ ኣሚኑ ዝተ ቐመጠ ሕዝቢ፣ ኣብ ማእከል

[65]. ብዕለት 13/7/1999 ቃለ መጠይቐ ምስ ኣቶ ደበሱ ኣበበ።

ገዝኡን ኣብ ቅድሚ ስድርኡን ኪቕተል፡ ደቂ ዝፈሰሰ ደም ወለዶም ሰጊሮም፡ በሪሮም ንበረኻ ኪጠፍኡ፡ ተራእዩን ተሰ ሚዑን ኣይፈልጥን። ብሓይልን ብጠበንጃን ስዒርካ ዝሓዝካዮ ሕዝቢ እኳ፡ ከምዚ ኪረክብ ኣይግብኦን። እዚ ኻኸይመጽእ ከኣ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለየ ኦኬባ፡ ንዘዝመጹ ሰበ-ስልጣናት ካብ ምዝራብ ዓዲ ውዒልና ኣይንፈልጥን፡ ሰሚዑ ቁምነገር ዝገብር ግን ኣይረኣናን።

ሓደ ታሪኽ ኣሎ፡ “ካብ ዝነብረሉ ቁሸት ወጺኡ፡ ናብ ማዕዶ ዓዱ እትርከብ ካልእ ዓዲ ገይሹ ዝወዓለ ኣዝማሪ (ዋጣ)፡ ንዓዱ ክምለስ ከሎ፡ ሩባ ውሕጅ መሊኡ ጸንሓ። መታን ከሕልፎ ከኣ፡ በታ ጭራዋጣ ገይሩ፡ ኑቲ ውሕጅ ሽሙን ዘይሽሙን እንዳሃበ ከሞጉሶ ዝሰምዔ ካልእ ገያሻይ፡ “እንታይ ትገብር ኣሎኻ” ኪብል ሓቲትዎ። ንሱ ከኣ “እንተሕለፈኒ ኢለስ ነዚ ውሕጅ የሞግሶን ይንእዶን ኣሎኹ” ክብል መለሰሉ። እቲ ገያሻይ ሓሳብካ ጽቡቕ ነይሩ፡ እንተኾነ እቲ ዝሰምዔ ይሓልፍ፡ እቲ ዘይሰምዔ ከኣ ይስዕብ እንድዩ ዘሎ በሎ” ንሕና ከኣ ንዝመጸ በዓ ል ስልጣን ንዛረቦ፡ ሰሚዑ ሓንቲ ከይገበረ ይኸይድ። ዘይሰመዔ ከኣ ይመጽእ ኮይኑና! እንታይ ዘይገበርና!” ክብሉ ዘረብኡም ደም ደሙ።

“ካልኣይ ተዛራባይ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ዝተባህሉ፡ ፍሉጥ ካቶሊካዊ ካህን፡ ተንሲኡም ከምዙ በሉ፤ “ኣዘራርባ ክቡር ጀነራል ጌታቸው ናደው፡ ሓደ ናይ ሮማውያን ታሪኽ ኣዘኻኺሩኒ። ጥንታዊት ሮማ ብብርታዓ ነገስታት ዓባይ ኩተማ ኮይና ነይራ።

ኔሮን ዝበሃል ንጉስ ነዛ ምዕብልቲ ከተማ ብሓዊ ክትነድድ ኣዚዙ፣ ሃልሃል ክትብል ከላ ከኣ፣ ብማዕዶ ንኽምልከታ ኣብ ሓደ ኮረብታ ደይቡ በገና (ክራር ዝመስል ዓቢይ መሳርሒ ሙዝቃ) እናሃረመ ኮፍ ኢሉ ክዕዘብ ከሎ፣ እቲ ሕዝቢ ካብቲ ሓዊ ክሃድም ከዕግርግርን፣ ላዕልን ታሕትን ኪብል ምስ ተዓዘበ፤ እንታይ ኮይኑ ኢዩ እዚ ሕዝቢ ዘዕገርግር ዘሎ?” እንክብል ንወተሃደራቱ ሓቲቱ። ሓደ ካብቶም መኳንንቱ ኣብ ጥቓኡ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ከኣ፣ በቲ ተግባር ቅጭ መጺእዎ፣ “ገዝ ኡን ንብረቱን ሓሪሩ! እታ ሓንቲ ሕይወቱ ከድሕን ኢሉዩ ሸበድበድ ዝብል ዘሎ!” ኪብል መለሰሉ”።

ሕጂ ከኣ፣ ሕዝቢ ኣስመራ ከምቲ ንሸኹም ዝበልክሞ ዘይኮነስ፣ ሰብኣዊ ውሕስነት ስለ ዝሰኣነ ኢዩ፣ ንብረቱን ገዝኡን ራሕሪሑ፣ ነታ ዘይትትካእ ሕይወቱ ከድሕን ኢሉ፣ ካብ ከተማ ንገጠር ዝወጽእ ዘሎ። ካልእ ምዝርዛር ኣየድልን እዋኑ እውን ኣይ ኮነን” ኢሎም ኮፍ በሉ።[66] ኣባ ኣጎስጢኖስ ነዚ ክዛረቡ ከለዉ ብዙሓት ካብቶም ኣብ ጥቓኦም ዝነበሩ ጀነራል ጌታቸው ናደው ብዘረብኦም ኪቑጣዕ ምስ ተዓዘቡ፣ ነባ ኣጎስጢኖስ ዘረብኦም ኣቋሪጾም ኮፍ ኪብሉ ብኽዳኖም ይስሕብዎም ከም ዝነበሩ ገለ ካብቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ የዘንትዉ።

ብድሕሪ ኣባ ኣጎስጢኖስ ዝተዛረቡ ኮ/ል ገብረመድህን ኣስፈል እዮም÷ ንሶም ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ፣ ናይ ሓደ ክፍሊ ሃገር ኣዛዚ ፖሊስ ኮይ

[66] . Ibid

ኖም ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን፡ ኣብ ሓደ ከተማ ብኣባላት ካድረ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ዝተፈጸመ ግፍዒ፡ ኣልዒሎም እዮም ተዛርቦም።

ኣብ መጨረሽታ፣ ግራዝማች በርሀ ገብረሂወት ዝተባህሉ ካልእ ተሳታፋይ፡ እቲ ኣኼባ ምስ ተ-መረ፡ ሓደ ሰዓት ዝሽውን ደንጉዮም ኢዮም መጺኦም። ሓሳቦም ኪህቡ ከለዉ፤ “ኣብ ኣገዳሲ ኣኼባ ትድለ ኣሎኻ ዝብል፡ ህጹጽ ልኡኽ ንዓዲ ስለዝመጸኒ ሕጂ ካብ ዓደይ ወኪ መጺኣ። ኣብቲ ከባቢ ብወተሃደራት ዝተፈጸመ ግፍዒ ክትዛረቦ ዘስካሕክሕ ኢዩ። መንእሰያትን ዓቅሚ ዝነበሮምን'ኳ ሃጽ ኢሎም ንበረኻ ሃዲ ሞም። እቶም ዓቕምን ዓ ይንን ዘይነበሮም ደቂ ሰማንያ ተስዓ ዓመት ዝኾኑ ኣብ ቤተ ክርስትያን ተዓቕቦም ዝነበሩ ሽማግለታት ግን ኣብታ ዝነበርዋ ቦታ ብጥይት ተቐቲሎም። ንውራይ ዝተዳለወ ዳስ ፈሪሱ፣ ኣብኡ ዝጸንሑ መስተን መግብን ምስ ሓመድ ተሓዊሱ። ገዛውቲ ነዲዱ። እንታይ ዝገበረ ሕዝቢ ኢዩ እዚ ኮሉ ግፍዒ ዝወርዶ! ክብሉ መረርኦም ገሊጾም”።[67]

ጀነራል ጌታቸው ናደው በቲ ዘይተጸበዮ ናይቶም ሽማግለታት ዘረባ ተቐጢዑ፡ “ናይ ኮሉኹም ሓሳብ ሰሚዔዮ ኣሎኹ፡ ብሓቂ ክገልጾ እንድሕሪ ኾይነ ከኣ፡ ኣብዚ ኣኼባ ዘለኹም ዓበይቲ ዓዲ፡ ካህናት፡ መሻይኽ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊትና ፈኽራ ከም ዘስማዕኩም ገይረ እየ ዝወስዶ። ነባ ኣጎስጢኖስ ንምትንካፍ ከኣ “ብጥ ንቲ እንተኾነ'ውን ንኢትዮጵያ

[67] . Ibid

ዝበደልዋ ፍርቂ ሜትሮ ዝኸውን መስቀል ክርስቶስ እንዳንጠልጠሉ ዝመጹ ዝነበሩ ሚስዮናውያን እዮም ነይሮም። ብዝኾነ ኵሉ ዝተዛረብናሉ መበገሲ ገይረ ንመግስቲ ኣቕሪበ ዘድሊ ክፍጽም ምኻነይ እገልጸልኩም”።[68] እንክብል ዘረብኡ ዓጽዩ። ብድሕ'ዚ - ነራል ጌታቸው ናደው ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ ናብ ገዳሞም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ምስ ተመልሱ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኣኼባ ዝተዛረብዎ ነሕዋቶም ምስ ነገርዎም፣ ብዙሓት ኣሕዋት ሰንበዱ። ሓደ ካብኦም ኣባ ወልደኢየሱስ እማን እዮም ነይሮም፣ ነባ ኣጎስጢኖስ ከኣ፣ “ኣባቴ ነዚ ኵሉ ተዛሪብኩም መንግስቲ ስኞ ኢሉ ክርእየኩም ኣይክእ ልን ኢዩ። ስለዚ ሀደሙ፣ ካልእ ይትረፍ ካብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ገጅረት ኣብዚ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ገደማትና ክውል በሉ” ዝብል ምኽሪ ሃብ ዎም። ኣባ ኣጎስጢኖስ ግን “ኣነ ክውኑን ማንም ሰብ ኪምስክሮ ዝክእልን ሓቂ ኢየ ተዛሪበ። ስለዚ ዝሃድ መሉ ምኽንያት የብለይን!” ብምባል ነዚ ሓሳብ ናይ ኣሕዋት ኣይተቀበልዎን።

ብዛዕባ ምእሳር ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ ዝተሻቀሉ ግን ኣሕዋቶም ጥራይ ኣይነበሩን። ገለ ተጋደልቲ'ውን ከይተረፉ ካብ ማእሰርቲ ደርጊ ንከድሕንዎም ጽዒሮም እዮም። ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ ብዛዕባ'ዚ ብተጋደ ልቲ ዝተፈተነ ጻዕሪ ብኸምዚ ይገልጾ፣ “ስውእ በራኺ ንጉሰ (ወዲ

[68] . Ibid

ፈንቅል)፣ ምስ ሳልሳይ ርእሱ ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ ፍልፍል ሰሎሙና ጸውያምኒ፤ መንግ ስቲ ኢትዮጵያ ነባ ኣጎስጢኖስ ተድላ በቲ ኣብ ኣኼባ ዝተዛረብዎ ተቐጢዑ ኪአስሮም ስለዝክእል፣ ብዘይ ገለስክፍታ ሕይወቶም ንምድሓን ካብ ከተማ አስመራ ከነውጽአኩም ኝክእል ኢና በሎም" ዝብል መልእኽቲ ሂቦምኒ። ብድሕሪ'ዚ ዝተዋህበኒ መልእኽቲ ሒዘ ንኣስ መራ ኣትየ።

ምሸት ምስይ ምስ በለ ከኣ፣ ናብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ገጅረት ከይደ፣ ነባ ተኽለማርያም ሃይለ ጸውዔ ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ኣራኽቡኒ ኢለዮም። ኣባ ተኽለማርያም እቲ ኮነታት ይርድኦም ስለዝነበረ ቀልጥ ፎም እዮም ጸዊየሙለይ። ኣባ ኣጎስጢኖስ ምስ መጽኡኒ፣ "ኣባቴ ሕጂ ካብ ፍልፍል ሰሎሙና ኢየ ተላኢኽ መጽኤ፣ ዝልኣኽኒ ከኣ በራኺ ንጉሰ ኢዩ። እዚ መንግስቲ በዚ ኮሉ ኣብ ኣኼባ ዝተዛርብኩምዎ ተቐጢዑ ኪአስረኩም ስለዝክእል፣ ካብዚ ከተማ ውጽኡ ይብለኩም ኣሎ" ኢለዮም። ኣባ ኣጎስጢኖስ ግን ነቲ ሓሳብ ኣይተቐበልዎን፤ "እታ ትመጸኒ ብትዕግስት ኪጽበያ ኢየ እምበር፣ ካብዚ ከተማስ ኣይሃድምን እየ" ዝብል ዘይተጸበኽዎ መልሲ ሃቡኒ።

ብመልሶም ሰንቢደ ከኣ፣ ነቲ ዝሃቡኒ መልሲ ሒዘ፣ ናብ ብዓል በራኺ ንጉሰ (ወዲ ፈንቅል) ናብ ፍልፊል ሰሎሙና ተመሊሰ። ምስ ነገርክዎም ንሶም'ውን ብወገኖም ሰንቢዶም። ብዘይ ጸገም ካብ ከተማ ኣውጺእና ኣብ ንሶም ዝመረጽዎ ቦታ ከነብጽ

ሐም ከም ንክእል ተጠራጢሮም ከይኮኑ? እንተደልዮም ኣብዘን ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ዘለዋ ገዳሞም፣ እንተደልዮም ንሱዳን፣ ከነእትዎም ከም እንክእል ኮሉ ጽቡቕ ገርካ ግለጸሎም ስለዝበሉኒ፣ ሽዑ ንሽዑ ነስመራ ኣትየ። መሬት ምስይ ምስ በለለይ ከኣ፣ ናብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ጸላም ኣሰንየ ከይደ።

መጀመርያ ነባ ተኽለማርያም ሃይለ፣ ምስ ሓደ ዕድመ ድፍእ ዘበሉ ፈላሲ ኮንኩም፣ ምናልባኽ እንተ ሰምዕኩም፣ ተዛረብዎም ኢለዮም። ንሶም ግን ቅድሚኡ ብዙሕ ከም ዝተዛረብዎም፣ እንተ ኾነ ከም ዘይሰምዕዎም ገልጸሙለይ። ኣብ መጨረሽታ ባዕለይ፣ ሕጂ'ውን ኣባቴ ንዓኹም ከውጽእ ካብ በረኻ ኢየ ተላእኽ መጽኤ ዘሎኹ፣ ምእሳርኩም ከኣ ዘይተርፍ ውዱእ ነገር ስለዝኾነ፣ ኣብ ንሸኹም ዝመረጽክሞ ቦታ፣ እንተደልኹም ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ዘለዋ ገዳማትኩም፣ እንተደ ልኹም ከኣ ንሱዳን ከነብጽሓኩም ጸገም የብልናን፣ ስለዚ ሕይወትኩም ኣድሕኑ፣ ውጽኡ ይብልኹም ኣለዉ” ኢለዮም።[69]

መልሲ ኣባ ኣጎስጢኖስ ግን፣ ካብ ናይ ቀደሞም ብዘይፍለ፣ “ኣነ ንርእሰይ ክጥዕመኒ ኢለ ኣይወጽእን እየ። ሕጂ እንድሕሪ ሃዲመ ከኣ፣ ጽባሕ እቲ ኮሉ ዝተዛረብኩዎ ሓቂ፣ ከም ሓሶት ኪቑጸር ኢዩ። ተግባሩ ፈሊጡ ኢዩ ሃዲሙ'ውን ክብሉ እዮም።

---

[69]. ቃለ መጠይቅ ምስ ኣቶ ተኽለኣብ ምሕረትኣብ፣ ካብ 1970 ጀምሩ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ተወዲቡ፣ ከም ስለያን መጽናዕትን ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ።

ስለዚ ዝመጸ ይምጻእ፣ ሓይሊ እግዚኣብሔር ሒዘ ክጽበዮ ኢየ!" ምስ በሉኒ ቀቢጸ ከይደ። ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን፣ ጀነራል ጌታቸው ናደው ካብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ተመልሰ ነባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ሳልሳይ ርእሶም ከም ዝኣሰሮም ሰሚዔ" ይብል ኣቶ ተኽልኣብ።

ኣቶ ተኽልኣብ ምሕረትኣብ'ውን፣ ብድሕሪ እቲ ንኣባ ኣጎስጢኖስ ንምድሓን፣ ላዕልን ታሕትን ኢሉ ዘይሰለጠ፣ ካልእ ስራሕ ተዋህብዎ ነበረ። ንምስላጥ ኣብ ዝንቀሳቀሰሉ ዝነበረ ጊዜ ከኣ፣ ሓንቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ባዕሉ ዝወደባ ስለዝተታሕዘት ተኣሲሩ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ኣብቲ መጀመርያ ክሕዝዎ ከለዉ፣ ብርቱዕ ማህሰይቲ ኣብ መዓናጥኡ ስለዘው ረድሉ፣ ሃለዋቱ ኣጢፍኡ ክሳብ ኣይርኢ ኣይሰምዕ ኢዩ ኮይኑ። እንተኾነ እቶም ወተሃደራት፣ ብዙሕ ምስጢር ወይ ሓበሬታ ይርከቦ ኢዩ ኢሎም ስለዝገምገሙ፣ ቅድሚ መርመራ ከይሞቶም ቀልጢፎም ናብ ቤት ሕክምና መካነ ሕይወት ወሲዶሞ። ክሳብ ዝሓዊ ብወተሃደራት እናሓለዉ ከኣ፣ ብኽኢላታት ሩሳውያንን ደቂ ሃገር ሓኻይምን ገይሮም፣ ብዙሕ ክንክን ስለዝገ በሩሉ ጥዕንኡ ናብ ንቡር ኪምለስ ከኣለ።

ኣቶ ተኽልኣብ፣ ሓደ መዓልቲ ካብተን ዝሕክምኒ ዝነበራ ነርሳት ከም ዝሓበረትኒ፣ ሓደ ፈላሲ፣ ምኽንያት መእሰርኻ ዘይፈልጥዎ ኮይኖም፣ ከምቲ ልሙድ ኣብ ቤት ሕክምና ሓሚምካ ትሕከም ዘሎኻ መሲሉዎም ክበጽሑኻ መጺኦም ነይሮም። ኮሉ

ኮነታትካ ጽቡቕ ገይረ ገሊጸሎም፡ ድሕሪ ሕጂ ንተኽልኣብ ደሊኹም ኣብዚ ገጽኩም ከይትመጽኡ ኢለ ኣፋነዮም ኢላትኒ" ይብል። "እዛ ቤት ሕክምና ኣብ መካነ ሕይወት እናሰ ርሔት ትተሓጋገዘ ዝነበረት፡ ኣብ ሆስፒታል እናተሓ ከመ ከሎ ብጻዕሪ ናቱን ኣብ ከተማ ዝነበሩ መሳርሕ ቱን ዝተወደበት ነርስ ኢያ ነይራ" ይብል ኣቶ ተኽልኣብ።[70]

❁❁❁

ሻሙናይ ምዕራፍ

ሕይወት ቤት ማእሰርቲ

ኣራተኛ ፖሊስ ጣብያ፡ ኣዲስ ኣበባ

ጀነራል ጌታቸው ናደው፡ ድሕሪ ክልተ ወርሕ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ኤርትራ ዋና ኣመሓዳርን ኣዛዚ ናይ ሰራዊትን ኮይኑ ናብ ኣስመራ ምስ ተመልሰ፡ ነባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፡ ንደጃዝማች ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም፡ ንኮ/ል ገብረመድህን ኣስሄል ክእሰሩ ኣዝዙ። ብ15/3/1975 ንግሆ ክዳን ሲቪል ዝተከድኑ ሰባት፡ ሓንቲ ዕጽውቲ መኪና ሒዞም ናብ ገዳም ቅዱስ ፋራንቸስኮስ ከይዶም ነባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ጸውዑልና ኢሎም ኣዘዙ። ኣባ ኣጎስጢኖስ ተጸውየም ምስ መጽእዎም ከኣ እናደፍኡ ናብታ ዕጽውቲ መኪና ክአትዉ ኣዘዝዎም። ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ወላ'ኳ ሓንሳብ

---

[70]. Ibid

መፍትሕ ነሕዋተይ ከረክብ ዝብል ልመና እንተ ኣቕረቡሎም ኣይተቐብልዎምን። ኣብ መጨረ ሽታ ነቲ ምስኦም ዝነበረ መፍትሕ ብልዕሊ ካንሸሎ ናብ ውሽጢ ገዳም ከም ዝደርበይዎ እዮም ዝሕብሩ ኣባ ወልደኢየሱስ እማን።

ሰብ ስልጣን ደርጊ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ምስ ብጾቶም ንሓደ ወርሒ ኣብ ማርያም ግቢ ኣሲሮሞም ድሕሪ ምጽናሕ፣ ቀልጢፎም ንኣዲስ ኣበባ ወሰዱዎም። ኣብቲ ብጭካኔኡ ፍሉጥ ዝነበረ (ኣራተኛ ፖሊስ ጣብያ ክፍለ ጦር) ዚብሃል ቤት ማእሰርቲ ከኣ ዳጎንዎም። ቤት ማእሰርቲ ነባ ኣጎስጢኖስ ኣየኾጀዎ ምን፣ እኳ ድኣ ብዝያዳ ንሓዋርያዊ ስራሕ ዕድል ከፈተሎም። በቲ ካብ ቅድሞ'ውን ንእሱራት ዝነበሮም ሓልዮትን ተገዳስነትን ሕጂ ኣብ መንጎኡም ብምርካቦም ከም መንፈሳዊ ኣቦ ኮይኖም ኪሕብሕብዎም ኪኢ ሎም እዮም።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ቅድሚ ምእሳሮም'ውን እንተኾነ ኣብ ሰንበል ተኣሲሮም ዝነበሩ እሱራት ሰንበት-ሰንበት እናኸዱ መንፍሳዊ ምጽንናዕ ኀኸሕድሩ ቀጻሊ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ይፍጽሙሎም ነይሮም። ብዙሓት ምስኦም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ “ኣራተኛ ፖሊስ ጣብያ” ተኣሲ ሮም ዝነበሩ ከም ዝምስክርዎ ከኣ፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ናብቲ ቤት ማእሰርቲ ምእታዎም ብሓቂ ነቶም እሱራት ሓደ ዓ ቢ ህያብ ኢዩ ነይሩ ይብሉ። ኣብቲ ጊዜ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓለቓ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዝነበሩ፣

ነፍሰሔር ኣባ ገብረመስቀል ወ/ጊዮርጊስ፣ ሓደ ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተኣሲሩ ዝነበረ፣ ምስ ተፈትሔ ናብ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ፣ “ኣባቴ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ዝብሃሉ ትፈልጥዎም'ዶ?” በሎም።

ኣባ ገብረመስቀል ከኣ፣ “እወ ወዲ ማሕበረይ እዮም” ቢሎም መለሱ።

እቲ ሰብኣይ “እሞ ብምእሳሮም'ከ ትሓዝኡዶ?”

ኣባ ገብረመስቀል፣ “ከመይ ድኣ ሓወይ ተኣሲሩ እናረኤኩ ድኣ ኣበይ የእትውዎ፣ እንታይ ይብልዎ ይኾኑ እናበልኩ፣ እሻቀል እሓዝን'ውን” ኢሎም መለሱሉ።

እቲ ምስኦም ተኣሲሩ ዝነበረ ሰብኣይ፣ ነባ ገብረመስቀል፣ “ኣባቴ እግዚኣብሔር ዓቢ ጎቦ ይፈጥ ር'ሞ መዳይቦ ይገብረሉ፣ ዝብሃል ከምዚ ናይ ኣባ ኣጎስጢኖስ ኢዩ። ምኽንያቱ ብዙሓት ካብኦም ምስኦም ተኣሲርና ዝነብርና፣ ስቃይ ናይቲ ሓቂ ተዛረብ እናተባህለ፣ ኣብ እንግድዓና ዚጽሐ ዝነበረ፣ ሕርቃን ናይቶም መርመርቲ ዘስዕቦ ዝነበረ ብስጭት፣ ብሳልኦም ኢና ሰጊርናዮ” ከም ዝበሎም ኣዕሊሎ ምኒ።[71]

---

[71]. እዚ ነፍስ ሔር ኣባ ገረመስቀል ወልደገርጊስ ብዋሕዲ ጥዕና ንዓዲ ጣልያን ክሽዱ ኣብ ዝቀራረብሉ ዝነበሩ ዝሃቡኒ ሓበሬታ ኢዩ።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣራተኛ ፖሊስ ጣብያ፣ ኣባ ኣጎስጢኖስ ኽኡሎም እቶም ምስኡም ተኣሲሮም ዝነበሩ፣ ከም ኣቦ ኮይኖም የጸናንዑዎምን ይከናኸኑ ዎምን ነይሮም። ብሕልፊ በቲ ዝነበሮም ቀዲሕካ ዘይውዳእ ሊቅነቶም፣ ኽኡሎም ነቶም ትምህርቲ ዝወድኡ ቋንቒ ጣልያን፣ ነቶም ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸቡ ከኣ፣ ባዕሎም ኣምሊሮም ናብ ዝለዓለ ደርጃ ከም ዝበጽሑ ጌይረሞም እዮም።[72]

ንሸዱሸተ ዓመትን ሸዱሸተ ወርሕን ምስኡም ተኣሲሮም ዝነበሩ፣ ነፍስሔር ደጃዝማች ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም፣ ብዛዕባ ኣበርክቶ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ኪገልጹ ከለዉ፣ “እንታይ እሞ ክብለካ እየ! ንብዙሓት ይጠቅሙ ነይሮም እምበር፣ ብፍላይ ብትምህርቲ፣ ነቶም ትምህርቶም ወዲኦም ዝነበሩ፣ ቋንቒ ላቲን፣ (ጣልያን ማለቶም ኢዩ፣) ነቶም ወላ ሓንቲ ትምህርቲ ዘይነበሮም ከኣ፣ ሓደ ኢሎም ኣጀሚሮም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኪበጽሑ ሓጊዘሞም፣ ብዝያዳ ግን ነቶም ብዛዕባ ስድርኦም ይኹን፣ በቲ ዝወርዶም ዝነብረ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ስቓይ ተስፋ ዝቖረጹ፣ በብሓደ ይፈልጥዎምሞ ቀሪቦም ዋዛ ምስ ቁምነገር እናዕለሉ የጸናንዕዎም ነይሮም። በዚኣ ብዙሓት

[72]. መጽሔት ትምጻእ መንግስትከ ቕጽሪ 58፣ 1993፣ ገጽ 53።

ካብቶም ምሳና ተኣሲሮም ዝነበሩ፣ ከመስ ግንዎም ይሰምዕ ነይረ።[73]

ልዕሊ ኵሉ ግን ናይ ኣባ ኣጎስጢኖስ ነገር ንዓ ይ ዝገርመኒ፣ ቅድሚ ምእሳሮም እንታይ ዓይነት መጻሕ ፍቲ የንብቡ ከም ዝነበሩ ኢዩ። ምኽንያቱ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ሓቲትካዮም፣ ኵሉ መልሶም ኣዕ ጋቢ ኢዩ። ገሊኡ እዋን ብሕት ኢልና ምስኡም ኣብ ነዕልለሉ ጊዜ፣ ናጽነት ኤርትራ መኣስ ከም ምኻኑ እዮም ጊዜ ዘይፈልዩልካ እምበር፣ ክትመጽእ ምኻናስ ኣይጠራጠርን ኢየ ይብሉና ነይሮም። ፍጹም ተስፋ ምቑራጽ ዝብሃል ኣይነበሮምን። ሓደ መዓልቲ ብዛዕባ ናይታ ሽማግለ ዕርቂ ኣልዒልና ክንዛረብ ከሎና እንታይ ኢሎምኒ መስልካ “ንዓይ ዘጉህየኒ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ውድባት ስምረት ንምምስራት ብዙሕ ዝደኸምናዮ ምፍራሱ ኢዩ”። ኣብቲ ጊዜ ዕርቂ ኣብ መንጎ በበይኻ ምስራሕ ብስምረት ምስራሕን ዘሎ ፍልልይ ንምርዳእ ነዛ ትስዕብ ታሪኽ ከም ዘዘንተ ውሎም ሓብሮሙኒ።

እታ ታሪኽ ከምዚ እትስዕብ ኢያ፣ “ሓደ ሰብኣይ ሽዱሽተ ኣወዳት ዝነበርዎም፣ ኣብ ጊዜ እርጋኖም 12 በትሪ ቀሪቡ፣ ኀኵሉም ደቆም ጸዊየም ክስብርወን ሓሓንትኦም በትሪ ሃብዎም። ንሶም ከኣ ነፍሲ ወከፎም ነተን ዝተዋብኦም ኣባትር

---

[73] . ቃለ መጠይቕ ምስ ነፍስሔር ደጃዝማች ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም፣ ንሸውዓተ ዓመት ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ተኣስሮም ዝነበሩ።

ቀልጢፎም ሰበርወን። ኣብ መጨረሽታ እቶም ወላዲ፡ ነተን ዝተረፋ 6ተ በትሪ፡ ብሓደ ጠሚሮም ክሰብርወን ሃብዎም፡ ብሓደ ስለዝተ ጠምራ ከኣ ሓደ እኳ ካብኦም ክሰብረን ኣይከኣለን። እቶም ወላዲ፡ በሉ እዞም ደቀይ ከምዘን ኣባትር እንድሕሪ ሰሚርኩም ኣብ ኮሉ ስራሕኩም ክትዕወቱ ኢኹም” ትብል ኢያ ነይራ። ምስ ኣባ ኣጎስጢኖስ እንታይ ክንብለካ ብዙሕ ነዕልል ነይርና፡ ብእኡ ኢዩ ከኣ ጊዜና ዝሓልፈልና ዝነበረ ይብሉ ደኛዝማች ገብረዮሓንስ ተስፋማርያም።[74]

ኣባ ኣጎስጢኖስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ሽዱሽተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን እዮም ጸኒሖም። ናይ ኣባ ኣጎስጢኖስ፡ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምጽንሖም፡ ንማሕበር ኮነ ንቤተ ክርስትያን ኣተሓሳሳቢ ኮይኑ ነይሩ። በዚ መሰረት ማሕበር ኮነ ቤተ ክርስትያን፡ ዝፍትሕሉ መንገዲ ንምንዳይ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ኢሎም እዮም። ኣባ ኣጎስጢኖስ እቲ ንእኦም ንምውጻእ ዝግበር ዝነበረ ጻዕሪ ስለዝሰምዕዎ፡ እሞ በቲ ኣገባብ'ቲ ካብ ቤት ማእሰርቲ ክወጹ ስለዘይድግፍዎ፡ ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ሓንቲ ጭራም ወረቀት ጽሒፎም፡ ነቶም ኣብቲ ጊዜ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓለቓ ገዳም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዝነበሩ፡ ኣባ ገረመስቀል ወ/ጊዮርጊስ፡ ከምዚ ዝስዕብ በልዎም፤ “ዝኾበርኩም ኣባ ገረመስቀል ወልደገርጊስ፣ ኣነ ብዋ ሕስ ወይ ብገንዘብ፡ ክወጽእ ስለዘይደሊ፡ ብዛዕባ ምውጽኤይ

[74] . Ibid

ምሳይ ከይዘተኹም ሓንቲ ከይትገብሩ”፣ ዝብል መልእኽቲ ሰዲዶምሎም። ነቶም ጊደ ውግእ ሓድሕድ ኮይኖም ዝነበሩ ክልተ ውድባት ኣመልክቶም ከኣ፣ “እቶም ክልተ ኣሕዋት ሙሴን ኤልያስን'ከ ተዓሪቖምዶ” እናበሉ ብምስጢር ኾሉ ጊዜ ይሓቱ ነይሮም።[75]

ኣባ ኣጎስጢኖስ ኣብ ናይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ንፍርድን ንቃለ-መጠይቕን ዝቐረብሉ ዝነውሔ ጊዜ ሰለስተ ደቂቕ ኢዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብብዙሕ ወገን፣ ካብ ቫቲካን ከይተረፈ ኽኽፍትሑ ልመናን ጥርዓንን ይመጽኦ ስለዝነበረ፣ ነባ ኣጎስጢኖስ ተደጋጋሚ ዘቕርብሉም ዝነበሩ፣ “ብዝፈጸምኩሞ ገበን ተጣዒሰ ትብል ቃል እንድሕሪ ኣውጺእኩም፣ ኣብ ዝቐልጠፈ ጊዜ ካብ ቤት ማእሰርቲ ከነውጽኣኩም ድልዋት ኢና” ዝብል ምርጫ ነበረ።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ግን፣ “ዝረኣኹዎ ክውንን ዘሎን ኢየ ዝተዛረብኩ። ምናልባት ተጋግየ እንተኾይነ፣ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ዝርከባ ቤተ ክርስትያናትን መሳጊ ድን፣ እቲ ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ህልቂት ስንብራቱ ከይሃሰሰ ህያው ስለዘሎ፣ ዝረኣይኦ ንክምስክራ ይተሓተታ። ምስክረይ፣ እተን ደም ንጹሓት ዝዛረየን ጎደናታት ኣስመራ ኢየን። ብሓጽሩ ተጋግየ እንድሕሪ ኮይነ፣ ሆስፒታል መካነ ሕይወት ንጎሮሮኣ ክትምስክር ትተሓተት። ስለዚ ኣነ ብወገነይ ሓቂ ስለዝተዛረብኩ፣ በቲ ዝተዛረብኩዎ

[75] . ቃለ መጠይቕ ምስ ነፍሰ ሔር ኣባ ገብረመስቀል ወ/ገርጊስ

ዝጠዓሰሉ ምኽንያት የብለይን"[76] ዝብል መልሲ እዮም ዝህብዎም ዝነበሩ።

ብዛዕባ ካብ ቤት ማእሰርቲ፣ ምስ ብጾቶም ብኽመይ ተፈቲሖም ንዝብል ሕቶ፣ ብርግጽ እቲ ብዛዕባ ክፍትሕሉ ዝኽእልሉ ብማሕበር ኮነ ብቤተ ክርስትያን ዝግበር ዝነበረ ጻዕሪ ዓቢ ኣበርኪቶ ነይርዎ ኢዩ። ማዕረ-ማዕረ እዚ ግን፣ ኣብ ኣስመራ ዝነበሩ ዓበይቲ ዓዲ ብምእሳር ብፍላይ ከኣ ኣባላት ናይታ ብ38 ትጽዋዕ ዝነበረት ሽማግለ ዕርቂ ብሓባር ይኹን ብውልቂ ናብ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ እናቐረቡ ምሕረት ክግበረሎም ይሓቱ ነይሮም እዮም፣ እንተኾነ ተቐባልነት ከይረኸበ ብዙሕ ጊዜ ወሲዱ። እቲ ነቲ ዝተፈጸመ ህልቂት ሸፋፊኑ ኪጉልበብ ሓሲቡ ዝነበረ ጀነራል ጌታቸው ናደው፣ ነቲ ሓሳቡ ዘፍርስን ነቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝተፈጸመ ህልቂት ከም ዘለዎ ዘንጸባርቕ፣ ኣብቲ ኣኼባ ብምዝራቦም ከም ዝእሰሩ ዝገበረ፣ ብ1976 ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ከደ ንባዕሉ ኣብኡ ሓቂቕ ስለዘይተመልሰ፣ ቅያር ናቱ ፍቕረ ወልደትንሰኣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1976፣ ናብ ኣስመራ መጺኡ ስራሕ ምስ ጀመረ፣ ብገለ ዓበይቲ ዓዲ፣ እቲ ኮነታት መእሰሪኡም ብዝርዝር ፍቕረ ወልደትንሰኣ ከም ዝፍለጥ ገይሮም።[77]

---

[76] .

[77] . ቃለ መጠይቕ ምስ ኣቶ ደበሱ ኣበበ፣ ደራሲ መን ይንገር፣ ዝነበረ።


እዚ ከም መበገሲ ናይቲ ጉዳይ ድአ ኮይኑ እምበር፣ ብዝያዳ ንምፍትሑም ዘቀላጠፎስ፣ ሓደ ውልቀ ሰብ፣ ብ17 መጋቢት 1980፣ ናብ ፍቕረ ወልደትንሰኣ ልመና ስለዘቕረበ፤ እቲ በዓል ስልጣንነውን ኑቲ ብዓበይቲ ዓዲ በብእዋኑ ክቕርብ ዝጸንሔ ልመና፣ ዝተኣስሩሉ ኩነታት፣ ዘስዓቦ ቅርሕንትን ብዝርዝር ተጻሒፉ ምስ ቀረበሉ፣ ናቱ ደገፍ ወሲኹ ንክፍትሑ ዚምስክር ጽሑፍ ንመንግስቲ ስለዘመሓላለፈ ድሕሪ ብዙሕ ማእሰርትን ስቓይን መስተርሆት ተረኽበ።[78]

መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ነባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ምስ ብጾቶም፣ ብዘይ ገለ ፍርዲ፣ ንሽዱሽተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ኣሲርዎም ጸኒሑ፣ ብ1981 ናጻ ምስ በሎም፣ ኣብ መጨረሽታ ኀሾሎም ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ዝወጹ ዝነበሩ፣ ርእይቶኦም ክህቡ ሓለፍቲ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ሓቲትሙዎም ነይሮም። ኣባ ኣጎስጢኖስ ካብ ማሕቡስ ናጻ ምኻኖም ዝገልጽ ዝተዋህቦም ወረቀት፣ መኣስ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝኣተዉን፣ መኣስ ከኣ ካብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝወጹን ጥራይ ዝሕብር ከም ዝነበረ ምስ ረኣይዎ፣ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ሓቲቶም ነይሮም፤

“ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ካብ ማሕቡስ ንወጽእ ኣሎና፣ ኣብዚ ተዋሂቡና ዘሎ ወረቐት ከኣ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝኣተናሉን ንወጽኣሉ ዘሎና ዕለትን ጥራይ ኢዩ ተጻሒፍዎ ዘሎ። እዚ ገበን ስለዝፈጸሙ ተኣሲሮም ነይሮም ዝብል

[78] . Ibid


የብሉን። ብምንታይ ምኽንያት ከም እተኣሰርና ዘይንገረና፣ ምኽንያቱ ከኣ፣ ገበና ስለዘይፈለጥና ሕጂ'ውን ከይን ደግሞ እሞ፣ ካልኣይ ጊዜ ከይትኣስሩና” ዝብል ሕቶ ኣቕሪቦም። እንተ ኾነ፣ “ካብ ቤት ማእሰርቲ ውጻእ እንተ ተባሂልካ፣ ስቕ ኢልካ ምውጻእ ኢዩ ዝግባእ” ዚብል ንሕቶኦም ዘየርዊ መልሲ ጥራይ ተዋህቦም።



ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ድሕሪ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምውጽኦም 1985 ምስ ር. ሊ. ጳጳሳት ዮውሓንስ ጳውሎስ 2ይ ኣብ ዝተራኽብሉ።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ፣ ከም ገዳማውን መነኮስን መጠን፣ ጸሎተይና፣ መኽበሪ ሕጊ ማሕበር፣ ጊዜኦም ኣብ ምስትምሃርን ምጽናዕን፣ ዘሕልፉ፣ ብዘይጠቅም ጊዜኦም ዘየባኽኑ፣ እዮም ነይሮም። ካብ ቤት

ማእሰርቲ ምስ ተፈትሑ፣ በቲ ናይ ሽዱሽተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ማእሰርቲ፣ ዘስዓበሎም ሕማም፣ ብዙሕ ጥዕና ስለዘይነበሮም ዕርፍቲ ንኪኾኖም ብማሕበር ንዓዲ ጣልያን ኪኸዱ ተወሰነ።



ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ድሕሪ ካብ ማእሰርቲ ምውጽኦም ምስ ተጋዳላይ ሰብሓት ኤፍረም ኣብ ቤርጋሞ ዓዲ ጣልያን ኣብ 1985።

ኣባ ኣጎስጢኖስ ቅድሚ ምእሳሮም ነቲ፣ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ንቑንቑን ባህልን ኤርትራ ንምድኻም ዝግበር ዝነበረ ጻዕሪ ንምቅላስ፣ ብፍላይ

ከኣ፣ ነቲ መልክዑ ቀይሩ ብቋንቒ ኣምሓርኛ ንኽብለል ወይ ንክዕብለል ተፈሪዱ ዝነበረ ቋንቒ ትግርኛ ንምድሓን፣ ሓደ ካብቶም ዓቕሞም ብዘፍቅዶ፣ ብዘይ ዕርፍቲ ይቃለሱ ምንባሮም፣ ኣቀዲምና ርኢናዮ ነይርና። ኣብቲ ብዋሕዲ ጥዕና ኣብ ዝሳቐዩሉ ዝነበሩ ጊዜ፣ ድሕሪ ምፍትሑም'ውን ከይተረፈ፣ ፍልጠቶምን ናይ ቋንቋ ትግርዐ ክእለቶምን፣ ንሕዝቦምን ሃገሮምን ከውርስዎ፣ ዓቢይ ናይ ትግርኛ መዝገበ ቃላት፣ ብዙሓት ሊቃውንቲ ከይተረፉ ትጽቢት ዝገበርሉ፣ ኣብ ምስንዳውን ቃላት ኣብ ምእካብን ከለዉ፣ ሕማም ስለዝ በርትዖም፣ ብ20/09/ 1989 ናብ ሃገሮም ተመሊሶም።

"ምስ ምሉእ ጥዕናኦም ከለዉ ዝፈልጦም ዝነበረ ሕዝብን ቤተ ተሰቦምን፣ በቱ ወሪድዎም ዝነበረ ሕማም ሰንቢዶም፣ ይጉህዩኺ እንተነበሩ፣ "ሰብ ዘይረኽቦ ኣይረኽበንን፣ ብኣይ ኣይትሕዘኑ" እናበሉ ተመሊሶም የጸናንዑ ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ምስ ኮሎም ደቂ ማሕበሮምን ቤተሰቦምን ተፋንዮም፣ ኣጋ ሰዓት ትሽዓተ ቅድሚ ቀትሪ፣ ግቡእ ምስጢራት ቤተክርስቲያን ድሕሪ ምቕባሎም ከኣ፣ ብ26/11/1989፣ ኣብ ቤት ሕክምና ኢናእል ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ብህዱእ መንፈስ ዓረፉ። ብ27/11/1989 ኣብ መካነ መቓብር ቤት መኻእ ሓመድ ኣዳም ለበሱ።[79]

[79]. ትምጻእ መንግስትከ ቁጽሪ 51፣ 1990፣ ኣስመራ፣ ገጽ55።

ኣባ ኣጎስጢኖ ተድላ፣ ሞይቶም ምስተባህለ፣
ኣፍቃሪ ካህናት ባሻይ ሃይለ ኣስገደ በዓል ኣውህነ፣
ከምዙይ እናበሉ ኣልቀሱ፣

ወየ ወየ ነቒልካ'ዶ ዳሕራዋይ ሓዋርያ፣

ወዲ ተድላ ወዲ ብዓል ቅያ፣

ጸብጺበ'ኳ ኣይውድእን ናትካ ሞያ፣

ንቤተ ክርስቲያን ነበርካ ዋርድያ፣

ብብሉይን ብሓድሽን ጌርካ ሰበኽካያ፣

ኣናዚዝካ ቅዱስ ቍርባን ፈትፊትካ ሃብካያ፣

ካብቲ ደሙ ገቢርካ ኣኻፍያ፣

ንዓለም'ዶ ተጋዲልካ ኣሕለፍካያ፣

ጸብጺብካ ኣይውዳእን ናትካ ቅያ፣

ተግባርካ ልክዕ ከም ናይ ክርስቶስ ኢያ፣

ነቒልካ'ዶ ኣንታ ሓዋርያ፣

'ዛደይ ማርያም ሓሲባታ ዘላስ እንታይ ኢያ፣

ብኻልእ ኣይኮነን ወዳ ደኣ ደልያ፣

ኣብ ሰማይ ምስ ከድካ ጸብጺባ ድኻምካ

ክትህበካ'ያ ዝበዝሄ መሃያ፣

ኢየሱስ ከኣ ክህበካ ኢዩ ዝለዓለ መዳልያ፣

መስቀል ዝብረቱ፣ ጥይቱ መቕጹጸሪያ፣

ኬድካ ዲኻ ሰዓብ ክርስቶስ ሓዋርያ፣

ሞያ ናትካ ኣነ ሃይለ ኣስገደ ከመይ'ለ ክጸውያ፣

ዝተዛረብኩ ተዛሪበ፣ ሕጂ ፈጺመያ።[80]

❁❁❁

ኣባ ጠዓመ ገ/ዮውሓንስ ጸጋይ

C. 916, 1501

TIN 19, 240, 736

[80] . Ibid: P. 56.